ሐደ፡ዛንታ።

ብ ተ መ ሃ ራ ዮ ም

አባ ገብረየሱስ ኃይሉ ዝደረሱም ።

ቀዳማይ ኅታም ።

ቤት ማኅተም ጴጥሮስ ሚላ ። አ ሥ መ ራ ።
ፕ ዜ ደ ሜ ዳ ፡ ም ።

P. 5731-500880-9 - Silla - Asmara.

ሐደ፡ዘገጸ።

ብተመሃራዮም

አባ ገብረየሱስ ኃይሉ ዝደረሱም ።

ቀዳማይ ዕትም ።

ቤት ማኅተም ጴጥሮስ ሚላ ። ኣስመራ ።
፲፱፻፶፬ ዓ፡ም ።

WP. 5731-500B80-9 - Stila - Asmara.

መተአታተዊ ።

እዙ ሓደ ዛንታ ተብሂሱ ዚኣተም ዘሎ መጽሓፍ ፣ ቀደም ወዲ ፲፰ ዓመት እንከሎኹ ንትምህርቲ ቢለ ዓድ ጣልያን እንክኸይድ ፣ ባሕሪ ኣናተሳገርኩ ዝተ ሰምዓኒ ጦብላሕታን ፣ ምሳኡ ድማ ናይ እቶም ተ ዓስኪራቶም ዚሳገሩዎ ዝነበሩ ኣኅዋተይ ዘለዓለለይ ዝኽርን ዚገልጽ እዩ ። ብዙይ ዝመጸ እዩ እቲ ስመ ይ'ውን ከም ብ'ቲ ንኡሰይ ዝነበረኒ ዝገደፍኩዎ ። ኣጸ ሓሕፉ ናይ ንኡስ እዩ ፣ ናይ'ቲ ብሻዕቲይ ዕድመይ ዝነበረኒ ናይ ዓሌተይ ሓሳብን ሓልዮን እንከስተው ዕል ግን ንእግዚኣብሔር ከመስግን የለዓዕለኒ ። ክሳብ ሃዚ ሰኣን መጋበሪ ከይተኻትመ ጸኒሑ ፣ ሎሚ ግን ብሰላ እቶም "ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣንድነት ማኅበር" ኣቐዲሞም ብዘለቕሑኒ ገንዘብ ይኅተም ኣሎ ። ንኣኣቶም ከስ ምስጋናይ ይብጻሓዮም ።

ከማኡ ድማ "ናይ ሃፀይ ቴዎድሮስ ቅትለተ ርእሱ" ዘርእስቲ ትራጀዲ ዚበሃል ብ፲፮፻ (1600) መስመር ግጥሚ ዝቐመ ብቲ እዋን'ቲይ ዝደረስኩዎ ኣሎ ። ንሱ ድማ መዓልቲ ይጽበ እዩ ። ነቲ ምእንቲ ሃገሩ ተዋጊኡ ፣ ርእሱ ንነዲ ዚሠውዕን ፣ ነቲ ምእንቲ ጓና ቢሱ ባሕሪ ተሳጊሩ ኣበኡ ተቐቲሉ ዚመውትን ኣፈላ ላይ ልቢ ዘሎዎ ዝኽነ ኣጸቢቑ ከነጻጽሮ ምኽኣለ ።

ደክቶር ኣ. ገ. ኃይሱ

ሓደ ዛንታ ።

‹ኣበየ ኣደየ መርቑኒ ትሩቡሊ ዶ መሲሉኒ› ቢሉ ኣብ ቅድሚ ወለዱ ተምበርኪኹ ነበረ ። ጥርቡሹ ብሓደ ወገን ኣቑሚጡ ሓመ ይዳዋ ዝዓይነቱ ክዳን ተኽዲኑ ዕራርዋይ ቅናት ተቐኒቱ ፤ ካብ ኩሮኹሮ እግሩ ክሳብ ሓለኺቶኡ ክንዲ መጽዓን ዝምግሩሑ ፤ ወርኰ ዝሞስል ጨርቂ ጠምጢሙዎ ነበረ ። ወለዱ በዓቢይ ምድ ፍናኽ ቃል ምውጻእ ተሳኢኑዎም ወዶም ተኽዲኑዎ ዝነበረ ርእዮ ምዎ ዘይፈልጡ ክዳንን ዕጣኽን ቀው ቢሎም እናጠመቱ ከምዙ ዝተዓንዘዘ ሰብ ዘረባ ስኢኖም ነበሩ ። ክልቲኣቶም ደጊም ኣሪጎም እዮም ፤ እቶም ሰብኣይ ኣብ ሰብዓኣምኾ እተን ሰበይቲ ከዓ ኣብ ስሳን ኃሙሽተኤንን ኣቢለን እየን ። ሻዑ ዝረኣዮምንከ ፤ ገጻቶም መጽሊዉ ኣዕይንቶም ኣንከሊሉ ኣራእሶም ዓቢሩ ነበረሞ ፤ ዓዓሠ ርተ ዓመቶም ኣቢሎ ምወሰኽም ። ሓደ ወዶም ንሱ እዩ ፤ እዙይ ማለተይ ከዓ ሓደ ንኣኡ ጥራሕ ወሊዶም ማለት ኣይኮነን ፤ እንተ ኾነስ እቶም ካልኦት ደቆም ኣበይዝጊ ተቓጸጽዎም ፤ ካብ ፪ ደቂ ንሱ በይኑ ተረፍም ። ንሱውን ትውልድ ምስ ኣበለ ክመውት ቅሩ ብ ተረፋዎ ነቢሩ እዩ ፤ ኣዲኡ ጌና ኣጸቢቐን ከይጸረያ ሳምንተን ከይወድኣ ኒዘንኡ ናብ እንዳ መድኃኔ ዓለም ከዳሞ ኣብ ውሽጢ ክእትዋ ክንዲ ዘይከኣላ ኣብቱ ቕጽሪ ኾይነን ንወደን ኣብ ክልተ

እዙ ዝርኤ'ኪዮ ነገር ናይ ደቅ'ኺ ምሳሌ እዩ ፤ ኃሙ'ሽተ ሞት ዓጸ ደቶም ፤ እዙ ዝተረፈ ግን እተ'ኵበልኪ ኣለ'ኹ ። እነ እቱ ዝተማኅ ጸንክኒ መድኃኔ ዓለም እየ› ቢሉወን ተሠወረ። ብታሕጓስ ብር ቢለ ን ነቐሓ ወዮ· አብ ሕቑፍኤን ዝነበረ ዕሸል በ'ኽየ ፤ ክእብድኦ ቢለ ን አቐርብ እንተበላሉ እውን ቀደም ጠብዩ ዘይፈልጥ ዝነበረ ንጡ ብ 'ኒዙ ጸባ ጐርጓዕ ጐርጓዕ ኣበለ ፤ እኖኡ ብታሕጓስ እናነብዓ "ሓዊ'ክለይ ኢ'ኺ ወደይ ምዓረይ ኢየሱስ ተ'ኽ·ቡለይ እዩ ናተይ ኢ'ኺ„ እናበላ ስሚመን ምጽጋብ ሰኣንኡ ። ቁልዓ እንክብቱይ ንደ ኃር እናነሸ 'ኽደ ጸባኡ እናጠበወ እውን ተው ቢሉ ሀጠረ ። ክጥ መቕ ምስ ወሰዱዎ እውን እኖኡ ትኳበ መድኃኔ ዓለም ቢልኩም· ስመዩለይ ፤ ኢየሱስ ዝጸደቐለይ ቁልዓ እዩ በላሞ እዙ ሽም አው ጽኡሉ ። ወለዱ· ግን· ሀብተሚካኤልን ተክለን ይበሃሉ ።

ትኳበ መድኃኔ ዓለም (ወይ ከዓ ትኳበ ኵሎም ከምዝብሉዎ ፤ ከመይሲ ከም እትፈልጡዎ ሕዝቢ ብዝከኣሎ ስም ክጐርድ እዩ ዝጽ ዕር) አብ ዓዱን አብ በረኻን አብ ባሕሪን ክብል ግርም ዝ'ኽነ ገ·በ ዝ ከይኑ ዓበየ ፤ ብጠበዩ ንሱ ፈታው ሰብ እዩ ፤ ንእኖኡውን አብ ክሳደን ክልቴኡ አእዳዉ አመኃላሊኖ እናጠመረንን እናሰዓመንን አደዋ አደይ ምዓረይ ብዝብል ጥውምን ልዙብን ቃልውን እናጸ ውዔንን ፍቕሩ ይገልጸለን ነበረ ፤ ንአቦኡውን ከማኡ አብ ትሕቲ ጋቢኦም እናኣተወን ዝበሉዎ ዝ'ኽነ እናተላእከን ናይ አባሓጎታቱ ኣስማት እናተማህረን ፍጹም ደስ የብሎም ነበረ ፤ እቱ ደጊም አብ ምዕራቡ አቢሉ ዝቐርብ ዝነበረ ፀሐይ ንቱ ወጋሕታ እቱይ በል እስኪ ወደይ ወዲ መን ኢ'ኻ ፤ ቢሎም እንክጥይቑዎ ፤ ወዲ ሀብተ–ሚካኤል ቢሉ እንክምልሰሎም ክብኡ 'ኽዓ እናወሰኹ· ሀብተ–ሚካ

ኢደን 'ኒዙን አዕይንተን ንብዓት ቅጽር እናበሎ ‹ አ ኢየሱሰይ አ መድኃኔ ዓለም ኣበይ ክሳብ ሎሚ ዝወሰድካለይ ደቀይ ይእ'ኽሉ'ካ አነ ደጊም ንስ'ካ ከም እትርእየኒ ኣሪገ እየ ድኅሪ ሎሚ እውን ወለደ ዝ'ኽእል አይኮንኩን ፤ ሎሚ 'ኽስ አ ኢየሱሰይ ርኅሩኅ እዙ እንከ ወዲ እዙይ ንአይን ነቦኡን ምስ ኣረግና ደገፍናን ምርሑስ ናን ክ'ኽነና ዓይንና እውን ንኣኡ እናረአየ ክጸግብ ንዙ ወዲ እዙ ይ ክተ'ኽበለይ እልምነካ አለ'ኹ › እናበላ ተመባጽዓ ጸለያ። ጸሎተ ን ምስ ወድአንከ ሓራስን ዘይጥዕይትን ክንዲ ዝነበራ ልቢ ወላዲት እውን ከምተፈልጡዎ ፍጹም ተደፋናቒ እዩሞ ፤ ኵሉ'ኵሉ ተአ'ካ 'ኺቡ ንልበን ሰልሃው አቢሉ አድኪሙ ጥልም አበለንሞ ዓወላ ። ጽንሕ ቢለን ልበን ድኅሪ ተመሊሱወን ደጊም ንወደይ አድኂነዮ እየ ብዝብል ጽኑዕ እምነት ገፈፍ ክብላ ገዛአን ተመልሳ ፤ አበኡ ቀሩብ ድኅሪ ተዓንጊለን ድቃስ ጠሊሙወን ጎቦ 'ኸና ፤ ንወደን ከዓ ምሳኤን ጭብጥ አቢለን አብ አፍ ልበን አልገባአ ። ከምዙይ ቢለን እንከለዋ ሓለማ ፤ አብ ሓደ ጽቡቕ በረ'ካ ዝነበራ ይመስለን ነበረ ፡ ክ'ኽዳ ክ'ኽዳ አብ ሐደ ቓድራ በጽሓ ፤ አበኡ 'ኽድ'ሽተ ግርም ዝ'ኽ ነ ሐዎሐዎ ዝብሃል ዕምባታት ንፋስ ነነው ክብሎ ረኣያ ፤ ክንደይ ዝጽብቕ ዕምባታት እዩ ቢለን ናባኡ ምስ ቀረባ ፤ ሐንቲ ዘይትርኤ ኢድ ዝኃዘታ ማዕጽድ ንታ ሐንቲ ዕምባባ ቅንጥብ ከተብላ ረኣያ ፤ ገሪሙወን ክቋመታ እንከለዋ ወያ ማዕጽድ በብሐደ ንተን ዝተረፋ ኃምሽተ ቈረጸትለን ፤ ናብታ ሳድሰይቲ ምስ በጽሔት ግን ወስ ምስ አበለት ፤ ሐደ ዘይርኤ ሰብ ንየው አርጎቕ አበላ 'ካልኣይ ጊዜ ምስ መጸት ከምኡ ሣልሳይ ከምኡ ፤ እንታይ ኮን እዩ ነገሩ ቢለን እንክሐስባ ሐደ ብርሃን ዝተ'ኽድነ መልክዔይና ሰብኣይ ተራእየን ፤

በቱ ጊዜ እቱይ ደም ሓበሻ ክንጽፍፍ ቢሉ ዝተንሥኤ ውግእ ትሩቡለ ዝተባህለ አብ ህየለ ገኒኑ ነበረ፤ በቱይ አጉባዝ አብ ጓይላ ኽይኖም ጓል ይኹንየ ጓል ይኹንየ ልብያ ዘይከደ ጓል ይኹንየ እናበሉ እንክደርፉ፤ ሓድሓደ ርእሶም ኣልዕል ከብሉ ዝደ ለዩ ዘኽላላት ቄልዑ ኽዓ «ትሩቡለ ትሩቡለ ክዓብየልኪ ጽንሕ በሊ» እናበሉ መርዚ ዝኽነ ደርፍታት ይደርፉ ነበሩ። ትኳበ ንዙ ኹሉ ይሰምዕ ነበረ፤ ብዘይ መጠን በሊሕ ኣእምሮ ነበረሞ፤ እዙ ያትስ እንታይ ኮን እዩ እናበለ ይሓስብ ነበረ፤ ክብል ክብል ኣብ ከምዙይ ዝመሰለ ጊዜ ተወሊዱ በብቕሩብ እዙ ሓሳባት እዙይን እዙ ደርፍታት እዙይውን ኣብ ልቡ ተጠልሒሙዎ ኮተት ኮነ። መሸም ብንእሽቶኻ ኣትኒዝካ ዝሰማዕኳዮ ነገር ወትሩ እናጎደረ እዩ ዝስቄረካ እሞ፤ ንሱ ተዓስኪሩ ልብያ ክኽይድ እሞ ኣባኡ እናተ ዋግኤ ዓቢይ ጋጥግንነት ክገብር ጽሩይ ስምውን ከጥሪ ወድኡ። አብ ዙ ኹሉ ብሐደ ጊዜ ዘብጽሐ እንከ ኣባኡ ውግእ ኽምዝነበረ ብም ስማዕ እዩ፤ እዙይ ከዓ እንካብቶም ሓደ ጊዜ ቅሩብ ዕርፍ እንተበ ሉስ "ጐይታየ በኂዕና፤ በዣኻ ውግእ ኣውርደልና" እናበሉ ዝም ሀለሉ ዝነበሩ ህንጡያት መኳንንቲ ኢትዮጵያ ዝተወልደ ምኽኑ ከይተርፎ እዩ፤ ናይ ብመላእ ዓጽሚ ኢትዮጵያ ዝምበሌ ድኣ ኣይኮ ነን። ካብቱ መዓልቲ እቱይ ንደኃር ክስ ቅሩብ ይዛረብ ነበረ፤ ጸሊ ቹ ኽይተራእየ ዝኽደሉ ምችዊ ጊዜ ይጸናዱ ነበረ። እኖኡ ሓደ ነገር ከምዝሐሰበ ፈሊጠን ብዙኅ ጊዜ ጠየቕኦ፤ ንሱ ግን «እንታይ ኢኺ ትብሊዮ ኣቲ ኣደ ዘይ ከም ቀደመይ እየ» እናበለ የጣፍኡን ነበረ አውራ ግን ንቱ በሊሕ ኣብ ውሽጢ ልቢ ሓሳባት ዝርኢ ኣዕይንትን ከይጓነፎ ንኣዕይንቱ የማነ ጸጋም ዘወርወር የብሎ ነበረ።

ሐደ መዓልቲ ኽስ ስድራኡ ደቂሶም እንከለዉ ብለይቲ ጸረው ቢሉ ከይዱ ተዓስከረ፤ ናይ ወለዱ ስምባድን ኃዘንን ከዓ ውሉድ ዘሲ ዎን ወላዲ ዘለዎን ዝኽነ ይሕሰቦ። ሐቂዶ ክኽውን ይኽእል እዩ እዙ ነገርዙይ ቢሎም መዝመርያ ምእማን ሰኣኑ፤ ነብዉ ኣስቄን ቹኑ ለመነ ኩሉ ኽንቱ ኽነ፤ ጣልያን ኣያ ኃውቱ ዝድንግጽ ልቢ ኣይተዋህበን እሞ፤ ሓደ ጊዜ ኽቲብናዮ ኢና ቢሉ ኽልኦም፤ ትሩቡለ ክኽይድ ምስ ተባህለ ከዓ ይዋኣት እዮም ቅድሚ እታ ምንቃሉ ድኣ ንታ ንዓይንና ክንርእዮ ቢሎም ገራፍ ክብሉ ከዱዎ፤ ከምቱ ኣብ መዝመርያ ዝረኤናዮ ኽስ ንሱ ምርቓ ወለዱ ይልምን ነበረ፤ ንሳቶም ብዘይ ዘረባ ኃያል ጊዜ ድጎሪ ጸኒሖም፤ "ካንዶ ወደይሲ ገዲፍካና፤ ድራር ዓይንናን ተስፋናን ዝነበርካ አዘኽቲም ካናዶ ክትኽይድ ደለኻ ዓስከር ወዲ ጓና ኽይንካ ኣይ ንዓድኻ ኣይ ንርእስኻ ክትጥቀም ዶ ባሕርታት ክትሳገር ዓጠቕካ እንታይ ምስ ስኣንካኽ ኢኻ ኪድ ወደይሲ ድላይ ኣበይዝጊ ኽይኑ እን ታይ እሞ ይግበር፤ ንሕናን ከዓ እንታይ ክንብለካ ኽይንና ብድሐን ተመለስ ኣበይዝጊ ብርኪ ሓጺን ይትክለልካ፤ ንሕና ደጊም ኣሪግና ኢና ምስዙ ኃዘን እዙይውን ክልተ ዓመት ተጸቢና ንኽእል አይ ንመስልን፤ ኣበይዝጊ ኣብ ዕረፍቱ ክጽውዓና ይኽውን፤ ንሕና ከም ብሐዲስ ንዓይንና ክንርእየካ ምደለና ግን ፍቓዱ ይኹን,, በሉዎ፤ መሪቆም ድጎሪ ስሚሞሞ፡ ጌና ኣጸቢቕም ከይተሰዓዓሙ እቶም ኃለቓታት መንዚያም ወሰዱዎ፤ ንሱ ንብዓት ዘረብረብ እና በለ ክኽይድ ምስ ረኣያኡ እኖኡ ዓዊለን ክወድቃ ሰንደል ምስ በላ በዓል ቤተን ተደገፉወን፤ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ኩሎም ተደናፈቕም ንብዓቶም ምዕጋት ሰኣኑ "ኤሀ ድሓን አይትእቶ ከመ

ይ ዝበለ ወዲ እዩ ንዘም ኣረገውቲ እዚኣም ገዲፉ ዝኸይድ„ እና
ብሉ ረገሙዎ ፤ ንሱንከ ግልጽ ቢሉ ውድቀት እኖኡ ድጎሪ ርእዩን
ዝርገሞ ዝነበረ ምስ ሰምዒን ምድረ ሰማይ ጽልምት ቢሉዎ ንቕ
ድሚት ኣቢሉ ሃደመ ፤ ሽብቱይውን ኣብ ጽፍሩ ኪኣቱን ወይ ከዓ
ምድሪ ሃህ ቢላ ክትውጎጠን ኣይምጸልኤን ። ኣቦኡ ግን ኣይትርገ
ሙለይ ፤ በዝኾትኩም ኣይትርገሙለይ ፤ መርቑለይ ድኣ እንተኸ
ኣልኩምሲ ቢሎም ንቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ለመኑ ፤ ንእኖኡ
ውን እቱ ምዕዋል እቱይ ኣድኒኑወን እንተዘይኸውን ካብዙ ወደን
ዝርገሞ ዝነበረ ዝመርር ቃል ክሰምዓ ኣይምኸኣላን ፤ ይፈትውዎ
እንድዮም ፤ ጣልያን ናይ ዝወሰደሎምሲ ጌና ትኣበ ወዶም ዶ
ኣይኮነን ። እንካብቱይ ተላሚሎም ገፈፍ ክብሉ ንዓዶም ተመ
ልሱ ፤ ናብ ገዛ ድጎሪ ኣትዮምውን ከምዙ ሰቡ ቑቢሩ ዝምለስ እሞ
ኣብቱ ገዛ በይኑ ምስ ኮነ ከም ብሓዲሽ ኣግዲዱ ዘብክዮ ፤ ከማኡ
ንሰቶም ኣብቱ ገዛ ምስ ተመልሱ ግስም ቢላ ጸልማት ምስ ረኣዩዋ
ኣብ ብኽያቶም ኣተዉ ፤ መሪር ሓዘን ተሰምዖም ካብኡ ንደጎር
እንከ ለይቲ ምስ መዓልቲ ንብዓት ኮኑ ንሱ ቑለቦም ።

ፈነዋ ዓስከር ።

ኣሥመራ ኣብ ዝባን ሓማሴን ኣብ ለጥላጣ ጎልጎል ዝተሰጥ
ሔት ከተማ እያ ፤ ኣብ እንዳ ራስ ኣሉላ ከይኑ ንዝረኣያ ሰብ እውን
ውቅብቲን ምጭውቲን ክተማ ኸይና ትረኣዮ ፤ እሞ ብሐቂ ጣልያን
ክብ ዝኣትውዋ ግርም ከይና እያ ሕንጻታታ ጽቡቕ ፤ መገድታታ
ትኽ ዝበለ ብየማኑ ብጸጋሙ እውን ገሊኡ ኣእዋም ዝተተኽለ
እዩ ። ሐደ መዓልቲ ኣብ ኣጋ ረፍዲ ኣቢሉ ናብ ምጭም በቡር

ዝወስድ መንገዲ ብዙኅ ሰብ ይትኃላለፈሉ ነበረ ። — እንታይ ኤ
ሊዩ ኸይኑ ኣንታ ሎሚ ክንዲ ጸጉሪ ርእሲ ዝኸውን ሰብ ንየው
ኣቢሉ ዝጎልፍ ፤ ቢሉ ጠየቐ ሓደ ሰብ ንቱ ምሳኡ ዝነበረ ። —
ሎሚ እንድዮም እቶም ዓስከር ንትሩቡሊ ዝወርዱ ። — ኣረግ በል
እስኪ ንዓናይ ንርኤ ። — እንታይ ክንርእየሉ ኃዝንን ብኽያትን ኣውያት
ንዶ — ክንርኢ ክንከይድ ቢልካና ይበሃሃሉ ነበሩ እቶም ክልተ ሰብ ።
እሞ ብሐቂ እቱ ትርኢት እቱይ ርእዩ ዘይደናፈቕን ዘይበኪን ሰብ
ኣበይዝጊ ዝደናፈቕ ልቢ ኣይፈጠሩሉን ። ኣብቱ ጥቓ ምዕራፍ ባቡር
ሰብ ጭክጭክ ምስ በለ እዩ ፤ ኣብ ማእኸል እቱ ሕልኽልኽ እቱይ
ሰቦም ደልዮም ዝጻውዑን ቀቢጾም እውን ኣብቱ ማእኸል ሕዝቢ
ቃህመም ቢሎም ዝተርሩን ነበሩ ፤ ሓደ በቱ ሓደ ወገን ሰቡ ምስ
ዝርኢ ከይጠፍኣ ቢሉ ናብኡ ክጐዩ እሞ ክንደይ ሰባት ክደፍእን
ክረግጽን ኣብ ማእኸሉ ኸዓ ጸርፍን ብኽያትን መርገምን ምስማዕ
ንልቢ ዝተፈጥሮ ሰብ ፍጹም የደንግጸ ። ገሊኡቶም ይዋኣት እዮም
ዝብላዕን ዝስተን ጎዞም መጺኡም ንሰቦም ይደልዩ ፤ ኣብቱ ደረት
ብጽሕ ቢሎምውን እቱ ክንድቱይ ሰብ ምስ ረኣዩ ከመይ ኣቢልና
ክንኃልፍ ቢሎም ተስፋ ቑቢጾም ደው ይብሉ ፤ ሓደ ክልተ ኸዓ
ሻው ክራኸቡ ቢሎም ብጉያ ዝመጹሞ ፤ ጊዜ ኸይኃልፎም ቢሎም
ጥሒሶም ቅሩብ ክሓልፉ እንተፈተኑ ኣብኡ ዘለዉ ዛብጥያታት
ብዃርማጋ (ብዃርማጋ እዉ ኸም ኣእዳግ) መልጢጦም ለምጢ
ጦም የባርሩዎም ። በቱ ሓደ ወገን ብማዕዶ እንተደኣ ተራእዩ ብም
ልክት ሰላም ክበሃሉን ክላበዉን ክማራረቑን ትርኢ ፤ መሸም ኣው
ራ ህውከት ዘብዝኃ ኸዓ እተን ጸለምቲ ማኪናታት እየን ። ከም
ጠምዩ ብልዒ ደልዩ ዝንቂ ኣንበሳ ፤ ንደቂ ሓበሻ ውጎጥ ኣቢለን

ዘም ዝበልናዮም ትኳበ ሃብተ-ሚካኤል ነበረ ። ኣቑጽልቲ ዓዶም ኣዋሊዕን ኣጻሕድን ቁላቑልን ካብ ዓርበ-ረቡዕ ክሳብ ነፋሲት እምበትካላ ድጎሪ ርእዮም ኪነውጹ ጊንዳዕ ኣቢሎም ክበጽሑ ንቑጽ በረኻ ተቐረቦም ፤ ድሪት ጓል ኣብያ በቱ ምድረ በዳ ዝመስል በረኻ ባሕሪ ዕንድር ኣምሲያ ኣማስያኡ ናብ ምጽዋዕ ደበኽ ኣበለቶም ።

ድሪት ማለት ጸላም ባቡር ማለት እዩ። ቑላይ ባጽዕ ትኪ ክመስል ጎብሩ ብግሚን ብዒግታን ተጐልቢቡ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ለጥ ቢሉ ተራእዮም ። ሻቡ ትኳበ እሞ እቶም ከማኡ ዝበሉ መዝመርያ ዓመቶም ዝወርዱ ዝነበሩ ባሕሪ ብምርእይ ዝገረሞም ግርማ ክንገር ኣይክኣልን ። እሞ ብሓቂ ባሕሪ ንመዝመርያኡ ዝርእዮ ምስትንክር ነገር እዩ ፤ እቱ ሻው ዝስምዓ ካስ ምዕቃኑ የድልዮ እምበር እቱ እትትርኽሉ ሰብ ክርድኦ ኣይክኣልን ። ለጥላጣ ፤ ስፍሪ ዘይቢሉ ፤ ሓደ ዝጎብሩ ሚዳ እዩ ፤ ብምስትን ብምጕሓትን ክትርእዮ ሓመዅስታይ ፤ ብቑትሪ ክትርእዮ ግን ትትያ ዝመስል ለምጺ ። ኣብ ቅድሚ እቱ ራእይ እቱይ ልብኻ ዝሓስበ ኣይፈልጥን ከምዙ ብሕልሚ ሓደ ጽቡቕ ነገር እትርኢ መሲሉካ እውን ሀነን ኢልካ ትተርፍ ፤ ሻቡ ዘይንገር ሓሳባትን ድላ ያትን ንነፍስኻ ይጎድሮ ፤ ክትውስኖ ዘይትኽእል ሓደ ሀረርታ ይስ ምዓካ ፤ ጐዲኻ ምንጣር እሞ ናብቱ ጌጽ እቱይ ምጥሓል ዩ። ሄ... ፍርሂኽ ናበይ ክትኸይድ ፤ ነፍስኻ ተናዊጹካ ድላይ ብኽያትን (እን ታይ እሞ ክብለኩም) ድላይ ስሓቕን ብሓደ ይወርሰካ ፤ ንዙ ኽም ዙይ ዝጽብቕ ነገር ዝፈጠረ ኣምላኽ ከመስግን እውን ልብኻ ናብ ሰማየ ሰማያት በሪሩ ሓፍ ይብል ። ሻቡ እዙይ እዩ ክትብሎ እት ኽእል ተድላንክ ንኣይ ከምዝመስለኒ ኣበኡ ኽይንካ እቱ ባሕሪ ዘይ

ኒዘን ካብ ዓዶም ሃው ምባሎም ተረቢጸን በቱይ ይፋጽያ በቱይ ደርጎዕጎዕ ይብላ ፤ በቱይ የእውያ ፤ ገሊኣተን ኣንስቲ ኽዓ በቱ ሓደ ወገን ከይነን ‹ባቡር መጸት ትኪ ተኽዲና ፤ ጓል እኖኻ ትብኪ ደኒና› እናበለ ዘብኪ ደርፊ ይደርፉ ። መሸም ኣብ የማነ ፀጋሙ ንቱ ምቕ ም ባቡር ሰብ ጭክጭኽ ምስ በሎ እዩ ፤ ኣብ ማእኽል እቱይ ገሊኣ ቶም ኣውያት ገሊኣቶም መልቀስ ይጋምሩ ነበሩ ፤ እዙይ ዘይበሃል ዕግርግር ነበረ ። ድጎሪ ቕሩብ ወዮም መኳንንቲ ጣልያን ገፈፍ ክብ ሉ መጹ ፤ ምንቃል ቀሪቡ እዩ ቢሉ ወዮ ሰብ ሻቡ ኣብዚጎ ኣዕገ ርገረ ፤ ሻቡ ዛብጥያታት ምውቃዕ ተላመዱ ፤ ሻቡ «ኡእታን ዋይ ታን» በዙይን በቱይን ኮነ ፤ ብዙኃት ሰባት ተረግጹ ፤ ብዙኃት ኣን ስቲ ወዲቐን ዘልዕለን ሰኣና ፤ ድጎሪቱይ ኃሙሽተ ደቂቕ ከይጸን ሑ መለኽት ሩምሩም በለ ወዮ ሰብ ከም እምኒ ኽይኑ ንቕሩብ ጊዜ ተዓኒዱ ሱቕ በለ ፡ እቶም ዓስከር ናብ ባቡር ክድይቡ ምስ ዝመሩ ከም ብሓዲስ ወዮ ሰብ ተሃውከ ግን ንቕሩብ ጊዜ ኾነ ፤ እቱ ሐጹር ጎጺን ተዓጽወ ባቡራት ፈጽ ፈጽ በላ በብቕሩብ እው ን ሰለል ሰለል እናበላ ከምቲኣቶም ዝመሰሉ ኣጕባዝ ብምጻረን ኰሪዔን ኽከዳ ዝመረ ፤ ወዮም ዓስከር ሻቡ መኣረምያታቶም ኣወ ጺኦም ከንበልብሉ ዝመሩ ፤ “ዓደየ ድሓን ዓለ. ኣነስ ከይደ ትሩ ብሊ,, እናበሉውን ደረፉ በዙ ደርፊ እዙይ ንሃገሮም መወዳእታ ጊዜ ኢድ ነሚኣምላ ክሳብ እታ ባቡር ትሃትፈላ ከምኡ ቢሎም ክዱ ፤ መወዳእታ ሰላምታኣም እዋ ፤ ከመይሲ ብዙኃት ካባኣቶም ዓዶም ኣይክምለሱን እዮም ፤ ድሪትንከ ጎዘቶም እቱ እምባ ህት ፍ ክትብል ከላ ከምዙ ሓደ ሰይጣን ንሓደ ሰብ ጎዙ ኣብ ውሽጠ ጠረንጦስ ዘእትዎ እሞ ዘይመልሰ ከማኡ ትመስል ነበረት ። ምስ

ምኖን ዘይልወጥን ከይኑልካ ንዘለዓለም ምርአዩ እሞ ንቱ ጣዕሚ እቱይ በብንእሽቶ ምስትምቓር እዩ ። እቱ ጨርበሕ እናበለ ናብ ደረት ዝኣቱ ማይ ብድምጹ እንተዘየንቅሓካ ሕልሚ መሲሉካ ብሓቂ ሰልሀም ቢልካ ምደቀስካ ፤ ጣዕሙ ብዘይ መጠን እዩ ። ብወጋሕታ ተንሚእካ ባሕሪ ክወፍር ከሎ ከም ታእላው ዘይቢለን ኣጣል ቀቅድሚት እናተጓነጻ ዝኸዳ እቶም መዋግድ እናተጻፍዑ ክኸዱ ክትርኢ እሞ ምስኡ ኸዓ በቱ ታህዋኽ ማይ ኣብቱ መቕሉሎ ዝኾነ ምጽዋዕ ፈስፈስ ዝብል ጥውም ንፋስ ገገጽካ ክሃርመካ ፤ በቱ ሓደ ወገን እውን ገሊኤን ጀላቡ ሽራዔን (ጋንጽላ እውን) ገቲረን ዓሣ ክገፋ ክነቕላ ፤ ሓደ ክልተ ገለ ዝብላዕ ኣብ ጥቓ ዓዲ እንተረኸቡ ቢሎም ዝመጹ ዓበይቲ ዓሣታት ምድሪ ኸይቐትሮም ጥንቅልዓሸው እናበሉ ክሃድሙ ምርአይ ከመይ ዝበለ ይመስለኩም ። ሻቡ ብዛዕባ ባሕሪ ጥብርያደስ ብዛዕባ ጌንሣሬጥስ ኣብ ወንጌል ዘንበብካዮ ሻቡ ዝረኣየካ ይመስለካ ፤ ጴጥሮስ እንድርያስ ፤ ደቂ ዘብዴዎስ ፤ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሎም ይዝክሩኻ ። እዙ ዝበልናዮ ነገር ንኹሉም ተሰምዖም ። ንጽባሒቱ ሰዓት ፱ ናይ ምሸት ንቐል ንቐል ኮነ ፤ እታ ንኣታቶም እትወስድ መርከብ ሓዋ ኣጉዳ ትካ ቡፍ እና በለት ድሮ ከምተሰናደወት ነገረት ። መዝመርያ እቶም መኳንንቲ ማልያን ኣብ ክውን ዝበለ ሥፍራ ተቐመጡ ንወዲ ሓበሻ ግን ኣብ ቱ ጐልጐል ዝመስል ኩሉ ሰብ ዝረግጸ ማይ እንተ መጸ መስቀሊ ፀሐይ እንተ መጸ እውን መኸወሊ ዘይቢሉ ዝባን እታ መርከብ ከም ጤለ-በጊዕ ዳጐኑዎ ። ንሳ መዘወሪ ኩሉ ብምዝውዋሩ ውሽጣዊ ነገራ ተንደቕድቕ ነበረት ። ኖትያት ሻው ብዙኅ ይጽዕሩ ነበሩ ፤ ገሊኣቶም ንቱ መውረዲን መደየብን መሳልል ጠቕሊሎም ይዓጸጽሩ ፤ ገሊኣቶም ንቲ ሓፍ ዘይብል መልሕቅ እንካብ ዕመቅ ባሕሪ ብመዘዋወር ገቢሮም ይስሕቡ ፤ እዙይ ክገብሩ በዙይን በቱይን ይወናጨፉ ነበሩ ፤ ኣብ ኣጋ መወዳእታ ዘብዔይና ዛብጥያታት ንለ ተኃቢኡ ዝኸይድ ሰብ ከይረኽቡ ቢሎም ንታ መርከብ ይኹሉዋ ኩሉ ተጨረሸ ። መርከብ ብወዮ ክንዲ ገለ ዝኸውን ናብ ኣማዑት ካውን ቀረ ዘእቱ ፤ ኑሓራ ኤእ በለት በብቕሩብ ለመም እናበለት እውን ክትጐዓዝ ዝመረት ። እቶም ደቂ ኢትዮጵያ ኽደርፉ ዝመሩ ፤ ሓደ ጽጋብ እናኸረረሎም ድሉው ኣባ ግራይ እውን ከበሮ እናትምተመሎም ምድሪ ሰሚይ ኣጽመሙ ። ትኳቦ ግን ብብዙኅ ሓሳባት ተወረሞ ኣብዙ ጸወታ እዙይ ኣየቕለበን ። ኣብቱ ደሰ (ድኅሪት ማለት እዩ = poppa) እታ መርከብ ከይሩ ንዓዱ ኣቢሉ ገጹ ገቢሩ ንኣቦኡን ንኣዴኡን ክሓስብ እንከሎ ምጽዋዕ ገዲፉዎ ክሃድም ረኣዮ ፤ እሞ ብሓቂ ብጸልማት እንካብ ሓደ በሪ ዝነቕል ሰብ እቱ ዓዲ ገዲፉዎ ዝርሕቕ እምበር እታ መርከብ እትኸይድ ኣይመስሎን ። ምደሪ ዓደቦኡ ገዲፈዎ ንድሕሪት ሃው ክብል ምስ ረኣዮ ሓዲስ ምድንፋቕ ኣተዎ ፤ ሕንቕንቕ ቢሉውን ንብዓት ቅርብ በሎ ፤ ኣናብ ልሙዕ ገላጉልኪን ኣናብ ስሉም እምባታትኪን ዘዕበኺኒ ሃገረይ ድኃን ኩኒ ምስ ከብተይን ምስ ጓሰተንን ዝኣድረልካ ዝኒ በርክ ጸምጸም በረኻ ዓደይ ድኃን ኩን እናበለ እውን ተናገረ ።

ንዓዱ ገዲፉ ፤ ዝኸይድ ሃውቲቱ ፤
ድኅሪ ወዲ ጓና ፤ ዝኸይድ ተጐቲቱ
ኣደ ምእንቲ ሃገሩ ፤ ኣይ ምእንቲ መሬቱ
ሚዛኒ ኣይክወጽሉን ክሳብ ጊዜ ሞቱ ።

ዶም ብኃበር ከዓ ዓዶም ተራእዮም ። ሽቡ ልቦም ከመይ ቢሉ ዝሀ
ወኽ ከምዝነበረን ከዓ እንካብ ምንጋሩስ ምሕሳቡ ይቀልል ። ናይ
ዓደቦ ዝኽሪ ፍጹም ኃያል እዩ ። ከምኡ ቢሎም ከለዉ ሓደ ድቃስ
ዝመስል ሰላምታ ወሰዶም ፤ ምሉእ ለይቲውን ክዝክሩን ክሓል
ሙን ጎደሩ ። ንጽባሒቱ እውን ትንሥእ ምስ በሉ የማነ ፀጋም
ቀ·ሊሕ እንተበሉ ፤ ኣብ ፀጋሞም ደረታት ሓባብ ረኣዩ ፤ ደስውን
ብሎም ከመይሲ ሽሕኻ ዝፈልጡዎ እንተዘይኮነ ግን ምስ ዓዶም ዝተ
ላገበ ምስ ዓዶም ብዙኅ ክፍሊ ዘለዎ እዩ። ካብኡ ኃሊፎምንክ ኣማ
ስያኡ ኣቢሎም ኣብቱ ባሕሪ ዝገፍሓሉ ስፍራ ኣተዉ እሞ ኣባኡ
የማነ ፀጋም ንታሕቲ ቀ·ሊሕ እንተበሉ፤ ቀ·ሊሕን እንተበሉ ንላዕሊ፤
እንተጠመቱ ማይን ሰማይን ፤ እምበር ካልእ ኣይረኣዮምን ነበረ ።
ሃሩር ይስምዓቶም ነበረ ፤ እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ማይ ንዝኾይድ ሰብ
ንቱ ማይ ብምርኣይ ጥራሕ እውን ናይ ሃሩር ሓሳብ ዝመሰለ ይኸ
ደሉ እዩሞ ፤ ብዙኅ ግዲ ኣይሞቱን ነበሩ ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ
ወጋሕ ክብል ከሎ በሪ ሱዳን ዝተባህለ እንግሊዝ ገዚኣሞ ዘለዉ
ከተማ ኣተዉ፤ ኣባኡ እውን እታ መርከብ ደርጓዕጓዕ እናበለት ንቱ
መልሕቃ ደርቢያ ደው በለት ፤ ናባኣ ኣቢሎም ብዙኃት ጸለምቲ
ሱዳን ከክንዲ ገለ ዝኾኑ ውርር በሉ ፤ ኣባኡውን ክልተ ሕዝቢ
ኣፍሪቃ ሱዳንን ኢትዮጵያውያንን ገጽ ንገጽ ተጠማመቱ ፤ እቲኣ
ቶም "ሆይ እዘን ሽዩጣት ምእንቲ ገንዘብሲ ትሩቡሊ ይወርዳ ኣለ
ዋ,, ብዝብል ሓሳብ እቲኣቶም ከዓ "እዘን ጸለምቲ እዚኤን እምበር
እየን ብምንታይ ይበልጻና,, እንክብሉ በብውሽጦም ይመዛዘኑ ነበሩ።
እንካብቱ በሪ እቱይ ባቡሮ ገፈፍ ክትብል ነቐለት ፤ እቶም ዓስከር
እውን ኣብቱ ወገን ባሕሪ እቱይ ብዙኃት ከልቢ መሰል (pescecane)

ዝብል ቅኔታይ ንዝተናገሮ ባህሊ እናሓሰበ እውን ፤ እንታይ ቢለ
ተወለድኩ ዝብል ሓሳብ መጸ፤ "ኣትየያ እየ ባዕለይ ደጊምስ እጽገባ
ድኣ" እናበለውን ሓሩቑቱ የኩማስዕ ነበረ ። ምጽዋዕ እንከ ምህዳማ
ትቕጽል ነበረት ፤ እኒሆ ደጊምስ ወዮ መብራህቲ እናሰሑ ይኸይድ
ነበረ ፤ እምባታት ጦብያ እውን ከም ሓደ ዓቢይ ፤ ብድነ ዝተኸ
ድነ ፤ ምንዋሑ ክስፈር ዘይከኣል መንደቕ ክመስል ይርኣ ነበረ ፤
ደድኅሪ እታ መርከብ ግን እቱ ማይ እናዓፈረ ይጸፉዕ ድኣ ፤ ከም
ዝኾተሎም ዝነበረ ውሕጋ እውን ይመስል ነበረ ፤ ብየማኖምን
ብፀጋሞምን ከዓ ሓድ ሓደ ፋኑስ ቀይሕን ቈጸልን ዝዓይነቲ መጨረሻ
ናይ ዓዶም ዝኾነ ይኣ ክኾኖም ቈለሞ ጥፍእ እናበለ ሰላም ደኣ
በሎም ፤ ንኣኡ ኅልፍ በሎም ፤ ክሳብ ዝጠፍእ እውን ድኅሪት ቀ·ሊ
ሕ እናበሉ ረኣዩዎ ፤ ቀሩብ ጸኒሑ ግብ በለ ። ሽብቱይ ኩላቶም
እዙይ ክበሃል ዘይከኣል ሓሳባት ወረሶም ፤ ኩላቶም ቃዘኑ ፤ ወዮም
ዝደርፉ ዝነበሩ እንዲሚሎም ከይተፈለጠም ግድፍ ኣበሉዎ ፤ ሃገ
ሮም ይገድፉ ከምዝነበሩ ተረዲኡዎም እዩ ። ወዮም ቀሩብ ጊዚ
ኣቑድም ኣቢልካ ዝረኣኻዮም ጽጉባት ኣጉባዝ ሓደ ነገር እውን
እንካብ ታሕጓሶም ዘከላልኡም ዘይመስሉ ዝነበሩ፤ ሽቡ ኹሎም ዝን
በሉ ፤ ኣብ ዘዘለውዎ ኾይኖም እውን (ዓራትዶ ወይስ ንእዲ ዝቕ
ረቦም ከይኑ) እቱ ዝነበሮም ባርኖስ ተኾዲኖም ጕልብብ ቢሎም
ኣብ ዝረኽብዎ ጸግሚ ተጸጊዖም ፤ ድቃስ ኣምሲሎም ፤ ኣባኡ ኾይኖ
ም ሓሳባት ዝመሩ ፤ ወሲዲን ኣጎዋትን ዘለዎ ወለዱን ኣጎዋቱን
ሰበይቲን ደቂን ዘለውዎ ከዓ ሰበይቱን ደቁን ክዝክር ዝመረ ፤
ንሳቶም ዘይቢሉ ሓደ በይኑ ዝኾነ እንተሎ ከዓ ከዕሩኹን ነቶም
ብዝኾነ ይኹን ልቡ ምባኣቶም ተኣሲሩ ዝነበረ ሰባትን ዘከረ ፤ ኩላ

ዝበሃሉ ሰብ ዝበልዑ ዓበይቲ ዓሣታት ኣለዉ ዝብል ወረ ሰሚ ዖም ነበሩሞ እንተ ረኣዩ ይኣ ቢሎም ቅልቅል ቅልቅል ይብሉ ነበሩ ፤ እንተኾነ ኣብ ክንዲ እቶም ዝደልዩዎም ዝነበሩ ፤ ካልእ ደልፊንስ ዝበሃሉ ጥንቅልዓሸው እናበሉ ብየማነ ፀጋማ ንታ መር ከብ ዝስዕቡዋ ዝነበሩ ዓሣታት ረኣዩ ። እዞም ዓሣታት እዚኣምንከ ፈተውቲ ሰብ እዮም ይበሃሉ ፤ ደድጎሪ መራኽብ መምጽኢኣምውን ይኣ ገለ ሰብ እንተወደቑ ከልዕሉ ንማለት እዩ ። ከምኡ ንሓደ ሲሞኒስ ዝተባህለ ቅኔታይ ጸላእቲ እንካብ መርከብ ምስ ደርበይዎ ሓደ ደልፊንስ ጸዊሩ ናብ ዓዱ ኣብጽሖ ይብሃል ። ገሊኣቶም ግን ገለ ዝብላዕ እንተንጠቡሎም ስለ ማለት እዮም ይብሉ ። ኣየናይ ሓቂ ምኽኑ ኣይፈልጥን ። ዓስከርንሞ ናይዙ ኹሉ ባህሊ ሓደ ጽንጽን ታ እኳ ኣይነበሮምን ሱቕ ቢሎም ድኣ ይጥምቱ ነበሩ ፤ እንተ ደልፊንስን ከኣ « ኣፋኒና ሩባ ኣሳጊርና ኣቶናክን ሰብ ጕምቦ ስዋና » እናበላ መርዓት ኣፋኒየን ከም ዝምለሳ ኣዋልድ ፤ ከምኡ ቢሎም እናተጠልሓሙን እናወጹን ሰብ ከድጎኑስ ይኹኑ ዝብላዕ ክደልዩስ ይኹኑ ንበሪ ሱዳኖም ድኣ ተመልሱ ። ምድሪ ጽልግልግ በለ ፤ ሻዕቱይ እውን ሓደ ዝሑል ንፋስ መጺኡ ኣዝሕል ኣበሎም ፤ ቅሩብ እውን ነፍሶም ተመልሶም ፤ ኣብ ማእኸል እቱ ባሕሪ እቱይን በቱ ጸልማት እቱይን እታ መርከቦም በይና ከምኡ ኸዓ ካልኦት ዝኃል ፋን ዝገብኣን መራኽብ እንተ ተጓነፋኦም ይበርሃ ነበራ ፤ እዙ ትርኢት እዙይ ፍጹም ዘደንቕ እዩ ። እንካብ ኩሉ ዘደነቕምን ከዓ ሸው ኣብ ማእከል እቱ ባሕሪ ወርጎ ክትወጽእ ምስ ረኣዩ እዩ ።

ምድረ ሰማይ ሃዲኡ ዝግ ቢሉ እንከሎ ብወገን ምሥራቕ ፤ እንካብ ዓዲ ዓረብ ማለት ፤ ሓደ ኽብ ዝበለ ፤ ከም ፍርቂ ጣይታ ዝኾነቱ ፤ ቁጥቋጥ ዝመስል ዓይነቱ ነገር ፤ እንካብ ቀላይ በሎኽ ክብል ረኣዩ ፤ “በስመ ኣብ ወወልድ ወመፈስ ቅዱስ,, ቢሎም ገጾም ወተቡ ፤ ሓደ ዘደንግጽ ምትህት (፩) ዝረኣዮም ዘሎ እምበር ወርጎ እትወጽእ ዘላ ይመስሎም ኣይነበረን ፤ ኣንፋ ዝብሉዎ እኳ ኣይመጸምን ። ኩሉ ቀልቦምን ሃሞምን ምሰኣ ኾነ ፤ ወያ ወርጎ በብቅሩብ እናተላዕለት ንቱ ማይ ደም ኣምሰለቶ ፤ ሻቡውንከ ገለ እንካ ብኣቶም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘንበቡሞ ፤ ኤርትራ ቐይሕ ከምዝኾነ ትርጓሜኡ እንተዚፈልጡ ፤ እቱ ምሳኦም ዝነበረ ባሕሪ ካን ንሱ ምመሰሎም ፤ ብዕብየት ኣቦይዝጊ ተላዓሊሎም እውን ብመንፈሳዊ ልቢን ብታሕጎስን ንሴብሖ ለእግዚኣብሔር ስቡሐ ዘተሰብሐ ዝብል ድርሳን ሙሴ ክደግሙ ነገሮም ። እታ ወርጎ ብምልእታ መሰስ ብለት ፤ ወይባ ዝመስል ዓይነት ለቢሳ እውን ብጊዜኣ ንቱ ማይ ኣወየበቶ ፤ ንሱንከ በቱ ብርሃና ደስ ከምዝበሉ ኾርኢ ክትደርዘ ቢልካ ጎዝ ከምዘበልካዮ እንስሳ እሞ ደስ ቢሉዎ ቁርበቱ እስር ዝርግሕ ዘብል ከማኡ ቀጥቀጥ ይብል ነበረ ። ድጎሪቱይ ወርጎ ብብቅሩብ ቆሎ መሰለት ንቱ ኽዲኑዎ ዝነበረ ቆባር ኣርጊቓ እውን ንባሕሪ ኻዕ ቢላ ኣብርሃቶ ። እታ መርከቦም በርሀት እቱ ንሳቶም ዝነበሩዎ ስፍራውን በርሀ ። እታ ሓመሮም እንክትከይድ ከላ ንሳ ወያ ወርጎ ብሓደ ዘይረኣ ገመድ ኣባኣ ኽምዝተኣሰረት መማዕረኣ ትኽይድ ነበረት ፤ ንቶም ዓስከርስ ትኽይድ ትመስሎም ነበረት ክብል እየ ። ሻው ወዮም እንዶ ባሕሪ ዘይነበሮም ደቂ ጦብያ ኣብ እቱ ትርኢት እቱይ ሃህ ቢሎም ተረፉ ፤ ዝሓልሙ እምበር ዝርእዩ ኣይመስሎምን ። ኣብ ማእኸል ኣንፉን ርእሱን ዘይትርእየሉ ቕላይ

(፩) fantasma ማለት እዩ ፤ ኣብ ወንጌል ዘሎ ቃል ግዕዝ እዩ ።

ብለይቲ፤ እሞ ካብ ጸልማት ብኡብኡ ናብ ብርሃን ምስጋር፤ ልቢ ንዘለ ዎን ቅሩብ ናይ ጽባቕ ነገር ክኣትዎ ንዝኽእል ሰብን ፍጹም ሰማያዊ ራእይ እዩ ። አቦይዝጊ እንካብ ዝፈጠሮ ነገራት ኪለው ዝጽብቕ ባሕሪ እዩ አቦኡውን እዩ ዕብየት አቦይዝጊን መስፈርትነት ዘይምህላ ዉን ዝፍለጥ ። ሃገረይ ባሕሪ ስኢና ኢያ ካብ ነገሥታት ዓለም ትሑታ ዘላ ሕዝባውን እንካብ ጥበባት ሱታፌ ርሒቑ ደንቀኑ ዘሎ ቢሉ ልቢ ዘለዎ ይኃዝን ። ከምዙይ ቢሎም ክይድ ድጎሪ ኃዲሮም ንጽባሒቱ ኣጋ ምሸት ጥቓ ዓዲ ግብጺ በጽሑሞ እቱ እስራኤል ዝተሳገሩሉ ስፍራ በዙይ እዩ ፤ በቱይ እባ እዩ ተበሃሃሉ፤ ብፍላይ እታ ስፍራ እንተዘይፈለጡ እውን ወገኑስ ንሱ እዩ ። ንሱውን ንቱ ናይ አቦይዝጊ ዕብየትን ክእለትን ናይ ቅዱሳን መጻሕፍቲ ዝኽርን ኣፍልጠን ኣኽብሮን ዘለዎ ኢትዮጵያዊ ልቢ ፍጹም ደስ ኣበሎ ። እንካባኣቶምውን እቶም መምህራን “ፈረሰ ወመስተጽዕነ ወረወ ውስተ ባሕር,, ዚብል ቃል እናደገሙ ብውሽጢ ልቦም ንኣምላኽም ሰገዱ ። ብማዕዶኣም እውን እምባታት ዓረብ ምስ ደብረ ሲና ረኣዩ፤ “ኦ እንካብ ኵሉ እምባታት መውረድ አቦይዝጊ ክትከውን ዝተኃረኻ ቅዱስ ጠረር ሰላም ንኣኻ,, እናበሉውን ናብኡ ኣቢሎም ሰገዱ፤ ወዲ ኢትዮጵያ ብቅዱሳት መጻሕፍቲ ንዝስመዩ ስፍራታት ፍጹም ብባሕርዩ የኽብር እዩ ። ዝኽነ ኽይኑ መርከቦም ንቕድሚት ትጉዓዝ ድኣ ነበረት ። ወትሩ ካብ ዓዶም ዝርሕቁ ከምዝነበሩ እናሓሰቡ እውን ልቦም ድምብርጽርጽ ይብሎም ነበረ፤ ደጊም ራብዓይ መዓልቶም ወዲኦም ኣብ ኃምሳይ ኣቢሎም እዮም ዝሰፈሩ ዝነበሩ ። ወዮ ባሕሪ እናጸበበ ክንዲ ዝኽደ እውን ክልቲኡ ደረት እስያን ደረት ኣፍሪቃን ተራእዮም ። ልቦም ትልዕዕል ኣበሎም ። “ኦ ምስ

ሃገርና ጠቢቕኪ ዘሎኺ ብውኃጋ ኣባይና እውን ማይ እትሰትዩ፤ ብመሬት ዓድናውን እትፈርዩ ምድሪ ሰላም ንኣኺ,, ብዝብል ቃል እውን ሰላም በሉዋ ። ንጽባሒቱ ኣብ ሱወዝ ዝበሃል ከተማ ዓረብ ዓረፉ ፤ ኣበኡ ግብጻውያን ወረሩዎም ፤ ሰብ ነዋኅቲ ቐሚስ ሰብ ካኪ በብዓይነቱ፤ በብዓይነቱ ዝኅብሮም፤ ገሊኡም ተምሪ ዝሸጡ ገሊኡም ሩል ገሊኡም ሓለዋት ሽኻር ዝሸጡ ነበሩ ። ንቱ ብዘይካ ነጸላን ብኽዳን ብዘይካ ናይ ወዲ ሃገሩን ካልእ ገጽ ብዙኅ ዘደረኣየ ብዘይካኡ ካልእ ፍጡር ሰብ ዘሎ ዘይመሰሎ ወዲ ሓበሻ እዙ ነገር እዙይ ምስ ረኣየ ብዙኅ ኣደነቐ፤ ዓለም ክንደይ ይገፍሕ እዩ ዝብል ሓሳብ እውን መጸቶም ። እንካብቱ ከተማ እቱይ ነቒሎም መስኖ ሱወዝ ኣብ ዝተባህለ፤ ዓቢይ ውኃጋ ዝመስል፤ ቀጢን ባሕሪ፤ መርከቦም ኣተወት፤ ገፈፍ እናበለትውን ናብ በሪ ስዒድ ዝተባህለ ከተማ ግብጺ ደበኽ ኣበለቶም ። ኣብኡ ባሕሪ ሮም (ሚዲተራኒዩም) ብመላኡ ኣብ ቅድሚኡም ለጥ ቢሉ ሞገዳት እውን እናተዛበጡ ክጓየዩ፤ ኣብቱ እትወቱ ኽዓ ሓደ ዓቢይ ሰብ ቆይሙ መንዩ በዚ ዚኃልፍ ዝብል ዳርጋ ዚብል ዚመስል ረኣዩ፤ ንሱ ምስሊ እቱ ንመስኖ ምቕዳድ ዝኃሰበ ዓቢይ ብልሂ ዝኽነ ዲለሰጥስ ዝተባህለ ፈረንሳዊ ነበረ ። ንሳቶም ግን ኣይፈለጡዎን፤ ኣብኡ ኽዓ ካልእ ድንቂ እኺሆ ። ሰብ የማነ ፀጋም ክጻፋዕ ረኣዩ፤ ኣበኡ ገዛውቲ ብብዙኅ ደርቢ ዝቐመ፤ ሰጥ ዝበለ መንኰራኵርን ሠረገላታትን ዘሽከርክራሉ መን ገዲ፤ ድሙቕ ብዙኅ ዝትርኢቱ ፋኑሰት ነበረ ። ወይ ግሩም ዕጹብ፤ ወይ ኣምላክ ምበል ዝመሩ ። እንካብኡ ተላዒሎም ናብ ባሕሪ ሮም ኣተዉ ኣባኡውን ወትሩ ንፀጋም እናተጠምዘዙ ትርኢት ኣፍሪቃ ከይተኽወሎም ብጥቓ እስክንድርያ ኃለፉ ግን ደው ኣይበሉላን ።

"እስክንድርያ መንበረ ማርቆስ እስክንድርያ ቅድስቲ ከተማ መን
በረ ሊቀ ጳጳሳት" እናበሉ ፍጹም ተሓጕሱ ወሪዶም ክርእዩዋን
ክሳለሙዋን እውን አይምጸልኡን ግን አይከነሎምን ። ካብታ መን
በር እቲአ አቡናት ተተባሂሎም ንኢትዮጵያ መጺኦም እልፊ ባዕ
ዳን ዘጎስሩዎም ከምዝነበሩ ግን አይፈልጡን ። ይዋእ ሓበሻ ወትሩ
ንነገር እቱ ጸጽቡቑ ይርአዮ እምበር ከክፉኡስ እንካብ ዓይኑ ምስ
ተኸወለ እዩ ። እንካብኡ ቅሩብ ንባሕሪ አቢሎም ስጥዋ አቢሎም
ደኃር ግን ናይ አፍሪቃ ደረት ደረት እናተዳረቱ ዲርና ናብ ዝተባ
ህለ ናብቱ ዝወርዱሉ ከተማ በጽሑ ። እኒሆ ደጊምሲ ናብ ዓዲ
ስብእነቶምን ንብዙኃት ከዓ ዓዲ ሞቶምን በጺሖም እዮም ፤ እዙይ
ምስ ፈለጡ እውን ነፍሶም ሽቑርር ቢሉ ቄርበቶም ግፍፍ በሎም ።
ወረዱ ድኣ ። አቓሑቶም ጸዊሮምውን ገፈፍ እናበሉ ክኸዱ ሑጻ
ምድረ በዳ ትሩቡሊ ቆለዎም ፤ ክዓርፉ ቢሎምውን ድኳን ተኺ
ሎም አባኡ ግምስስ በሉ ፤ እቱ ባሕሪ ፍጹም አድኪሙዎም ነበረሞ
ብኡ ብኡ ድቃስ ወሰዶም ።

ዕረፉ አንዕረፍቲ ዘይመጻእኩም ፍቁራን ደቂ ዓደይ ፤ ዕረፉ
ዕረፍቲ የድልየኩም እዩ ከመይሲ ብዙኅ ሥራሕን ጸገምን ክትጸሩ
የድልየኩም እዩ አብዙ ርሱን ሃገር'ዙይ ። አዕራብንከ አማዕድዮም
ርእዮም ነንሓድሓዶም ትርእዮዶም አሎኻ ፡እዙ ብገንዘብ ሕይወቱ
ዝሸጠ ከልቢ ሓበሻ፡ ይበሃሉ ንግደፍም ፤ እዚአቶምስ ጸላእትኹም
አይከኑን እኳ ፤ ጸላእቲኹም ድኣ እንታይ ክብሉኹም እዮም ፤ ግን
ንስኻትኩምስ ዕረፉ ዶኣ ።

ቦታ ጸብእን መከራን ።

ብጸላእ ወዲ ጓና ምእንቲ ጓና ቢሉ
ኣይ ምእንቲ ሰቡ ኣይ ምእንቲ ሃገሩ
ኣብ ውግእ ዝመውት ኣበኡ ተቐቲሉ ፤
ክመውት እንከሎውን ብጥይት ሓሪሩ
፡ኦ ፍቅርቲ ሃገረይ ንዝሃብክኒ ነፍሰይ
እመልሰልክ ኣሎኹ ተሓጕሽ እሰይ፡
ብሞት ዝመውት ቢሉ ዘይክእለሉ
ይዋእ እዩ ኣካ እዝጊ ጸልኣሉ ።

እናበለ ሴዮፖርዲ ዝተባህለ ሓደ ውሩይ ቅኔታይ ጣልያን ደረሰ ።

እዙ ድርሳን እዙይ ካን ንእዘም ዓስከር እዚአም ቢሉ ዝተና
ገሮ ይመስል ። እኒሆ እንካብ ዓዶም ንስድራኣምን ኣዝማዶምን ኣዕ
ሩኽምን ገዲፎም ክንድዙይ ኣባሕር ተሳጊሮም ኣብዙ ደረቕ ዓዲ
እዙይ በጽሑ ።

አንታ ዓርከይ እዙይስ እምበርዶ ዓዲ ሰብ እዩ ኣብዙ ሑጻ እዙ
ይስ ሓቂ ሰብ ይሓድሮን ይነብሮን ቢሉ ትኳቦ ንሓደ ዓርኩ እዙ
ነገር እዙይ ምርኣይ ገሪሙዎ ጠየቖ ።

እንታይ እሞ እበልካ ዓርኩኺ ከምዛ ኽማኻ ዓይነይ ዝሃበኒ
እርኢ ኣሎኹ እምበር ፤ አነ እንታይ ፈሊጠሞ ቢልካኒ በሎ ።
ድጎሪቱይ ዝን በሉ ፤ ኣብቱ መላእ ጭፍራ እውን ሓደ ወስታኻ
ሓደ ደርፊኽ በይኑስ ሕሽኩሽኩን ዘይምሉእ ዘረባታትን ጥራይ
ድኣ ይስማዕ ነበረ ። ኩላቶም ደንጊጸም ነበሩ ኣብ ገጻቶምውን ኃዘን
ን ተስፋ ቑርጸትን ምጽላእን ጣዕሳን ጥራሕ ይረአ ነበረ ። ትርኢት

እምበር እንታይ ኪበሃል ይከአል ። ዘይሂዘ ሄዘ መሬት ዝበሰሎ ማፍጠ. እዩ ። ሓደ ጊዜ ይዝከረኒ ፤ ብገርሄይ እናጐየኹ ብሓደ ማፍጠ. ከሓልፍ እንከለኹ ወዮ እቱይ ለካ አይጠፍአን ነበረ ። እግረይ አብቱ ኃመኹሽቲ እቱይ ክሳብ ብርከይ ተዋጎጠ እሞ ሙኹሉቕ ቢለ ወጻእኩ ፤ ኩሉ እግረይ ፋዕፋዕ ቢሉ ቐሰለ ። ከምዙ ኽማይ እዙ ነገር እዙይ ዝረኽበ እንተሎ ከማኡ ይሕሰብ ፤ ዘይረ ኽቦ ግን ብገርሂ ባዕሉ ክስተንትኖ ዝኽእል ነገር እዩ ። ብኽምዙይ ዝበለ ገልገል ከስ ፤ ክንዲ ሓደ ማፍጠ. ጥራይ ዘይኮነ ምንአሉ ፥ ደቂ ዓድና ይኽዱ ነበሩ ፤ ንሓደ መዓልቲ በይኑ ዘይኮነስ ንኽልተ ዓመት አበኡ ክነብሩ እዮም ። እቱ ንመኽልከሊ ቢሎም ገቢሮምዎ ዝነበሩ ስኣኒ ወይ ጨርቂ ግን እኳ አይጠቐሞምን ከመይሲ ንቶም ሰብ ኣዛእን እቱ ሑጻ ብማእኽል ስራኽም እናኣተዎም ፤ ንቶም ሰብ ኣጭርቕቲ ኽዓ መዝመርያ ኵሉ እግሮም ዘይሕዝ ብምኻን ከልኣይ ከዓ ኣተኣሳስራኡ ሳንኩፍ ብምኻን እናሰተኹ ወዮ እግሮም ከምዛ ጥራሑ ዝተረፈ ፤ እንታይ እሞ ኪበሃል ረኽቡዎ ድኣ ብእዝጊ ዝወረዶም ።

አርባ ‹ካብ ሎሚ ዝነቀወ ዝብኣ ኣየስረረንን› ከምዚበሃል ካብ ሕዝ ከምዙይ ቢልና ዝተሳቐናስ ክልተ ዓመት ድኣ ኽመይ ክንከውን ኢና ፤ ይባሃሃሉ ነበሩ ። ክልተ ዓመት ክልተ ዓመት አብዙ ብረስኩ ናይ ምድሪ ገሃነም ዝኾነ ቦታ እዙይ ምስኡ ኽዓ ክፉእ ንፋስ እናነፈሰ ከም ሓርጭ ዝምድቃቑ ሓጻታት እናመጽአ አብ ዓይኖ ምን እዝኖምን ኣፍንጫአምን እናኣተወ ፤ ብእጅገአም ብኽሳዶም እናሰተኽሑውን ናብ ሰውነቶም አትዩ መከራ የጽግቦም ነበረ ፤ ብሓጺር ኩሉ ሰውነቶም ሓዊ ኮነ ፤ ክሳብ ኩብዶም ከይተረፈ እውን

ምድረ በዳ ፍጹም ዘደንግጽ ትርኢት እዩ ፤ ሓንቲ ነነው እትብል አም ሓንቲ ልምዕቲ ሣዕሪ ሓንቲ ኣሰር ማይ ዝብሉዎ እኳ ኣይር አየሉን ፤ አብ ቅድሚኻ ሑጻን ሚንደን ዝዕኽርን ኩምሪ ሓመድን በይኑ ይረአየካ ። ቅድሚት ድጎሬት በል የማን ፀጋም ኩሉ ሓደ እዩ ። ምግፋሑ እንትርኤኻ ከም ባሕሪ ብኹሉ ነገሩ ግን ተጻይ ባሕሪ ። አብ ባሕሪ ዓሣታት ትርኢ ድምጺ ማእሰላት ትሰምዕ፤ አብ ምድረ በዳ ግን ድምጺ ሓንቲ ውፍ ዝብሉዎኽ ፤ ዝነፍራ ኣዕዋፍ ዝብሉወንከ፤ ዘይ ከምዙ መቕሎ ሓጺን ዝኽበዶ እዩ ዝመስል፤ ሰማይ ወትሩ ምስ ተቐልዐ ኣሰር ደመና ዝብሉዎ ዘልቦ፤ ፀሓይ ወትሩ ምስ መረረ ፤ ንፋስ ዝብሉዎ ተውዝ ዘይብል ፤ ዓቕልኻ ኣጽብብ የብለ ልካ ዓዲ ሞት ድየ ዓዲ ሕይወት ዘሎኹ ኢኻ እትብል ። ወይ ኣፋ ላላይ ፤ ካብቲ ልሙዕን ንፋስ ወትሩ ወልወል ዝብለሉ ፤ ዛራ ማያት ዘንፇሕፇሕሉ ለምለም ምድሪ ኢትዮጵያ ። ንዙይ ቢለ እየ ዝመጻእኩ እንቋዕ ከንኩ እርከባ ድኣ ፤ ዝብል ሓሳብ ንኹሎም መጻዶም ። ብሓረቐት እንትርፊ ንኽንፈርም ምርምጣጥ ግን ካልእ ክገብሩ ኣይከኣሉን ። እንካብቱ ቅሩብ ደቂሶሞ ዝነበሩ ድቃስ ርሂጾም ተንሥኡ ፤ ኽዕቱይ ናይ ምንቃሎም መለኽት ተነፍሐ ፤ ከምዝተኻ እሎም ርሃጸም ሓናሲሶም ንምድሪ ኣቢሎም ገፈፍ በሉ ፤ እንተኽነ ቅሩብ ከይከዱ ኣእጋሮም በቱ ሑጻ ተመሽለቔ ንቱ ዋሚ እቱይ ቅሩብ ክጸሩ ቢሎም እውን እናተሰራሰሩን እግሮም እናሓሰዩን ክኽዱ ዝመሩ ፤ ስኣኒ ዘለዎ ስኣኑ ኣእተወ ፤ ስኣኒ ዘይብሉ ኽዓ ዝገብር እንተሰኣነ ዘሎ ጨርቅን ዘለዎ ምኣረምያን ኣውጺኡ ኣብ እግሩ ዝንዝኖ ። ዘይጠቅም ጥበብ ፤ እሞ እዙ ሓዲኽ ስኣኒ እዙይዶ ንደት እቱይ ክኽልክለሉ እዩ ፤ ተገደርና ይበሃል ። ዘይ ረመጽ እዩ

ይኣትዎም ነበረ ከመይሲ ንሱ ምድቃቹ እዙይ ክበሃል ኣይክኣልን
እዩ ። እዙ ናብ ሃገራትና መጺኡ ኣእካልናን ሣዕርናን ዜሕርር ከብ
ትናውን ዜዕብር ከም ግመ ዝምርቃቹ ኩልና እንፈልጦ ጣቓ ዝበ
ሃል እንክብኡ ዝመጽእ ደቂቕ ሓዳ እምበር ካልእ ኣይከነን ። ትር
እዩዎ ኣሎኹም መገዲ ኣሽሓት መዓልቲ ካብ ዝምርኃቹ ሃገር መጺ
ኡ እሞ ብቱ ጽሩይ ንፋስናን ለምዕናን ዝኒሉ ኸሎ እኳ ናይ ምን
ቓጽን ናይ ምሕማምን ኃይሊ እንካብ ረኸበ ፤ የግዳ ኣብ ማእከል
ዓዱን መሠረቱን ኣብ ማእከል እቱ ዝፈልሓሉ ምድሩ ምስቱ ሃሩር
እቱይ ብዘይ ሓደ ጽላል ኣምን ቈጽልን ምስ ረኸበካ ከመይ ይኸ
ውን። ክንደይ ዝሓሙ ኸምዝነበሩ ኣቦይዝኒ በይኑ ይፈልጦም ከም
ዝወረዶም ምሉእ መዓልቲ ክይድ ድጎሪ ውሂሎም ኣማስያኡ ኣቢ
ሎም ተሳፈሩ ፤ ኣእጋሮም በሲሉ ተረሚጹ ነበረ ፤ ክዓርፉ ቢሎም
ቀሩብ ደሞም ምስ ረግኤ እውን ሮቕሮቕ ቢሉ ማይ መዓገ። ኣቦ
ኡ ኸምዝኾነ ተገማሲሶም ኣብቱ ሐዳ ብዘይ መንጸፍን ብዘይ ክዳ
ንን ዕጣቕምን ክዳውንቶምን ከይፈትሑ ድቃስ ይኣ እንተ መጸም
ቢሎም ኣብ ባይታ ለም በሉ ። ንቶም ብበቕሊ ክኸዱ ዝወዓሉ
መኳንንቲ ጣልያን ግን እንከብ ዛዕጊ ለይቲን እንካብ ደርናን ክኸ
ውሎም ተብሂሉ ድንኳን ተተኽለሎም ፤ ዓራት ተነጽፎሎም ማይ
ተቀረበሎም ። ብዝተገብረ ገባሪኡኸ መን ? ወዲ ሓበሻ መከራ
ዝዕድሉ ግዲ። እቶም ካልኦትከ ዘይሕግዙዎም ኣሆይ ከኣላይ ጊላዋስ
ኣንጽፈለይ እንተበልካዮ ኣብርሃለይ ይብለካ ከምዝብሉዎ ምስላ
እዙ ኵሉ ምሕጋዝምን ደገፎምን ዝደሊስ ጊላዎኦዶ ኣይክነን።
እቱ ኣብ ማእከል ድንኳን ከይኖም ኣብ ዝተሰናደወ ጠረጴዛ ግርም
ዝኾነ ድራር እንክድረሱስ መን ድዩ ኣባኡ ደው ቢሉ ዘገልግሎም

ዘይ እቱ ለሸብ ክብል ዝወዓለ ብሓሳበም ውሩድ ዝነበረ ወዲ ሓበ
ሻ ። ንጽባሒቱ እንክትንሥኡ በቕሎም ጽዒኑ ኣቓሑኦም ኣሰና
ዲዉ ክጸንሑም ዝደሊስ ካብኡ ኃሊፉ መን ድዩ ። እሞ እንድዒ
እቱ ዝገርምሲ ወዲ ሓበሻ ንፈረንጊ ቐሪቡ ክንዲ ዘገልግለሉ መጠ
ን ዓራቱ ከንጽፍ ከይኑ ጋሻ ዛግረኡ ክኸነሉስ ከይኑ ጸብሒ ክገብ
ረሉስ ሽጋራኡ ክውልዓሉስ ከይኑ ፤ ክንዳኡ እንካብ እቶም ብጾቱ
ክሳብ ጌ ሰማያት ዝበጽሐ ይመስሎ። ስለዙይ ሓደ ዘይጠቅም ደድ
ጎሪ ሓንቲ በቕሊ ግብጣን ናይ ፋንድያኣ ሽታ እናጸገበ ክኸይድ
ዝወዓለ ባልጠገር ኣብ ልዕሊ ጠርቡሹ ቆብዕ ግብጣን እንተ ተሸ
ከመስ ከምዙ ኣብ ልዕሊ ብጾቱ ዝነገሠ እዩ ዝመሰሎ ዝነበረ። ኣባ
ኡ ናይ ምሸት ሃሩር ድጎሪ ኣኞሲሉዎምን ንፋስ ዘልዓሎ ሑጻ
ድጎሪ ኣጽጊቡዎምን ዛዕጊ ለይቲ እውን ትልግጽ ድጎሪ ኃዲሩሎ
ምን ንወጋሕታኡ ተሳዒሎም ከልኣይ መዓልቶም ክኸዱ ነቐሉ ።
ወይ ሻቡ ንዝረኣዮም ገጾም መጽሊዉ ኣዕይንቶም ቀይሑ ክንፈ
ሮም ነቒጹ ነበረ ። ወዮም ብጠስሚ ዝተለክዩ ክመስሉ ወላህላህ
ዝብሉ ዝነበሩ ኣጉባዝ ኢትዮጵያ ብሓንቲ መዓልቲ ናብዙ ዕብራን
እዙይ በጽሑ ። ሻቡ ንዝረኣዮም ሓደ ዘይጠቕሙ ዘጉናፋት ሃገር
እምበር ኢትዮጵያውያን ይኸኑ ዝብል ሓሳብ ኣብ ልቡ እኳ ኣይ
ምመጸን ። ኣብ ዓዶም ግን ‹ኣቱም ኣቦይ ቀሺየ ፤ ዓገብ እንዶ ኣይ
ትብሉየ፤ ሓደ ጐበዝ ሰኣና ከይዶም ትሩቡሊየ › እናተባህለ ይብኩ
ነበረ ። ይዋእ ትኳቦ ኣብ ገዛኻ ጸባ ዝሰትዮ ይስእን ጠስሚ ዝጸ
ብሑ ይስእን ፤ ስድራኻ ሃብቶም ንዝገብሩዎ ይስእኑ ንስኻ ግን ኣብ
ዙይ ብዕብራን ትመውት ኣሎኻ። እንካብ ሓደ መገሻ ምስ ኣቶኻ
ስድራኻ ብብሩህ ገጽ ተቐቢሎም ምርቓን በርከትን እናጽገቡኻ ፤

ኣብ ገዛኻ ማይ ውዕይ ንመሕጸብ እግርኻ ፤ ስዋ ወይ ጭልቃ ኣን
ጣጢዕ ንመጥለል ጽምእኻ ልሳሉሰ ዓራት መደቀሲኻ ተሰናዲው
ልካ ይጸንሕ ልብኻ እውን ዓሪፉ ባህ ቢሉካ ትድቅስ ነበርካ፤ ሎሚ
ግን ክንድዙይ ለሸብ ክትብል ውዒልካ ኣበየን እዩ ምእታውካ። ምስ
ሕሱም ብዕራይ ውዒልካ ናብ ሕስምቲ ሰበይቲ ኣይትእቶ ዝብሉዎ
ምስላ ክበጽሓካ እኒሆ ፤ ብጽቡቕ ገጽ ዝቕበለካ ፤ ድራርካ ዘሰናድወ
ልካ ዘደቅሰካ ሓደኻ ኣይትረክብን። ምስ ስድራኻ ዝነበርካዮ ጽቡቕ
ንብራ ፤ ሻዑ እዩ ኣጸቢቑ ዝዝከረካ ሻቡ ትምንይ ከተብሎ ኢኻ ግን
ኣይክትረክበን ፡ ኩፋየ ቢልካ እውን ንቲ ሓሳብ እቱይ እንካበኻ
ንምርኃቕ ክትጽዕር ኢኻ ።

ካልኣይ ምሸት ተሳፈሩ ፤ ለይቲውን ከምቱ ቐዳማይ ለይቲ
ግስምስም ኮነ ። ምስ ጽምኢኻ ጥሚትን ሃሩርን ደሮናን ድኻምን
ክምዙ ዝበልናዮ እናኽዳ ጌ መዓልቲ ምሉእ ገስገሱ መረሹ ።
መረሽ ዝብል እዙይ ሓዲስ ቃል ናይ ድኻሞም ምስክር ባዕላቶም
ዘውጽእዎ እዩ ። ሻብቱይውን ኣብቶም ጸላእቲ ዘለውዎ ስፍራ
ቀሪቦም ነበሩሞ እቱ ዝጎልቕም መኰንን ጣልያን ኣብ ፈረስ ቁጭ
ቢሉ ኣብ ማእከሎም ከይኑ ኵሎም ከምዝሰምውዎ ገቢሩ ‹ኣይዘኻ
‹ኣ ጸሊም ዓስክር ኤርትራ ፤ እዞም ክትዋግኦም እትደሊ ዘሎኻ ጓሰ
‹ት እዮም እምበር ካልእ ኣይኮኑን ፤ ጸዓዱ ምኽኖም ግዲ የፍርሃኽ
‹ይኸውን እንተኾነ ከማና ኣይኮኑን ፤ መድፍዕ የቢሎም ብዙኅ
‹ጥይት የቢሎም ፤ ከማና መነጽር የቢሎም ፤ ከማና ርኪት የቢ
‹ሎም ። ንሕና ጥራይ ኢና ንፉዓት ፀዓዱ ፤ ንሕና ጣልያን ገይቶ
‹ትካ ። ሕጋ ኽዓ በሎ ኣይትፍርሃዮ ፤ ኣጣል ኣግማል ኣሓ ኣእ
‹ዱግ ኣባጊዕ እንተ ረኽብና ካብኤን ሓሪድካ ክትበልዕ ክንህበኻ

‹ኢና ። ግን ወርቂ እሞ ብሩር ወይ ካልእ ንኡ ዝመስል ኣቕሓ
‹ረኺቡ ንኣኡ ዝነገረ ግን ወይሉኡ ፤ ሃፍን ኽርበጋ ኣብ ቅድሚ
‹ኵሎም ብጥራይ መቕመጪኡ ክልምጥወ እየ ። ሕጋ ኽዓ ፤ ሰሚ
‹ዓኩሙኒ ዶ ኵሉ ኣቕሓ ኣነ እየ ዋናኡ ፤ ንይታኽም ኣነ እየ ዝረ
‹ኽብኩሞ ንኣይ ኢኽም እትህቡኒ ። ንስኻትኩም ኣብ ትሕቲ ሰን
‹ደቅ ዕላማ (በንደራ) ጣልያን ከይንኩም ብሞውጋእኩም ደስ ክብ
‹ለኩምን ክትኰርዑሉን ይግብኣኩም ፤ ንሕና መንግሥቲ ጣልያን
‹ዓበይቲ ኢና መራኽብ ባቡራት መዳፍዕ ጠበናገፎ ነፈርቲ ባቡራት
‹ኣለዋና ፤ ምእንትዙይ ኣጸቢቕኩም ክትዋግኡልና ግዲ እዩ ፤
‹ሕጋ ከዓ ኵልኻትኩም ከምዙ ኣነ ዝብል ሺሻ ኢጣልያ ፤ ኣማ
‹ኑኤል ንጉሥና ኣሺሾ ቢልኩም ጨሪሑ › ቢሉ ነገሩ ፈጸመ ።
እዙይ እዩ ንቶም ኣብ ውግእ ዝቀራረቡ ዝነበሩ ኣጉባዝ ሓበሻ
ዝንገር ቃል ። ብገንዘብ ዝተሸጡ ወተሃደራት ድኣ ኣይኮኑን ። እን
ካብኡ ገዓቢ ቃላት ኪሰምዑ ምኣስ ይግብኣቶም ። ንሱ እንከናገ
ሮም ከምዙ ኻልእ ማንም ኣፍሪቃ ፤ ዓደቦ እንታይ ከምኽኑ ዘይፈ
ልጡ ፤ ምእንቲ ዓዶም እውን ንሳቶም እንተ ዘይከነስ ኣበታቶም
ብዙኅ ጊዜ ከምዝተራኸቡዎ ፤ ሓበሻውን ጨዋ ልቢ ከምዘለዎ ብዙ
ኅ ነገራት እውን ከምዝሓስብ ፤ ጽሩይ ስምን ጋዕግንትን ደልዩ እም
በር ምእንቲ ክልተ ፈረንካኡ ከምዘይመጸ ኣይፈልጥን ነበረ ።

ኣብ ውግእ ዝቀራረብ ወተሃደር ድኅነታ ወይ ዕብየታ ንዓዱን
ንወለዱን ንሰበይቱን ንደቁን እንተዘይተሰምዩሉ ፤ ብልቢ ከምዘይዋ
ጋእ ንፈልጥ ። ኣብዙ ነገር እዙ ሹመይና ጣልያን እንክ ሓደኳ ንዙይ
ዝትንኪ ኣይነበሮን ከምዙ ካብ ዘይፈልጥ ስፍራ ቄላዑ ኣኪብክ ኣም
ጺእካ ሓደ ነገር ክገብሩልካ ከምትገንሑምን እናሸምጠጥካ እውን

ልድ ክብሉ ከለዉ እቶም ደቆም ከዓ ንደቆም፤ ክትርስዕ ክትርስዕ
ደም ሓበሻ አይትረስዕ ከምዝብሉዎም ደምነት እዙይ ንዘለዓለም ክት
ተኽሉ ከምዝኽንኩም አይትሓስቡንዶ። (፮) ብዓል ትኳበ ከምዙይ ቢ
ሎም ናብቱ ጸላእቲ ዘለውዎ እንክጉዓዙ፤ በቱ ሓደ ወገን ኣዕራብ ንዘ
ም ጸለምቲ ሽዩጣት ንዘም ዓብድ ማሳዋሕ (በራዩ ምዕዋዕ ማለት) ክዋ
ግኡ ይቀራረቡ ነበሩ። ንሳቶም ከምዙ ኣብ ዓድና ዘለዉ ትግረ እሞ
ሳሆ ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ሓደ ዓዲ እናተጓዓዙ፤ ኣብ ተወን ዘለዎ ኽይ
ዶም ማለሞም ዘብልዑ ጓሶት ዘላን'ዮም። ጥሬቶም ኣድጊ ገመል በጊዕ
ጤል ፈረስ እዮም፤ ኣፍራሶም ስሙያት እዮም ፤ ብጋልቦ ንፋስ ብዘይ
ምድካም ከዓ ኃዚን እዮም ዝበሃሉ። ኣውራ ዝጠቕሞም ማል ገመ
ል እዩ ፤ ንሱ ካብ ሓደ ናብ ሓደ ክኸዱ ኣቓሑኦም ጥርፍ ኣቢሉ
ተሰኪሙሎም ይኸይድ ፤ ማይ ብዙኅ ዘይጸምእ ብምኽኑ እውን
(ወርኂውን ይኣ ይጸንሕ እዩ ከይሰተየ) በቱ ነቕጻም ሃገራት እቱይ
ዋናኡ ተሰኪሙ ናብ ዝደለዩ ስፍራ የብጽሑ ፤ መሓመድ ዝባረኽ
ማል እዩ ዝበሃል እሞ ፤ ምእንትዙይ ብመንፈሳውነት እውን የጥር
ይዎ እዮም ፤ ስለዚ ይኸውን ከስ ኣብ ሃገርና እስላም እምበር ክር
ስቲያን ዘየጥርይዎ፤ ጸበ ገመል ዝሰተየውን ከምዝመስለመ እዮም ዝቔ
ጽሩዎ ። ሓደ ጊዜ ይፍለጠኒ ኣነ ብእንሽዶይ ምስ ሓደ ብዓል ገመ
ል ተራኽብኩ እሞ ሓሊቡ ሓሊቡ ኣብ ሓርቢ ገቢሩ ክሰቲ ረኤ
ኹዎ « ሓሊብ ገመል ሰኒቱ ማመ "ቢለ ጠየቕኩዎ ፤ ኣፎ ፤ ትሓዘ
ኣና ግል ሃይበካ ንዓ" በለኒ፤ ኣነ ኽዓ ውጥምና ኽይተርፍ እስኪ ድኣ
ጸባኡ ክጥዕም ቢለ ምስ ቀረብኩ እቱ ጓሳ'ቱይ ከንፈር እቱ ሓርቡ

(፮) እዙይ'ውን ብ፲፱፻፷፰ ኣብ ሓመደ ዚበሃል ቦታ ንሠራሕተይናታት ምስ ቀተ
ሱሱ፤ ጣልያን ነኣዕራብ ሹተ ቢሱ ንሓበሻ ኣጎለቕም ።

ከምትገእዶምን ፤ መንፍዓትካ ኹሉ እናውረኻውን ክምተደራርቦ
ምን ከምኡ ቔጺሩዎም ነበር ። ኣብ መወዳእታ "ቪቫ ኢጣልያ"
በሉ ምስ በለንከ እቶም ኩሉ ዘይሓስቡ ብጋውሕታ ዝጥዕም ድም
ጾም ፤ ኡእ እናበሉ "ቪቫ" እንክብሉ ፤ እቶም ለባማት ፤ ምስ
ኣም ከዓ ትኳበ፤ ሕንቕንቕ ቢሎም ምረር ንብዓት ነብው ፤ ክመይሲ
እዙ ኣብ ላዕሊ ዝበልናዮ ነገራት ናብ ሓሳቦም መጸም ። ምስ እቶ
ም ዓዶም ከድጎኑ ዝቀራረቡ ዝነበሩ ጓሶት ኣብዳው ንርእሶም እን
ተጠማመቱ እውን ሕንኽ ይብሉ ነበሩ ። ሰብ ምድረበዳ ብዙኅ
መንፍዓት የቢሎምን ኣብ ውግእ ። ጠበናዥ ብዙኅ ኣይርህዎን
ነበረ ፤ ጠያይት ዝገደደ ፤ ንጉሥ የቢሎም ሹመና የቢሎም እንከለ
ዉስ፤ ብዝከኣሎም ንታ ዓዶም እንካብ ኢድ ጓና ከድጎኑ ይዓጥቁ
ሓበሻ ግን ኣብ ዓዱ ንጣልያን ክኣትዉ ሱቕ ቢሉ ርእዩዎምስ፤
ከም ልቢ ዘይቢሉ እንስሳ እናሰገደ ተገዚኡዎምሰ ፤ እዙይ ከይኣ
ኽሉ ከዓ ንቶም ንዓዶም ክከላኸሉላ ዝደለዩ ሰባት ክዋጋእ ይቕ
ረብ ኣሎ ። ተገዚኢን ንኻልኦት ክገዝኡ ኽዓ መጋበሪን ፤ ንኡ ሓን
ቲ ኣይክትኣትዎ ፤ ዓዱ ሓንቲ ኣይክጥቀመሉ ፤ ንቶም ደቂ ምድሩ
ሽሕኻ ርኡቓት እንተኾኑ ፤ ደቂ ኣፍሪቃ ምኽኖም ዘይተርፎም
ጐረባብቱ ከግዝእ እዩ ዝመጸ ። ንሳቶም እንካብ ጥንቲ ዘመን ጸላእ
ትና እዮም ምስ ጣልያን ከይንና እንተ ተዋጋእናዮም እውን ድሓ
ን ፤ ጸላእትና እንካብ ምድሪ እንተተደምሰሱ ይሓይሽ ዝብል
ግዲ ኣይስእንን ይኸውን ፤ እንተኾነ እዙ ንስኻ ንኻልኦት ኣትገብሮ
ዘሎኻ ፤ ሓደ መዓልቲ ከምዝወድቀካዶ ኣይትፈልጥን ፤ ጣልያን ወደ
ፈረንሳዊ መሬሑዎም ንኣኻ ኽዋጋኣካ ምስ ዝመጽእ ከመይ ዝበለ
ሒነ ክፈድዮኻ ከምኽኖም ኣይትፈልጥንዶ ። ኣዕራብ ንይቆም ዉ

ሰኹኺ ቢላ ስዕም ኣበለትኒ ፤ እንካብኡውን ተዓረቕና ። እዙ ኹሉ ታሪኽ ፤ ጸብ ገመል ክንደይ ዝፍራህ ከምኺኑ ዚረድእ እዩ ። ኣብ ትሩቡሊ ግን ንሱ ኽምዝኽነ ቀለቦም ኣይፈለጥናን ነበርና ። እዞም ብምድረ ባዳ ኣብዳው ዝተባህሉ እዚኣም ዓዶም ንቑጽ ብምኺኑ ማይ ውን ሓጋዩ ምስ ክረምቱ ዘይነጥበ ብምኺኑ ብዙኅ ዘራእቲ የቢሎ ምን ፤ እተን እንስሳታት እቲኤን እንተዘይህልዋኣም እውን ጥሚት ምሞቱ ይመስለኒ ፤ ግን ኣበይዝጊ ብኹሉ ኣይድርብየካን እዩ ። ኣውራ ኣብ ዓዶም ቅሩብ ማይ ዘለዎ ስፍራ ዝበቕል ኣም ተምሪ እዩ ፤ ንሱውን ዓይነተይና መግቦም እዩ ፤ እንካብኡውን ንቱ ዕጸ ይቱ ኣንኩሎም ዘስክር መስተ ይገብሩ ። እንተ ድኣ እቱ ዓይኒ ማይ ዘለዎ ስፍራን ከዓ ጉድ እዩ ፤ ገነት ድየ ዘሎኹዎ ምድሪ ኢኺ እትብል ይብሉ ። ንሳቶም ዝበዝኅ ጊዜ ኣብ ጥቓ ከምዙይ ዝበለ ስፍራ እዮም ምንባሮም ፤ ነጋዶም ከኣ ኣባኡ እዩ ምኅዳሮም ።

ዓረብ ትውልዶም ደቂ እስማኤል ወዲ ኣጋር ኣመቱ ንኣብር ሃም እዮም ፤ ኅብሮም ዝበዝኑ ቀያሕቲ እዮም ፤ ግን እቱ ሃሩር ቅሩብ ንቱ ገጸም ኣጸልም ምስ ኣበሉ እዩ ፤ መልክዖም ሠናይ እዩ ፤ ቁመቶም ኣብ ምንዋሕ ኣቢሉ እዩ ፤ ኣንስቶም ከምዘን ኣብ ዓድና ዘለዋ ሰብ መታሕት ዝኽደንኣ ኣከዳድና እየን ዝኽደና ፤ ወትሩ እተጐልበባ ብምኺን እውን እንካብ ሰባኡተን ኣጣሊጸን ይቐይሓ ፤ ኣረገውቶም ኅፉራት ሰብ ግርማ ጭሕሞም ዘው ዝበለ ፤ ቈላዑኣም ደፍጫጫት ድምሉቕሉቕ ዝብሉ ጽጉባት ጸባ እያቶም ። ሰብኡት ክዳኖም እንካብ ርእሶም ክሳብ ኵርኵሮ እግሮም ምስ ተጨፍነኑ እዮም ፤ ዕማመት ኣብ ርእሶም ይገብሩ ፤ ምስኡ ኽኣ ብቱ ነጸላኣም ይጕልበቡ ። ሓደ ዓረበታይ ወይ ከዓ ካልእ በደው ጥራሕ ኢዱ

ኣቕረበለይ ፤ ኣነ ምዕጉ ኣበልኩ ፤ ክውሕጦ ጋርምር ምስ ኣበልኩ እውን ነፍሰይ ስኽፍክፍ ቢሉኒ ብጭ በልኩዎ ። ወዮ ሰብኣይ ንቱ ቅዱስ ጸባኡ ዝደፋእኩሉ ደስ ኣይበሎን ፤ "እህ" ቢሉውን ኣኽንፍር ኣበለለይ ፤ በይንና እንተ ንኽውንሲ ቀጥዓኡ መውጸኣለይ ነቢሩ ይመስለኒ ፤ ግን እቱ በረኻ ጽሙዋ ኣይነበረን ፤ ዝገድድ ግን ንዳጎራይ መጸልኩም ። ገዛይ ምስ ኣተኹ ናይ ስብእነት ነገር ይኣ ገቢረስ ነደይን ንኃውተይን ነጊርኪ ምግዳፍ ፤ ክበልዓኒ ቅሩብ ተረፈን ኣንታ ዓንጥል ኣንታ ሕማቕ ፤ ኣንታ ዓሻ ዘሎ ዝኽነ ጸርፊ ኣሰክማኒ ፤ ኣነ ኽዓ ወይ ኃጢኣት ምኺኑ ኣረድኣኒ ወይን ከዓ ብምን ታይ ምክንያት ከምዙይ እትብላኒ ምባል ፤ ኣባኡውን ብቱ ቅሩብ ናይ ትምህርተ ክርስቶስን ናይ ወንጌልን ኣፍልጦ ዝነበረኒ በ...ል ምባል ፤ ዘቕረቡልኩም ብልው ፤ ካብ ኣፍ ዝወጽእ እምበር ብኣፍ ዝኣቱ ኣይኮነን ንሰብ ዘርኩሶ ዝብል ጥቕስታት ወረደ ፤ ኣደይን ኃውተይን ንእኡ ዝስዕር ኣብነታት ከምጽኣ ጎጽ ምባል ፤ ኣዕራብ ዝዓመሙዎም ሰባት ናብ ዓዶም እንክምለሱ ፤ ካልእሲ ዝገቢሩና የቢሎምን ጸባ ገመል ድኣ ኣመንጊጎም ኣስቲዮምና እምበር ዝበሉ እኳ ክንደይ ርቕየትን ጸሎትን ዘድለዮም ፤ ንስኻ ግዳ ኣይጠሚኻ ኣይተኃይልካ ዝገበርክዮ ነገር እንታይ ከምዝኽንካ ሕሰብ በላኒ ። ወዮ ብሳላ ዝተማህራ ምኺን ድኣ ብዙኅ ነገራት ሸለል ቢለ ንኣ ነበራ እምበር እንተዘይኽናስ ኣደይ ከልተ ቐነ ወይ ኣብ እንኳ ኣባ መጣዕ ወይ ከዓ ኣብ ካልእ መንጫዕጫዕታ ክትሰደኒ ነገራ ብዙይ ከምዝተሃወኻ ምስ ርኤኹ ፤ ኣደዋ ፤ ሰትየ ዝብለኪስ ጥዒ መዮ ማለት እየ እምበር ምኣስ ኣውሪደዮ በልኩዋ ፤ ሻዉ ኣደይ በዣኺ ድፍእ የብለኒ ገባር ወደየ ሱቕ ቢለኽ እየ ትቕይቕ ዘም

ተቐበለ ፤ ተመሊስካ እንተገደፍካስ ኣልቦ ፤ ካልኣይ ሣልሳይ እንተ መጻእካስ ቅባጭ ፤ "ኣይገበርኩዎን" ይብሎም ፤ ወዮ ቄልዓ ተወሊዱስ እግሪ ተኺሉስ ዓብዩስ ወዲ ፷ ዓመት ክዊኑ ድጎሪ ተመርሚዩ ነቦኡ ፤ "ኣቦ ሰበይተይ ክትወልድ ደልያ እሞ ፤ መደቀስ ቄልዓ የድልየኒ እዩ" በሎ ፤ ኣቦኡ ኸዓ "ንስኻ ከይተወለድካ ንኣኻ ዝኸውን ንእከላ ወዲ እከላ ሥርሓለይ ቢለዮ ነቢረ እየሞ ሎሚስ ሠሪሑዎ ይኸውን እዩ ኪድ ወደይሲ ካብኡ ኣምጽኣዮ" በሎ ፤ ኬድካ እንተ ገደፍካ ወዮ ጸራቢ ፡ኣረ እንታይ ኢኹም ክንድዙይ እልበተይ እተ ጽግቡኒ ፤ ኣነ ቀልጢፍካ ዝግበር ሥራሕ ኣይፍተወንን እዩ ፤ ሕዝ ኸዓ ክሠርሓልካ እንተዘይደሊኻ እንካልካ ገንዘብካ፡ በሎ ፤ ብ፭፩ ዓመት ዝሃቡዎ ሥራሕ ከይፈጸመ ጸንሐ ።

ከማኡ ኸዓ ኣብ ሓደ ገዛ ሰብኣይን ሰበተይን ከፍ ቢሎም ቃሊ ብም ስትይ ድጎሪ ኣምሲዮም ፤ ሰበይቲ ድራር ገቢራ መጸት ፤ ድራሮም ግርም ነበረ ፤ እቲ ማዕጸ ከይዓጸወት ክንዲ ዝረሰዓቶ እንከ ፤ ንሰብኣያ ሕዝስ ከፍ ቢለ እየሞ ኪድ ንስኻ ዕጸዎ በለቶ ፤ ፡ባዕልኺ እንተደለኺ ዕጸዊዮ»፤ ፡ንስኻኸ ዘይትዓጽዎ» ንስኺ እባ ዘይትዓጽዊዮ ክበሃሃሉ ነዊሕ ድጎሪ ተኻሊሑም ፤ ወዮ ሰብኣይ በሊ ፋጥማ ዘረባ ከየ ብዛጎናስ ሱቕ እሞ ንበል እንካብ ክልቴና ቅድሚት እተዛረበ ይዕጸዎ በላ ፤ ሕራይ በለቶ ። ማእዶም ኣብ ቅድሚኡም ተቐሪቡ እንከሎ ወስ ክይበሉን ከይተዛረቡን ቃሊቦም ቡቕቡቕ እናበሉ ሱቕ በሉ ። ኸብቱይ ሓደ ለማኒ መጺኡ "ሃብቲ ውህበት ረቢ እዩ ሕዝ ኸዓ እንካብኡ ንኣይ ንመንገይደና ትኹቡለይ" ቢሉ ለመነ ፤ ሓደኸ እንተዝ ምልሰሉ ፤ ኣንቱም ገዛ ርጉማት ኢኹም ይርዳእካ እኳ ኣይበልኩ ምንን ቢሉ ባዕሉ ተደርገመ ፤ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ኣቦይዝጊ ዘጽን

ክኸይድ ምርኣይ ከም ዕፁብ እዩ ፤ ጠበንዣ እንተዘይረኸቡ (እን ካብ ኩሉ ዝፍተዎም ጸር እውን ንሱ እዩ) ወይ ኩናት ወይ ሰይፊ ወይ ጻልቃ ጒዞም ይኸዱ ፤ ወትሩ ፤ ዝከኣሎም እንተ ድኣ ኸነ ፤ ማ ለት እቶም ሰባኡት ዝመሰሉ ፤ ኣፍራስ ተወጢሖም ይኸዱ ። ጠበ ዮም ብሓቂ ዘይምስጉናት እዮም ፤ ዘይእሙናት ከዳዕቲ ተቐየምቲ እንተ ድኣ ጠዓሞም ዘይመሓርቲ ጨካናት እዮም ፤ ምስ ሓደ ዓረብ ተወዓሚለ ኣብ ውዕሉ ረኺበዮ ማለት ሓሶት እዩ ፤ ዝመሓሉ ምሕ ሎም ፤ ኣሚንካዮም እንተ ኸድካ ስሒቐም እዮም ዘፋንዉኻ ፤ ኣዕ ይንቶም ሰም ከየበሉ እውን ዋላህ ዘይፈልጠካ ምባልካ ኣየኅፍሮ ምን ቢሎም ፈረንጊ ይጸርፉዎም ።

ንዙ ኹሉ ዝደላደል ጽቡቕ ነገር ከዓ ብዙሕ ኣለዎም ፤ ሃይማ ኖቶም ቀጥ ኣቢሎም ምስ ኃዙ እዮም ብዝኸነ ይኹን እውን ጸሎ ቶም ኣየብኩሩን ፤ ምስኣምኳ ትዛረብ እንተሎኻ ጥንጥን ኣቢሉ ምኻ ናብ ስግደቶም እዮም ዝኣትዉ ፤ ከምኡ ካልእ ሕዝቢ ኣይ ምገበረን ፤ ንጋሻ ተቐበልቲ እዮም ፤ ኣብ ርእሲ እዙይ ከዓ እቲ እንካብ ኩሉ ዝበልጽ ናይ ነጻነቶም ፈተውቲ እዮም ። ወትሩ ኣብ ኣበይዝጊ ምስ ተኣመኑ ፤ ዝኸነ እንተኸነ ንሳቶም ግዲ የቢሎምን ፤ ምእንትዙይ ሥራሕኳ ምሥራሕ ንኸብዶም እንተኸነ እውን ግዲ ኣይሞቱን ፤ እዙ ግዲ ዘይሙማት እዙይ ብዙይ ጥርጥር እንካብ ሃኬቶም ዝመጸ እዩ ፤ ከመይሲ ሃካያት ይኣ እዮም ። ንዙይ ዘረድእ እውን ሓድሓደ ታሪኽ እኒሆለ ፤ ታሪኻቱን ነገራቱን ካብ ሓደ መጽ ሓፍ ወረ ብጣልያን ዝተጻሕፈ ዝቕዳሕኩዎ እዩ ። ሓደ ሰብኣይ ሰበ ይቱ ክትወልድ ምስ ቀረበት ናብ ሓደ ጸራቢ ኸይዱ ገንዘብ ሂቡ በገ ኻ ቀልጢፍካ መደቀስ ቄልዓ ሥርሓለይ በሎ ፤ ሕራይ ቢሉ

ሓሉ ማእዲ ዝነበረ እውን በል ቢሉ በሊዑ፤ ጸጊቡ፤ ንቱ ሥጋ ፍሓ
ቹ ፤ ኣዕጽምቱ ናብ ክሳድ እታ ሰበይቲ ኣንጠልጠሎ ፤ እዙ ኹሉ
ክገብር ሓደ ዘረባኸ ። ንሱ ተበሊጹ ከብዱ መሊኡ ወጸ ። ብድጎ
ሬኡ ሓደ ከልቢ ትሙስሙስ ክብል ናብቱ ገዛ መጸሞ ፤ ተራጒዉ
ምስ ረኣዮ ኣተወ፤ ውጻእ ዝብሎ ዘይቢሉውን ኣብቱ ውሽጢ ህሙ
ስሙስ ይብል ነበረ ፤ ደኃር ናባኣቶም ቀረበ ፤ ዘይዛረቡ ምስ ረኣየ፤
ነፍሱ ኣሚኑሉ ወዮ ኣብ ክሳድ እታ ሰበይቲ ተኣሲሩ ዝነበረ ኣዕ
ጽምቲ ርእዩ ፤ ክበልያ ውጥም በለ፤ ሽው ወያ ሰበይቲ ኪድ ኪድ
ቢላ ሰጐገቶ ። ሰብኣያ እናሰሓቐ "ተናጊርክ፤ ኪዲ በሊ ዕጸዊዮ„
በላ ። ሓቕኻ ተዛሪበ ከዓጽዎ እኽይድ ቢላ ዓጸወቶ ። ብጥሜት
ዕዅልል ቢሎም ከብዶም እናሓሰዩ ኃደሩ ፤ ንምጓሒቱ ሰብኣያ እና
ላገጸላ ፤ ርኢኺዶ ወይዘሮ ፋጥማ ምሳና ምስ በዓል ኣያኺ ይኣይ
ክትዋረዲ ፤ ኣነ እኳ ኣይተዛረብኩን፤ ንስኺ ግን ተዛሪብኪ በላ ።
ሓቕኻ ተዛሪበ፤ ግን እቲ ኽልቢ እቱይ መጺኡኒ እንተዘይኽውን እኳ
ኣይምተዛረብኩን ነቢረ ፤ በለቶ ። ከምዙይ ቢሎም እታ ትንሥእ
ቢልካ ማዕጸ ምዕጻው ተሃኪያቶም ጸምም ኃደሩ ።

ከማኡ ኽዓ ሓደ ሰብኣይ በለሱ ክቕንጥብ ምስ ወፈረ ፀሓይ
ወቒዑ እንተገደፎ ተጸሊኡዎ « ኢና ሊላህ » እዚኣስ ምስ ረቢ ድኣ
ንጸንሓ እምበር ከምዙይ ቢልካስ ኣይሥራሕን ቢሉ ኣብ ጽላል ተቐ
መጠ ። ሽቡ ሓንቲ ሰበይቲ እናበኽየት ክትሓልፍ ረኣያ ። ንሱ ሓደ
ጋዕጋዕ ኣረጊት ነበረ ፤ "እንታይ ኮንኪ ኢኺ፤ ጓለይ" ቢሉ ሓተታ፤
"ውሉድ ስኢነ ፤ ኣቦየ ፤ ሰብኣየይ ከዓ ወትሩ ይወቕዓኒ ከይፈትሓ
ኒን እሞ ምምናን ኣብዩኒ" በለቶ ። "በለሰይ ድኣ እረይለይ እምበር
ኣነ ውሉድ ኣውህበኪ„ በላ ፤ ሕራይ በለቶ ። ክትኣርየሉ ምስ ከደት

እውን ንሱ ንቱ ጥርቡሹ ኣውጺኡ ሰኪኑ (ከራ) ገቢሩ ንቱ ረር
ስሓቱ ቅርፍ ኣቢሉ፤ ወዲኣ ምስ ተመልሰቶ ‹እንኪ ንዙይ ብማይ
በጽቢቢጽኪ ስተዩዮ» ቢሉ ሃበ ። ንሱ እንከ ቀታሊኣ እምበር
መውለዲኣ ኣይከናን ። ርእዩ ትህኪት ናበይ የብጽሖም ።

ከምዙይ እዩ በሉዎ ጠባይ ዓረብ፤ ሎሚ ግን ሓደ ጺላኢ ወተሃደ
ር ይመጸኩም ኣሎ ም ስበሉዎምስ፤ ትህኪቶም ገዲፎም ናብ ውግኣም
ይዕጠቐ ነበሩ ፤ ኣብ ማእከል ዝንቅዋ ኣባጊዕን ኣጣልን ኣጽዋሮም
ዘማኣዛዝዉን ጕራዴኣም ዝስሕሉን ጠበንጣኣም ዝወላውሉን ፤
ሥርዓት ኣፍራሶም ዝተበትከ ዝኾነ ዝሰፋፍዩን ምርኣይ ክንደይ
በበይኑ ዝኾነ ነገር እዩ ፤ ኣብ ማእከል እቱ ህድኣት ምጎዳር፤ ናይ
ውግእ ጫውጫውታ ፤ በቱን ኣሳብኡት ሓኾትከት ዝብሉ ፤ በቱይን
ኣንስቲ ንብዓተን እናሓሰሳ ስንቆምን ኣቓሑምን ዝቐራርበሎም ፤
በቱይን ቁላው ኣበታቶም ከዕገርግሩ ብምርኣይን ኣዴታቶም ክበ
ኽያ ብምስማዕን ጫጭ ክብሉ፤ በቱ ኣዅታት ንሕናውን ንዘም ካፍር
ክንዋግኣም ኢና እናበሉ ክፍክሩ፤ በቱይን ዓበይቲ ሽማግለታት
ኣይዘኹም ደቀይ እናበሉ ኽደራርዉ ፤ በቱይን ገለኣቶም ሸኻት
ንመዲና ኣቢሎም ገጸም እንካብ መሓመድ ረድኤትን ስዕረትን ክህ
በም ክልምኑዎን ፤ ብሓደ ወገን ከኣ ኣፍራስ ክሕምሕሙ ርእዩ፤ ልቡ
ዘይለዓሎ ሰብ ፤ ኣበይዝኺ ልቢ ኣይፈጠረሉን ማለት እዩ ።

ብኹሉ ድጎሪ ተሰናዲዎም ንቐል ንቐል ከነ፤ ደቆምን ወለዶምን
ኣዝማዶምን ስሚሞም፤ ፈረስ ዘለዎ ናብ ፈረሱ ፈረስ ዘይቢሉ ኽዓ
ብእግሩ ኽይኖም ነቐሉ ፤ እቶም ኣውራ ተባዓት ቀቅድሚት እና
ኽዱ "ላኢላህ ኢላላህ መሓመድ ራሱል ኣላህ„ ዝብል ደርፎም ሒዞን
እናበሉ ይኽዱ ነበሩ። ሓደ እንካበኣቶም ኣይዘኹም ደቂ ዓድና እዘም

ጸና እዩ እናበሉ ይሓስቡ ነበሩ ፤ ግን ንሽዑስ ዝበሉዎም ክገብሩ ግድነት ከኖም ። ሻብቱይ ልቦም ፎቕፎቕ በሎም ፤ ሽዑ አዲኡ ምን ኣበኣምን ዘከሩ ፤ ሻቡ ዓዶም ተራእዮም ፤ ኣብዙይ እንተሞት ኩስ ዝቐብረኒ የብለይ ዝፈልጠኒ የብለይ ዝብል ሓሳብ መጸቶም ፤ ሻብቱይ ናብ ዓዲ ጓና ከይድካ ምእንቲ ሃገርካ ሓደ ጥቕሚ ዘይት ረኽበሉ ውግእ ምግጣም ክንደይ ዕሽነት ከምዝኾነ ተፈለጦም ። ውግእ ኣሸምባይ ይኣ ኣብ ካልእ ሃገርን ምእንቲ ሓደ በዕዲ መን ግሥቲ ክትዋጋእ ቢልካ ምስ ተቐረብካስ ፤ ኣብ ሃገርካን ምእንቲ ሃገርካን ክትዋጋእ እንከሎኻ እኳ ኣብ ኣንፊ ሞት ከምዘሎኻ ፤ ሓንቲ በራሪት ዓረር ዕድሜኻ ከምተሕጽሮ ምሕሳብ ፤ ወትሩ ዘፍርህ እዩ ። ሻቡስ ትቡዕ እኳ ይኹን ቅሩብ ከብዱ ሕብጭብጭ ዘይብሎ ሰብ የለን ፤ ሃገርና ንዙ ፍርሃት እዙይ ብፍከራን ብዋዕዋዕታን ቅሩብ ይጐላብቡዎ እዮም ፤ እንተ ድኣ እዞም ኣብ ትሩቡሊ ክዋግኡ ተቐሪቦም ዝነበሩ ዓስከር ግን እዙይኳ ክገብሩ ኣይተኻእሎምን ፤ ከመይሲ ኣብ ታዕሊም ጣልያን መዝመርያ ዝተኣዘዘ ነገር ስቕታን ኃለቓኻ ከይኣዘዘካ ኸዓ ወስ ዘይምባልን እዩ ። ኣብ ልቢ ዓረብ ዝነበረ ሓሳባት ግን ተጻዩ እዩ ፤ ንሳቶም ኣብ ምድሮምን ምእንቲ ምድሮምን ክዋግኡ ኸምዝኾኑ ይፈልጡ ነበሩ ፤ እንተተሳዕሩ መሀደሚ ይፈልጡ ፤ ማይ እንተጸምኡ ወገኑ ይፈልጡ ፤ ናብ ሓደ ዓዲ እንተኣተዉ ዚጎድሮምን ዘዕቀቦምን ኣይስእኑን ፤ እዙይ ኩሉ ነገር ኣብ ውግእ ንወተሃደር ፤ ዓቢይ መደራርሚኡ እዩ ኣብ ርእሲ እዙይ ከዓ ኣስላም ከምኽኖም መሓመድ ንክርስቲያን ክንዲ ዝቐተል ኩሞ መጠን ክንዳኡ ዓስብኹም ኣብ «ጀነት» ዝበለጸ ክኸውን እዩ ፤ ኣብ ከምዙይ ዝበለ ውግእ ዝሞተውን ተር ኣቢለ ናብ ገነት

ካፍር እዚኣቶም ከዓ ሎሚስ ናብዙይ መጺኡም ንኣና ክደፍሩና ኣይነገር እኳ እዙይስ ፤ ደቂ መሓመድ ናብ ካልእ ዓዲ ኸይዶም ይገዝኡን ይዘምቱን ነበሩ ይበሃል እምበር ፤ ካልኦት እንካብ ካልእ ሃገር መጺኡም ይዘምቱዋቶም ነበሩ ኣይበሃልን ። በቦታትናን በባሓጎታትናን ዘይተገብረ ነገር ፤ ሎሚ በኣና ኣይገበር ፤ እምበኣር ሎሚስ ጎፍረት ንበል ፤ ሓደው ዓድና ኣውጺእና ሓደው ኣባኣ ተቐቢርና ፤ ሰብና ወይ ናይ ስዕረትና ምልክት ኒዝናሎም እናፈከርና ምእታዎም ፤ ወይ ከዓ ወረ ሞትና ምስማዖም ፤ ሓንቲኣ እያ ይብል ነበረ ። በዙ ባህሊ እዙይ ተለዓዒሎም ኩላቶምውን ኣይዘ እናተበሃሃሉ እንደገና ኣድሚቐም ይደርፉ ነበሩ ፤ ጉራደኣምን ሰይፎምን መመዚዘም እውን እናምበጥበጡዎ እዚኣ ሎሚ ብደም ሓደ ከልቢ እንተዘይቀዲሰያስከ ሰብኣይ ኣይትቕጽሩኒ ፤ ኣጋጦንጎላ ፈረሰይ ሎሚ ምሳሕና ደም ክርስቲያን እዩ ይብሉ ነበሩ ። በዙይን ወዲ እዙይን እናተደራርዐ ንመንገዲ ጥምም የብሉዋ ነበሩ ። ለይቲ ክይድ ድጎሪ ኃዲሮም ንወጋሕታኡ ምስቶም ዓሳክር ብማዕዶ ተረእእዩ ፤ ብወገን ጣልያን ተዓጠቕ ተሰለፍ ቢልካ መለኽት ምትርታር ፤ ኩላቶም ወተሃደራት ከም ኣሠራርዓ ኤውሮጳ ክልተ ሰልፊ ቐዳማይን ዳጎራይን ኮይኖም ተሰለፉ ፤ ብየማኖምን ብጸጋሞምን ከዓ ሰብ መዳፍዕን ሰብ ምትሪየስን ቆሙ ፤ ሻብቱይ እቱ ኃለቓኣም ጣልያን ንኩላቶም ኣብ ሰሰፈሮም ድጎሪ ኣትኒዙ ፤ ብምድረ ሰማይ ዝግልብጥ ድምጹ «ሓልዉ» ዝብል ትእዛዝ ኣዘዘ ፤ ብኡ ንብኡ ሻንጣኣቶም ኣብ ኣፍ ጠበንጣኣም ክሰኞሩ ኣዘዘ ፤ ደድጎሪኡ ኸዓ ኣብ ምድሪ በጥ በሉ በሎም ፤ እዙ ነገር እዙይ ኣብ ሓበሻ ተገቢሩ ዘይፈልጥ ብምኽኒ ፤ እንታይ ነገሩ እዩ ፤ ኣንታ በጥ ኣቢሉዶ በፍራስ ከርግ

አም ጣልያን ክሳብ ዝእዝዘም ድኣ ኣይጸንሑን እምበር ‹ሓፍ በሉ› ዝብል ኣዋጋ ሃበ ።

ኣብ ርእሲ እቶም ዝኣተዉ ኣዕራብ ፤ ብየማነ ፀጋም ካልኣት ይኣትውዎም ነበሩ ፤ ሻብቱይ ኣብ ማዕዶ ኽይኑን ዝተመልከተ ሰብ እውን ፤ እቱ ውግእ እቱይ በየናይ መዝመርያኡ በየናይስ መእተዊኡ ምኽኑ ክፈልጥ ኣይምተኻእሎን ፤ ሰልፊ ጣልያን ኣበይ ፤ ዓረብን ኣበይ ከምዘለዉ ኣይምፈለጠን ፤ ብዙኃት ብሓደ ተእኪቦም ዝወሳወሱ ሰብን ዝናጠሩ ኣፍራስን ዘንጸባርቕ ኣጽዋርን ፤ ዝትኸሰ ጥይትን ዝዳርን ደሮናን ጥራይ ምረአ ፤ ናይ ዝተወግኡ ገዓርን ናይ ወጋእቲ ፍከራን ናይ ኣፍራስ ሕምሕምታን በይኑ ምሰምዐ ነበረ ። ደቂ ሃገርና መዝመርያ እቱ ኣጽዋር ዓዶም ዘይነበሮም ብምኽንያት ብሻንጣ ክዋግኡ ጸገሞም ፤ ድኃር ግን ነገር ዘይትቕንዕ ምስ ረኤ ዩዋ ጉራዲኣቶም መለሓም ክትዓጸዱ ዝመሩ ፤ እቱ ጠዋይ ጉራዲ ሓበሻ ንክልተ ሰዓትስ ብሓደ ኽዓድድ ዝኽእል ፤ ንብዙኃት ሰባት ኣርግፍ ዘብል ኢዩሞ ፤ ንቶም ኣዕራብ ናብ ከብዶም ማይ ኣእተወሎም ፤ በብቕሩብ እውን ፈንትት ክብሉ ዝመሩ ፤ ሓበሻ ኣያ ኃውቱ ፈኪርካ በሎ ምባል ፤ ኣዕራብ መመሊሶም ምን ድጎርኃር ፤ ኣብ መወዳእታንከ ምስ በዝኖም ምስ በዝኖም ኣጸዕዲኻ ምህዳም ከነ ። ኣይሰዶ በል ተበሃሉ ፤ ንደቂ ኢትዮጵያ ብጉያ ዘርክቦም የቢሎም እሞ ኣረርኪብካ ንቶም መዓት ዝወረዶም ደቂ ዓረብ ዕጽድ ኣቢሎም ኣፍለሱዎም ። እቲኣም እንተሃደሙ ዓስከር እንተ ጐየዩዎም ጣልያን በቱይ ዓል እንተበለ ፤ እዙይ ዘይበሃል ትርኢት ነበረ ፤ ሠለስተ ሕዝቢ እከ እዮም ጠጠባይ ዓዶም ኂዘም ኣብቱ ውግእ እቱይ ዝወግሉ ፤ ደቂ ሓበሻ ዝጸንሑ እኳ እንተጸንሓኻ

ከእትዎ ኢየ ቢሉዎም'ያ ዝነበረ ዘኪሮም ፤ ውግእ ንኣታቶም ከም መርዓ ነበረ ። ብሓንቲ መዓልቲ ፤ ሽሕኻ ቀደም ቕርዓን ኣጸቢቑ ዘይሓለውዎ እንተ ነበሩ ፤ ንመሓመድ እውን ሸለል ቢሎሞ እንተነበሩ ፤ ብታ ሽዓ መዓልቲ ንኣአምን ንደቆምን ዝኣክል ናይ ጽድቂ ማዕረር ክዓጽዱ ፤ እንተሞቱውን ናብቱ መዓርን ጸባን ኣንስትን ዝመልኣአ «ጀነቶም» ክኣትዉ ፍጹም ይርበጹ ነበሩ ። እንተደኣ ንቕሩብ እዋን ግን ንሳቶም ሞት ኣብ ጥቓኦም ከምዘላ ፈሊጦም (ወዮ ኽታ ንዝ ሞት ክንፈርሃ ፤ እሞ ናበይከ ከነብል ኮይና ፤ ዘይውሪልና ኃዲርናስ ናባኣ ኢና) ንሳቶምውን ሰብ ምኽኖም ከይተርፎም ከስ ቅሩብ ቀዘዝ በሉ ፤ ድኃር ግን ንመሓመዶም እናተማነጸኑ ብዓቢይ ክላሕን ጽራጎን ናብ ኩናት ኣተዉ ፤ ኣተኣታትዎኡም ንቕድሚት ድፋእ እዩ እምበር መራሒን ሠራዊን የቢሎምን ፤ ዝብኢ ከምዘግለበን ኣሓ ተእኪበን ዳድ እናበላ ዝገልባ እዮም ። ከምኡ ቢሎም እናዳሮኑ እንክመጹ ዓስከር ጠያይቲ ከም ማይ ኣፍሰሱሎም ፤ እቶም ቅድሚት ቅድሚት ዝነበሩ ይዋኣት እዮም ዳርጋ ኩሎም ከምቂጽሊ ረገፉ ፤ ገሊኣቶም ንባዕላቶም ተወጊኦም ገሊኣቶም ግን ኣፍራሶም ምስ ተወግኡ እናሓምሓሙ ትኽል ፍጥም ቢሎም ኣበኡ ንዋናታቶም ኂዘም ተጠበሊሎም ወደቑ ፤ ናይ ቀዳሞት ሞት ንዳጎሮዎት ስግጽ እኳ ኣይበሎምን ፤ ኣጎዋቶም እናረገጹ ድኣ ንቕድሚት ኣቢሎም ይወናጨፉ ነበሩ እምበር ። እንካባኣቶም ውን ብዙኃት ወደቑ ፤ ግን ገሊኣቶም ምስቶም ከም ነብሪ ዝናጠሩ ኣፍራሶም ኣብ ማእከል ዓስከር ተኸቱ ፤ ነቶም ኣበኡ በጥ ቢሎም ዝነበሩ እውን ረጋጊጸም ኣስይፍቶም ብኽልተ ኢዶም ኂዘም ጋሃድ ፊ ሰፊል ኣላህ እናበሉ ኣበኡ ሰባት ወድኡ ፤ ወዮ ኃለቓ

ንሳቶም ምስ መሰየ ተሳፈሮም ሓዊ ኣእጉዶም ንቶም ዓስከር
ድራሮም ብካልእ ኣሰናደውሎም ። ኣብኡ ሻቡ መዓልቲ ገለ ኣጣል ዘማ
ሚቶም ነቢሮም እዮም እሞ ፤ ሥጋ ከም ድላዮም ጸገቡ ። ትድርር ምስ
ኣበሉ ኸስ ፤ ብዙኅ ደኺሙዎም ነበረሞ ፤ ክድቅሱ ኩርስ ኩርስ በሉ ፤
ብኡ ብኡውን ድቃስ ወሰዶም ። ትኳበ ሻቡ መዓልቲ ምስ እቶም ውዕ
ዮም ዝወዓሉ ኣጉባዝ ነበረ ፤ ብጋግንነቱን ብንጥፈቱን እውን ቅያ
ኣቢሉ ፍጹም ተወዲሱ ወዓለ ። ኣማስያኡ ክኸውንከ ክትድቅስ ቢሉ
እንክሰናዶ ከለ ፤ እንካብቶም ሻቡ ለይቲ ፍቕያታት ዝኾኑ ሓደ
ወጸ ፤ ዕጫኡ በጺሑዎ ። “ክላ ከላእ ይግዓዮ ኣብ ሕሱም ብዕራይ
ውሚልካ ናብ ሕስምቲ ሰበይቲ ኣይትእቶ ዝብልዎ ምስላ ፤ እዙ
ኾሉ ክጽዕርን ከደክምን ውሚለስ ድቃስ ለይቲ ኸዓ ክስእን ?
ኤህ ኣካ ድኣ” ቢሉ ብሓዘን ሕርር በለ ፤ ግን እንከ ናይ ወተሃደር
ነገር እንታይ ከምዝኾነ ፤ ወይ ብምክንያት ወይ ብልማኖ ወይ ከዓ
ደንጊጸም ከምዘይገድፉኻ ክንዲ ዝፈለጠ ንሓዘኑ ቀጕጥጥም
ኣቢሉዋ ነቐለ ። ፍቅያ ምግበር ማለት ኣብ ሓደ ስፍራ ወጺ
እካ ዝኣቱን ዝወጽእን ሰብ ምርኣይ ፤ ኢዩ ጸላኢ ብሃንደበት ከይመ
ጽእ ምስትውዓልን ምጥንቃቕን ኢዩ ፤ ወይለኡ ሸው ምስ ካልኦት
ዝዛረብ ፤ ወይለኡ ከፍ ቢሉ ዝርከብ ፤ ወይለኡ ድቃስ ጠሊሙዎ
ዝጸንሕ ፤ ብዘይ ጥርጥር « ኪሞት በቃ » ፈሪዶም ክርሸኑዎ እዮም ።
ኣበኡ ኸስ ቀጕሪ ይኹን ወይ ሃሩር ይኹን ክልተ ሰዓት ዝኣክል
ኣብ ሓንቲ ስፍራ ቀዊምካ ኢኻ እትነቅጽ ፤ ዝረኽበ ይርከብካ ፤ እን
ክብኣ ፍንትት ክትብል ወይ ከዓ ሥፍራ ክትለዋውጥ ኣቀማምጣ
ክተዘናብል እኳ ኣይከኣለካን ። እዙ ሥራሕ እዙይ ንዓስከር ክንደይ
ዝዓቢ ስኽፍታ ከምዝኾነ ምፍላጥ ፤ « ልብያ ልብያ ፤ ልብያ ልብያ ፤

ንቕድሚት ምድፋእ ፤ ጣልያን ንሱሉ ነገር ብትእዛዝ መራሒኻ
ግበር ፤ ሽሕኻ ጸላኢ ጸሩ ኂዙ ክተት እንተበለካ ዝኾነ እንተኾ
እውን ባዕልኻ ወስ ኣይትበል (ንሳቶም ከምዝብሉ) ፤ ኣውራኻ ተዘ
ፊሉ ከይበለካ እኳ ኣይትተኩስ ፤ ሱቕ ቢልካ እውን ተሓረደ ፤ ዝተ
ሉ ኢያቶም ፤ ዓረብ ከዓ መዝሙርያ ንሂርካ ምጻእ ፤ ኣብኣዶ ምቕናዕ
ትኣብየካ ኣየላን ፤ እግረይ ሃብኒ ቢልካ ተመላጠጥ ኢዩ ። ብሓጺር
ቃል እንከ ሓበሻ ዓቀን ብዘይቢሉ ጕልበት ፤ ጣልያን ብስምምዕ
ዓረብ ከዓ ብምግባርን ኃደጋን ፤ ሃብኒ ዝብሉ እዮም ። ኣብዳው ይቀ
ኣት እዮም ክሃድሙ እንከለውንከ ሓበሻ ደም ዝሰተየ ግርጉር ነ
ሪ ከይኖም ኃዘ ኣይትስደዶ ተባሃሉ ፤ በዙይን በቱይን ከልቢን ሰ
ሓን ከይኖም ተሻደዱ ፤ መሸም ሓቂ ይሓይሽ ብጕያስ ንሓበሻ ዝተ
ኻኸል የልበን እዩሞ ፤ ኣረርኪቦሞም ሕርድ ኣበሉዎም ፤ ብዙኃት
ከይኖም እውን (ይዋኣት እዮም) ኣብቱ ምድረ በዳ እቱይ ጸፍ በሉ
ከመይሲ ፤ ወዮም ኣስላም ዓንጸዓንጸረ ሞት ከይኑዎም ካባኻ ዘይ
ኃልፍ ጋሻስ ጠቢቃ ሰዓሞ ዝብሉዎ እዩሞ ፤ ሞት ዘይተርፈናስ
ለኪምና ንሙት ቢሉም ብድኅሪኡም ሓደ ጸላኢ ክገሩ ከርክቦም
እውን ደልዩ ከምዘሎ ምስ ዝፍለጠም ፤ ግልብጥ ቢሉም ንሓደ
ተማሊኡም መሓመድ ኣቦኡም ናብ ዘሰፈዎም ጸቢን መዓርን ናብ ገ
መልኡ ጀነት ዝበሃል ስፍራ ስግር ይብሉ ነበሩ ። ኣብ ርእሲ እዙ
ይ ከዓ ፤ ዓረብ ሓደ ጥበቦም ኣድቢኻ ምጽናሕ እሞ ኣባኡ ምቕ
ታል እዩ ። ከምኡ እናገበሩ ኸስ ንብዙኃት ደቂ ሓበሻ ቀተሉ ፤
ኣብ መወዳእታ ፈረስ ዘለዎ ብፈረሱ ሃዲሙ ኣምለጠ ፤ ፈረስ ዘይ
ቢሉ ከዓ ወይ ተቐትለ ወይ ተታሓዘ ። ምሉእ ሥዕረት ፤ ከስ ንሓ
ብሻ ፤ ኣይፋለይቦ ተጋጊየ እየ ፤ ንጣልያን ከነ ።

ቀትሪ ጕያ ለይቲ ዋርዲያ ፤› ዝበሃል ደርፊ ኣውጺኡም ዝደርፉ
ክምዘለዉ ምንጋር ይኣክል ።

ትኳቦ ኸስ ምስ ኃያሎ ብጾቱ እንካብቱ ምጎዳሮም ምጻእ ቀ
ቀል ዝኣክል ፍንትት ቢሎም ንዙ ዝበልናዮ ሥራሕ ክገብሩ ወጹ
ኣብኡ በብታራ ብቕያር እዮም ዝጎልዉ ። ትኳቦ ዘብርየሉ እዋ
ክስ ጊዜኡ ምሽ ምስ ኣኸለ ኾነ ፤ ጠበንጣኡ ተሓንጊጡ ዝናሩ ጠ
ይቲ ተኸቲኹ ፤ ሽቡ ዛዕጊ ክወርድ ዝሚሩ ነበረሞ ፤ መንጠሊናኡ
ተጨፍኒኑ ኣብታ ከሳድ ደው በለ ። ምድረ ሰማይ ኩሉ ጸጥ ም
ብለ እዩ ፤ ንቅዊ ኣራዊት የቢሉ ፤ ጭጭ እትብል ዕንጭራር የቢሉ ፤
ኣብዙ ዓድናስ እምበር እኳ ኣይጽምወካን እዩ ፤ ድምጺ ኣራዊት
እውን ዘፍርሀ እኳ እንተኾነ ፤ ቅሩብ ልብኻ ኣፍኩስ የብለልካ እዩ
ክልእ እንተ ተረፈስ ምድረ ሰማይ ንበይንኻ ዝውጎጠካ እኳ ኣይመ
ክለካን ። ትኳቦ ግን ንበይኑ ኣብኣ ከምዛ ቃውማ ዕንጨይቲ ደረቕ
ነበረ ፤ ኣብ ቅድሚኡ ብየማኑ ብጸጋሙ ለጥ ዝበለ ጐልጐል እም
ብር ካልእ ኣይርእን ነበረ ፤ ከምቲይ ቢሉ እንከለሙ ዓዱ ተዘክሮ
‹ሄዚ ወለደይሲ እንታይ ኮን ይገብሩ ይህልዉ› ኣነ ዝድቅሰሉ
ንእዲ ጥራዩ ተሪፉ እናረኣዩ ግዲ ይበኽዩ ይህልዉ ፤ ኣነ ግን ኣ
ዙይ እንካብ ሰብ ተፈልየ ኣንፉ ብዙይ ክትብሎ ዘይክኣል ኣ
ብረኻ ተደርቢየ ጭልም እብል ኣሎኹ ፤ ኣብዙይ እኔኹ በይነይ
እንታይ ሃገሩ እዩ ኃወይ እዙይ ፤ ነነው ዝብል አም ኣይትርእየሉ
ሣዕሪ ዝብሉዎ ኣይትረግጸሉ ፤ ሓዊ ቁለጭ ዝብል ወይ ትኪ ሓ
ምጎዳር ዘይትርእየሉ ፤ ንቅዋ ኣራዊት ዘይትሰምዓሉ ፤ ብዘበልካ ኣቢ
ልካስ ሑፃ ፤ ለይቲ ምስ መዓልቲ እንተኸድካ ወትሩ ዘይውዳ
ሑፃ ፤ ሃገር ከዓ ኣሊዩዎ እዙይ ፤ እሞ እዞም ኣዕራብ እዚኣምስ ም

ንቲ እዙ በደው ዝኾነ ምድሪ እዙይ ከምዚ ቢሎም ይዋግኡ ፤ ወይ
ኣካ በሓቂ ንሕናስ ኣይንወለድ ድኣ ናብ እቱ ለምለም ዓድና ክኣቱ
ንጣልያን ሱቅ ቢሉ ርኢናዮስ ፤ ኣረ ንሱ በይኑ ዘይኮነ ከም
ዕዉር መሪሕና ከም ዕሸል ኣታቲና ናብ ዓድና ኣእቲናዮስ ፤ ሎሚ
ኸኣ ንዙ በረኻ እዙይ ክጎይዝ ንድግፎ ኣሎና ፤ ዓድና ኣትጎዝናስ
መትኃዝቲ ካልእ ዓዲ ፤ ሃገርና ኣጥፊእናስ መጥፋእቲ ሃገር እማትና ን
ኸውን ኣሎና ። ከምዙይ ሃገርና ጽቡቕ ሃገር እንተዝህልዎም ድኣ
እዚኣቶምስ ኃወይ ከመይ ምገበሩ ፤ እሞ ምስዙይ ኩሉ ኸኣ ንሳቶም
ካብ ሓደ ወገን ናብ ሓደ ወገን እናኸፍለሉ ዝነብሩ ጓሶት መሰልቲ
እዮም ፤ እሞ ጣልያን እንተኃዘስ እንታይዶ ኣእትዎም ፤ ዘይ ኣብ
ዝዓረቦም በረኻ እዮም ዝኃድሩ ፤ ምእንትዙይ ክገዝኡምስ ኣይክ
ኣሎን ነበረ ።

“ቀደም ከምዙ እዋን ዙይስ ግዲ ድቃሰይ ወዲኤ እነብር ፤ ወይ
ከዓ ገለ ጓይላ እንተሎ ምስ ኣዓየታቲይ ከበሮና ዝር እናበልና ሳዕ
ሳዒት ንኣትዎ ነበርና ፤ ኣዋልድን ኣወዳትን እናተቓባበልካ በዙ
ይን በቲይን ከይንካ እንክትደርፍ ክንደይ ይደምቕ ነበረ ፤ «እዝጊ
እመንየ እመንየ ፤ እዝጊ እመንየ እንታይ ከይትኾንየ„ ሙዝየ
ሙዝየ ማይዶ ኽማልኣልኪ ብጥርሙዝየ ፤ እንክትብል እሞ ጓይላ
ምስ ሃገገ ፊጽ እናበልካ ክተጣቕዕ ፤ ኣህ ወይለይከ ድኣ ። ‹ዉባ ጕዕ
ለሚነየ ጕዕ ለሚነየ ዉባ ጕዕ ለሚን... ሄ... ምሕዳር እንተ
ጻእካ እባ ጸባ ጽግብ ኣምሲኻ ፤ ኣሓ ዓይመን ዒሕ እናበላ መጕሰዬን
ክመልሳ ፤ ወጺእና ኣብ ሑጻሑጹ ኾይንና ኣስቲ ክንጻወት ፤ ‹ኣስቲ ፤
ደም ዓለቕቲ› ተበሂልካ ጠለፍ እናበልካ ክትተሓናኽል እሞ ወይ
ትስክም ኣቢልካ ካብታ ጕድጓድ ከተውጽኣ ወይ ፈንጠረው ኣቢሉ

ንድጎሪት ክመልሰካ ። አብኡ ቅልስ ክትጠማጠም ወይ ሕንቆ ክት
ተሓሓዝ፤ ሕልኽ አእቲኻ እውን ፈለስቲ ቢዘን ተርእዮ፤ ደብረ ቢዘ
ሰማይ ዚትኵር ቁመቱ ነዊሕ ደብሪ እዩሞ ከዋኽብቲ ሰማይ ከተርእየ
ወይ ከርእየካ ማለት እዩ ። አዓየ ኃይለ ብሕልኽ ሰይጣን ነበረ፤ አዓ
ተወልደ አሳብራ ዓበይቲ ይኽእል ነበረ ። በዙይን አዛብእ ሩ
ክብሉ በቱይን አኽላባት ኽጣርዐ ምስማዕ፤ ወርኂ ኳዕ ምስ በለ
ከዋኽብቲ ውሪሕሪሕ እናበሉ አማእኪሎማ ምርኣይ አብ ልብ
ጠሰስ ይብለካ ነበረ ። ሽዑ ዓርክይ እንካብ ቅልስ ተመሊስካ ጸ
በሪዳ ምስታይ፤ ሽዑ ልምሉም ወለላ ሣዕሪ አብ ዘንጸፍካሉ መ
ቐሶ ግምስስ ኽትብልን ድቃስ ክወስደካን ሓደ ነበረ ።

ድቃስ ምስ ሰመየ ንሱ ሽዑ አበይ ከምዘሎ ተዘኪሮ፤ ዳርጋ ኽምዙ
እንካብ ድቃስ ዝትንሥእ እንካብቱ ሓሳባት እቱይ ምስ ተበራበረ
ቀኒሕ እንተበለ በይኑ ድኣ አብኡ ሱቕ ቢሉ፤ ሽዑ ብሓረቕት ንብዓት
ቅጽር ቅጽር በሎ፤ እቱ ጊዜ እውን ምሳላፍ አበዮ፤ አይ ምእንቲ
አቦኻ፤ አይ ምእንቲ አደኻ፤ አብ ጥራይ ጐልጐል ትነቕጽ አሎኻ
አብ ዘይትፈልጦ ዓዲ በይንኻ ተደርቢኻ፤ እናበለ እውን ደርፊ ተ
ኃዘ፤ ደኃር ግን አብ ማእኸል እቱ ጽሙና እቱይ እንተደረፈ እ
ደርፉ አሰምቢዱዎ ሱቕ በለ። ቅሩብ ጽንሕ ቢሉ እቱ ዝቕይሮ (ቃል
ዓስከር) መጸ፤ «ክንደይ ድኣ ደንጐኹም ኃወይ» ቢሉ ንቱ ገረድዋቲኡ
(ቃል ዓስከር) ትኳቦ ተዛረቡ፤ መሲሉካ ድኣ እምበር ሰዓቱ ሕጊ እዩ
ትኳቦ ፍጹም ርኅሩኅ ነበረ፤ ምእንትዙይ ንቱ ኃለቓ አነ ጥሚመ
ኽይነ በይንኻ በዙ ለይቲ እዙይ አብዙ ቅሩብ መዘናግዒ ዘይብሉ
በረኻ ምጽናሕ ፍጹም ዘጨንቕ ነገር እዩሞ፤ «አነ ምስዙ ኃወይ
መሰነይታ ክኾኖስ አብዙይ ኽተርፍ በሎ »፤ እቱ ብንጣዝ ብዙ

ኽምዙ ዝበለ ግብሪ ተለዓዒሉ፤ ከምዝደለኻዮ ግበር በሎ፤ ንድጎ
ሪት ምልስ ቢሉውን፤ ይዋእት ደቂ ሃገርና እዙ ኽንድዙይ መንፍ
ዓትን ጋዕግንትን ፍቕርንስ ምእንት ዓድኻ ቢልካ አብ ሞያ ይው
ዕል እምበር፤ እዙይ ዝመስልዶ ንባዕዲ ይሽየጥ፤ ቢሉ እናበኽየ ናብ
ስፍራኡ ተመልሰ ። ክልቲኦም አባኡ በይኖም ተረፉ፤ ጕጋም
እናበሉውን ወጋሕ አበሉዋ፤ ብዙ ኽምዙይ ዝበለ አገባብራ ትኳቦ
ንቱ ብጻዩ ክንደይ ከምዝተፈተዎ ከንገር አይከአልን። እንካብ ሓደ
ዓዲ ናብ ሓደ ዓዲ እናመረሹ ብበረኻ ንቐጽ ብፀሓይን ብደሮናን
ብዘይ ማይን ሄል ክብሉ ቐነዩ ።

ጽ ም ኢ ሞ ት ።

ሓደ ምጉሓት እቱ ጠቅላሊ ሓለቃኡም "ሃያእ ንኺድ ዕጠቐ,, በሎም፤ ንሱ ንርእሱ አብ በቕሉ ማይ ጸግነ፤ ከማኡውን እቶም ካልኦት ብጾቱ ጣልያን ገበሩ ። ንዓስከር ግን መን ክሓስበሉም፤ ብጽምኢ እርይ እንተበሉስ ንኣታቶም እንታይዶ ግዶም ። ነቐሉ ድኣ ። መንገዶም አበይ ምኺኑ አንፉን ወገኑን ከይፈለጡ፤ ለሸብ ክብሉ ውሒሎም፤ ብዝኃለፉሉ ሓንቲ አሰር ማይ ዝብሉዎ ከይረ አኒ ። አንታ አበይ አሎ እቱ ኃለቓ ዝበሃል እንተበልካስ፤ ንሱስ ድካኑ ተኺሉ ድኣ ማዩ ሓቑፉ፤ አብ ዙርያ ድካኑ ዝተዓጥቁ ዘብ ዔይናታት ገቢሩ አብኡ አጽቀጠ። እንካብ ምስ ማእዲ ምትሕልላ ውሲ ምስ ኩናት ምትሕልላው ዝብል ምስላ አሎ ። እቶም ዓስከር ይዋእት እዮም ብጽምኢ አምዑቶምን ጐረሮኦምን ነቒጹ እንከሎ ፤ ንቱ ማይ ዘለዎ ድንኳን ምሕላው እሞ ፤ እንካብኡ

ቕሩብ ክትጥዕም ዘይምክአል ክንደይ ዝጽንክሮም ከምዝነበረ መ
ክርድአ ይኽእል ። ሽዑ ከምቲ እቱ ሃብታም አብ ገሃነም እሳ
ከይኑ ንአልዓዘር ማይ ጥምዕ አቢሉ አንፊ አጽበዕቱ ልሳኑ ክዝ
ልሉ ዝምነ ዝነበረ ፤ ከማኡ ቀሩብ ማይ ነጥቢ እኳ ትኹን ክህቦ
ዎም ምደለዩ ፤ ግን ንአታቶም ሰብ ከይቐርቡ ክልክሉ በሉዎ
እምበር ፤ ማይ መን ክህቦም ፤ እዙ ሓሳባት እዙይ ሲ ከመይ ቢ
ይመጸም ። ጨርባሕታ ማይ ስምዕ ብዘበሉላ ልቦም ምስኡ ቕ
ትብል ነበረት ። ከምዙ ክትበልዕ ክሎኻ ፤ ከልቢ አብ ጥቓኻ እ
ተሎ ፤ እታ ዓይኑ ምስታ ኢድካ ሓፍ ለጥ እትብል ፤ ርኢኻ ርኤ ክ
ኡ ነበረ ። ብዝተረፈን ከዓ ምስ ጣልያን እንተመዛዘንካዮም ዘ
ከም አኽላባት እዮም ፤ ኤረ አኽላባት እባ ይሕሱ ፤ ዳርንጮት ወ
ተረፍ ገይታኡም እኳ ዝበልዑ ።

እቶም አብ ግዳም ተደርቢዮም ዝነበሩ ማይ ዝኸላእክያ ህቦ
ዝመስሉ እኩባት ዓስከር ከ እንታይ ይገብሩ ነበሩ ፤ ገሊኣቶም ተ
ንጢዮም ብዓቕሊ ጽበት ድጎሪትን ቅድሚትን ይዛበጡ ነበሩ
ገሊኣቶም ጎቦ ኸይኖም ይሰሓሉ ነበሩ ። ገሊኣቶም ዝገብሩዎ እ
ተጠፍኡም ንቱ ትርኩስ ሓፃ ስያክ ፋሕቲሮም ሕፍኒ ማይ ይ
እንተረኸቡሉ ቢሎም ከም ሓፃ ሩባ ዓዶም መሲሉዎም ፤ በእዳዎ
ይፍሕሩ ነበሩ ፤ ግን ካብቱ ላዕላዋይ ዝውሂ ከይኑ ምስ ጸንሓ
ዓቕሎም ጽብጠ ቢሉዎም አብ ሰማይ ፤ ናብቱ አብ ጭንቅና ዘበ
እንምጎጸኖ አምላክ ፤ ቁላሕ ይብሉ ነበሩ ። ኤህ ትርኢ ኣሎኻ አ
ሉ እትርኢ አምላኽ ። ርእዮም እዘም ደቂ ዓድና ከመይ ዝበ
ኃጣር ዝረኽቡ ከምዘለዉ ። ገሊኣቶም (ሓደ ክልተ አይኮኑን) ቅሩ
ተዓጊሦም ነበሩ ፤ ንቶም ዓቕሎም ዝጸቦም ዝነበረ እውን ከጻን

ምደለዩ ፤ ግን ዘረባ ተሳእኖም ፤ ከመይሲ ጐረሮ እንድጎሪ ነቐጸ
ልሳን ዘተርከሰ ጥፍጣፍ እንተድኣ ሰአነ ፤ ዘረባዶ ይከኣል እዩ ።
ኮላቶም ከናፍሮም ነቒጹ አዕይንቶም ፈዚዙ ገጾም ኃጢን ተኸዲኑ
ዓይኖም ሓመድ ተደፍዲፉ ነበረ ። ዛዕዛዕታ ለይቲ እንተወደቐሎም
ትስፉ ይገብሩ ነበሩ ፤ ግን አብቱ ምድሪ እቲይ ዛዕዛዕታ የልቦ
አውሊ የልቦ አስሓይታ የልቦ ፤ እንተዝወድቕከ ሚዕሪ ወይ ቈጽሊ
ዘይቢሉ ንቐጽ ምድሪ ንጥብ ምስ በለ ረሲኡ ዝነበረ ሑፃ ምሰተዮ
እምበር ፤ አብ ምንታዩ ክዓቑሮ ነገሩ ፤ ከምቲይ ቢሎም በሲሎም
ኃደሩ ። ንወጋሕታኡ ንቐል ንቐል ኮነ ፤ ከምኡ ኸዓ እቱ ቕሩብ
ኃይሊ ዘለዎም ገቢሮም ገፈፍ ክብሉ ዝጦሩ ፤ ፀሓይ ቀርቀር በለ ፤
ሑፃ ረሰነ ፤ ዶሮና ተላዕለ ፤ ንብዙኃት ልቦም ጠለውለው በሎም ፤
ካብኡ ንደኃር እውን ሥርዓት እንታይ ምኸኑ ተረስዔ ፤ ጠበንጦ
ኡምን አቓሑአምን ዘልሓጥ አበቢሎም ከውድቑ ዝጦሩ ፤ አብ አጋ
ፈረቓ መዓልቲ አቢሉ ምስ ኮነ ንብዙኃት ርእሶም ዘዊሩዎም ተተ
ላሚሎም ጥቕልል በሉ ። ካብ ዝወደቑዎ ከይተንሥኡ እውን ነቐጹ ፤
በኡ ብኡውን ብኣፍንጫአም ጸሊም ደም ዘረር የብሉ ነበሩ ፤ እተ
ን ዝተረፉአም ቀሩባት ደም ብጻዕሪ ሰደዱወን ። ገሊኣቶም መንገ
ዲ አይከኣለናን ቢሎም አብ ዝኃለፉዎ ስፍራ ዘርጋሕ ቢሎም ተረፉ
እሞ ፤ እንካብኡ ከይተንሥኡ ቀለብ ረውያታት ከይኖም ቀረዩ ።
ወዮ ሹመይና ጣልያን እዙይ ምስ ረኣየ ጠንጢኑዎም በቕሉ ሰሪሩ
ተዘርጠጠ ፤ ከይቐትሉዎ እከ ፈሪሁ እዩ ፤ እንተኸነ ዝደፍሮ አይ
ምረኽበን ። ሓቂ ወዲ ሓበሻስ ደፊሩ ንጣልያን ክቐትል ቢሉ ክሕ
ልን? አየ ጉድ ዘይመስል ነገር ኢዩ ። ከምዙ ዝደኸመ አድጊ እሞ
ሓሪድካ ሥጋኡ ክትበልዕ ጠቢሕካ ቈርበቱ ክትንጸፍ ዘይትኽእል

እሞ አብ በረኻ እዝጊ ዝፈተወሉ ይኹን ቢልካ ገዲፍካዮ እት
ይድ ከማኡ እዙ መላጥ ጨካን ንቶም ጸብደል ዝመስሉ አጕባ
ሓበሻ ኵርዓቱን ትሕብንቱን ዝነበሩ ፤ ብጽምኢ ሓሚቑም ም
ረአዮም ጠንጢኑዎም ሃደመ ፤ ዘይሸዩጣት እዮም ከልእ እንታ
ከይኖም ። ፋሕ ጨንበሕ በሉ ፤ ናብ ዝኸዱዎ ከይፈለጡ ናብ ዘ
መስሎም መንገዲ አቕንዑ ፤ መዓል ትኳበ ዝኃዘ ብሓደ ወገን ም
ከዱ እዝጊ ግምባሮም አጸቢቑሎም ናብ ዔላ ማይ በጽሑ ። ን
ንቑጽ ነበረ ፤ እንተኾነ ንቱ ናብኡ ዝነበረ ሊን ክሰትዩ ቢሎ
ኵሎም አበኣ ጽድፍድፍ ክብሉ ደለዩ ፤ ግን እንከ "ኵላትና ከ
ንጸቓቑጥሲ ሓደ ክልተ ብመግድ ነውርድ,, ተበሃሃሉ ፤ ምሰውረ
ዎም መዝመርያ ንርእሶም ንቱ ጸብረ አብ አፎም ኰሊሶም ም
ይ አበሉዎ ደኃር ከዓ ኸምኡ ክገብሩ ቢሎም ንብጸቶም ብታ
ታት መመሊአም ሃቡዎም ፤ አብኡ ይዋአት እዮም ርእሶም መ
ሶም ምጽጽ ምስ አበሉ ፤ ወዮም አብ ውሽጢ አትዮም ዝነበ
በእዳዎም ሃሰስ እንተበሉ ከምዙ መወተፍ ማዕከን ዝመስል ድ
ዳር ጨርቂ ፤ በቱ ሓደ ወገኑ ንቱ ዔላ ተወቲሩ ረአዩ ፤ ስሒቦም እ
ተገደራስ ማይ በሕቡሕ በለ ። "ተመስገን አምላክ,, ቢሎም ተ
ደቢሮም ስትይ ምስ አበሉ ፤ ንቶም አብ ርእሶም ጽድፍድ
ቢሎም ክወድቁ ዝደልዩ ዝነበሩ ሰብ ሃቡዎም ፤ ኵሎም ሰተዩ
ርእሶም ተሓጻጸቡ ፤ በቕሊ ዝነበሮም ቡሉቕባሽ እሞ ሹምባሽ ከ
አባቕሎም አስተዩ ። እዚኣቶም እዝጊ ዝባረኾም ጽቡቕ ዕጫ ዝ
ዓደሉ እዮም ፤ ራብዓይ አፎም ንቶም ኵሎም አይኾነን ፤ እዙ ማ
ዝረኽቡዎ ከኣ አብ ሚልሳይ መዓልቲ እዩ ። እንተ እቶም ከልኦ
ግን ዓንዘር ክብሉ አብ ዝወድቁዎ አይፈልጡን ፤ ገሊኣም አብ ኢ

ጸላእቶም ወዲቖም ተታኅዙን ተቐትሉን ፤ አብ ፈቀዶ መገዲ ጸሕ
ቢሎም ቀረዩ ፤ ገሊኣም ከዓ አብ ዔላታት ምስ በጽሑ ከምዙ አብ
ዳጉድ ጸባ ዝረአየ ጽንጽያ ፤ ከይሓሰቡዎ ብዘይ ልቦም ጠርበስ
ጠርበስ ቢሎም አባኡ አብ ረርእሲ ተጸቓቐጡ ። ሽቡ ዝተራእየ
ትርኢት እንከ ሔ....ው ጸላኢና እኳ አይርአዮ ፤ ወዮም ብታሕቲ
ዝነበሩ ዓስከር ዓቕሎም ጸቢቡዎም ፤ ሻንጣኦም መመሊሖም ንቶም
ብላዕሊ ዝወድቁዎም ዝነበሩ መቑርስቶም ተቐበሉዎም ፤ እዚኣቶም
ከዓ አማዑቶም ተዘሪቑ አብ ልዕሊ እቶም ዝቐተሉዎም በድንን
ጥዑይን ከይኖም ብሓንሳእ አብኡ ሞቱ ። አይንርአዮ ፤ ወላዲትን
ወላዲን አይርኤ ፤ ልቢ ዘለዎ ሰብ አይርኤ ።

ወዮም ጸብደላት አጕባዝ ኢትዮጵያ ከምዙይ ከነ መወዳእታ
አም ። እቱ ናብዙ ኵሉ ጥፍኣት ዘብጽሖም ጣልያን ከዓ አብ ክንዲ
ቕጽዓቱ ንዓዱ ናብ ቤተ ሰቡ ኸይዱ በጥ ቢሉ ኪድቅስ ኢዩ'ም
በር ካልእ አይረኽቦን ፤ ኵሉ ናቱ ከይኑሉ ።

ወይ ልግጫ ፤ እቶም ካብዙ ኵሉ መዓት ዝወጹ ቅሩባትከ እን
ታይ ከነ መወዳእታኣም ፤? ከምብሓዲሽ ንቶም ድቃስ ከሊኣምዎም
ዝነበሩ አዕራብ እናተዋግኡ በብሓደ በብኽልተ እናወደቑ መመሊ
ሶም ወሓዱ "በብሓደ ክንደይ ሰብ ወሓደ,, ይብል ሰንቃዊ ብዛዕባ
ንጉሡ እንክስንቁ ። ሓቂ እዩ ወዲ ሓበሻ ወትሩ ንፉዕ ምኽኑ አይ
ተርፎን እዩሞ ፤ ንቱ ወዲ ዓረብ ብዙኃት ይቑተሉሉ ነበሩ ፤ ግን
እንታይሞ ክኸውን ተተዓጺፉ እንድሓሪ መጸም ። ከምዙይ ቢሎም
ናብ ደረት ባሕሪ ወጹ ፤ ግዝያቶም በጺሑ ነበረሞ ክምለሱ እውን
ብቡር ተሳዕሩ ። "ትሩቡሊ ጸላኢና ይኸዱ ፤ ንሕስያ ዘይቢሉ መሓ
መዩ ፤ ብሽንገ ገዲፉ ብገሊዶ,, ዝብል ዘስቆንቅን ደርፊ እናደረፉ

እውን ዝረኽቡዎ ጸበባን መከራን ውርደትን ዝሞቱዎም መሓ
ቶምን መቓርስቶምን እናሓሸኩን እናዘከሩን ይበኽዩ ነበሩ ።

እቶም ኣብ ዓዶም ዝነበሩ ወለዶምን ኣጎዋቶምን ኣዝማዶም
ከ፤ እዙ ኹሉ ኣብ ትሩቡሊ ዘጎለፉዎ ጊዜ እንታይ ይገብሩ ነበሩ
ምእስ ከን ይምለሱና ፤ መሬልቱስ ከን በጺሑዶ ኣይኽውንን እ
በሉ ልቦም ወትሩ ስንፈላል ከይኑ፤ ለይቲ ምስ መሬልቲ ኣብ ፍ
ሃትን ኣብ ብኽያትን ይነብሩ ነበሩ። ካልኦት ደቂ ዘለውዎም እን
ኽኑስ እኳ ንቶም ካልኦት እናረኣዩ ንቱ ዝረኃቑ ብዙኅ ኣይዝክ
ዎን ፤ ከምኡ እናበሉ እውን ይዘናግዑ ፤ እንተ ከም ወለዲ ትኳ
ዝመሰሉ ሓደ ንሱ ዝወዶም ካብ ክንደይ ደቂ ኣቦይዝጊ ኃድ
ዝገደፈሎም ፤ ወዲ ክንደይ መብጽዓን ወዲ ክንደይ ምህላን ገ
በረ፤ ገዲኖዎም ንቶም ክልተ ኣረገውቲ ኣብ ዝጎልጎል እትብል ገ
ንዘይወለዱዎን ንዘይቀለቡዎን ንባዕዳን ከገልግል እሞ ከሜ ሕይወ
ክሳብ ምጥፋእ ክበጽሕ ዝኽደ፤ ከመይ ዝበለ ዘጎዝን ነገር እዩ። ወ
ኣካ ልቢ ገበዝስ ኣብ ደረቱ ዝብሉዎ ምስላስ ከን ክንደይ ሓቂ እዩ
ፍቕርኻ እምበር ካልእ ዘይልምኑኻ ፤ እንትርፈ ክጥዕመካ እምበ
ካልእ ዘይደልዩኻ፤ ትርፊ ቕድሜኻ ይስጥሓኒ ቕድሜኻ ይግበ
ምባል እምበር ካልእ ዘይፈልጡ ወለድኻ ጠንጢንካ ኽዓ ፤ ካብ ክ
ቢ ኣብሊጹ ንዘይርእየካ ሓደ ወዲ ጓና ኽተገልግል ምኻድስ ኣ
ደቅስን እኳ ። ናብ ነግዲ ናብ ሃድን ናብ ካልእ ድንገት ዘይቢ
ነገር እንተኽድካስ ኣይምኽፍኤን ፤ ናብ እንታይ ድኣ፤ ናብ ውግ
ናብ ጽምኢ ናብ ጥሜት ናብ ሞት ናብ ምዅርማጋ ናብ ውርደ
ኢኻ እትኽዶ ዘሎኻ ። ንኩላቶም ወለዲ ዳርጋ ሓደ እንተተሰም
ቶም ወለዲ ትኳብ ኢና ፈሊና ንሰሚ ዘሎና እሞ ፤ ናባኣቶም ን

ለስ ። እተን ክልተ ዓመት እቲኤን ክመይ ዝመራን ክመይ ዝነውኃን
ከይንን ተራእየናኣም ከምዝነበራ ኽዓ እንካብ ክትዛረቦስ ክትሓስቦ
ይቐልል ። ይዋኣት እዮም ፤ ኣብ መወዳእታ ሕይወቶም ክንድዙይ
ጻዕሪን ክንድዙይ ኃዘንን ረኺቡዎም ጥዕናኣም ወትሩ እናሓመቐ
ይኽይድ ነበረ ፤ ምሽት መጸ ቀድሚ ምድቃስ እግዚኣ መሓረነ ክር
ስቶስ እናበሉ “ጐይታየ ንዙ ዝተኽውካልና እንክ ወዲ ብድሓን
ስሓበልና ፤ ኣዕይንትና ንኣኡ ኽይረኣየ ኣይትቕተለና„ ጥራይ ምህ
ልላኣም ነበረ ። ኣዲኡ ፤ ይዋእ እየን ብሕልሚ ለይቲ እናተራእየን
ብስሙ እናጸውዓኣ ሃተፍተፍ ክብላ ይኃድራ ነበራ ፤ ሓድሓደ
ለይቲ ኽዓ እቱ ሕልሚ ብዘይ መጠን ኃዲሉ ከምዙ ሓቂ ኽይኑ
እናተራእየን ምስ ወደን ዝተራኽባ ይመስለን ነበረሞ ፤ ኃዝኩኻ
ቢለን ክስዕማኣ ኣእዳወን ዘርጊሔን ብድድ ይብላ ነበራ፤ ካብ ድቃ
ሰን ድጎሪ ተበራቢረን እውን ካልኣይ ጊዜ ድቃስ ከይመጸን እህህ
ክብላ ንዛ ለይቲ ወጋሕ የብላኣ ነበራ ። ዝኽነ ይኹን ነገርስ ወደን
የዘኻኽረለን ነበረ ። ሓደ ገበዝ ጎልፍ ክብል እንተራእያ ፤ “ወይ
ኣነ ግዲ ወደይ ኣብዚኣ እንተትህልውለይስ ከምዙይ ቢልኪ ግዲ
ክትከዲ ዓይነይ ምመላእክለይ።„ ገሊኤን ኣንስቲ ብዛዕባ ደቀን ገለ
ክዛረባ እንተሰምዔኤንስ ልበን ናብቱ ስግር ቀላይ ዘሎ ይኽይድ
ነበረ ። ኣሓ እምብሕ ክብላ እንተሰምዓስ፤ ዋናኽን ዘየሎሞ እንታይ
ክትጠቅማ ኢኽን፤ ጸባ እንተተሓልበ ጠስሚ እንተተሓኹነስ ካልእ
ክሰትዮ ካልእ ክጸብሑ እዩ፤ ኣ ትኳብ ትኳብ ።.... እኽሊ እንተኣቶስ
ንመን ክኽኖ እዩ መን ክበልዖ ፤ ትኳብ ወደይ ጸጊቡ ዘይሃጥረሉ
ንኣይ እንታዬይ ዘይመባዝኅ ኃዘነይ እዩ፤ እናበላ እንታይ ክበሃል ዘረ
ባኤን ምስ ወደን ጥራይ ነበረ ። ጐረባቢተን ኩሎም ብዙኅ የደንግ

ጻአም ነበራ፤ ኣምላኬ ክፋእ ኣይተርእየና ወደን ብድሓን ስሓበለ
እናበሉውን ብልቦም ይጽልዩ ነበሩ ። ብዓል እንዳኤን ከዓ ከይጸ
ለላአም ብዙኅ ይፈርሁ ነበሩ ። ሓድሓደ መዓልቲስ እከ ከም ጸ
ልቲ እየን ወደን ክጽውዓ ዝውዕላ ዝነበራ ። መዝመርያ መልእ
ክቲ ምስ መጸምጸንከ፤ ንታ ወረቐት ክበልዓኣ ደለያ፤ ሓደ ጊዜ
ናብ እፈን ሓደ ጊዜ ናብ ገጸን ሓደ ጊዜ ናብ ልበን እናበላ እው
ይስዕምኣን ይሰለማኣን ነበራ ።

እቱ ሓደ መዓልቲ ወደን ተሳኢሉ ምስ ሰደደለን ግን፤ በሓ
ዳፋ ዝገብራኦ ሰኣና፤ ኣብ መዝመርያኡዶ ንዓይነን ምእማን ስኢነ
ከምቱይ ቢልካ ገጽ ሰብ ኣብ ወረቀት ከምዝስኣል ኣይፈልጣን ነ
ራሞ ፤ ከምዙ ሕልሚ እምበር ሓቂ ኣይመሰለንን ፤ ንታ ስእሊ ካ
ነፍሰን ምፍላይ ኣበያኣ ፤ ንኣዳኖታተንን ከዓ እቱ ስእሊ ወደን ም
ኣይን ብዛዕባኡ ወትሩ ምዝራበንን ደስታኤንን ኩርዓተንን ነበረ
ከምዙይ ክኸውን ከሎ ይኣትዉ ይኣ ኣለዉ ዝብሃል ወረ ተሰምዓ
እቑ ወረ እዙይ ከምዙ ሓደ ዓቢይ ንፋስ ክጠፍእ ቢሉ ንዝነበ
ቀ·ልዒ ቅሩብ ቁለጭ ከምዘብሎ እሞ ፤ ዝርው ኣቢሉ ከምዘጥፍኦ
ንኣኤን ከማኡ ኮነን። እቱ ደኺሙ ዝነበረ፤ ብናፍቐት ወደን እው
ሰልኪዩ ዝነበረ ልበን ቅሩብ ሕይወት ህብ ኣበሎ ልበን ብብዝ
ታሕጓስ ብዘይ መጠን ትግ ትግ በለ፤ ንቱ ትርግታ እቱይ ምጽዋ
ሰኣኖ እሞ (ከመይሲ ንሰን ኣብ እርጋነን እየን ዝነበራ) ጠረ
ቢሉ ሠር ልበን ተበትከ፤ ብኡ ብኡ እውን ወደይ እናበ
ዓረፋ ። ናይ ብዓል እንዳኤን ኃዘንን ከዓ ልቢ ዘለዎ ሰብ ባዕ
ይሕሰብ ፤ ምርኃቕ ወዶም ከይኣክሎምስ ከዓ፤ ሰበይቶም ሞታአም
በይኖም ኣብ ጥራይ ቤት ተሪፎም፤ ኣብቱ ዓቢይ ቤት ተደርቢዮ

ምስ ተራእዩ እንታይስ እንታይ እሞ ክበሃል ይከኣል፤ ክበርን ተሓ
ጐስን ዘይበሎ እርጋን፤ ሰብ ኣብ ሽበቱ ኣብቱ ፍቕርን ክብርን
ዝደለየሉ እዋን ብውሉዱን ብበዓልቲ ኪዳኑን ድጎሪ ተታሕዘ እዙ
ይ እዩ መወዳእታ መርገሙ ንሰብ ። ከመይሲ ሰብ ንእሽቶ እንት
ድኣ ኽነ ዕድሚኡ ዓለም ሓሳዊት እያሞ፤ ንሳ ኣይዞኻ እናበለት
ከተጸናንዖን ከተስሕቕን ትኽእል፤ ሰብ ዕድሚኡ ምስ ኃለፈን ናይ
ዓለም ሓሶት ምስ ፈለጠን ከዓ፤ ብምንታይስ ብምንታይ ክጸናናዕ
ይኽእል፤ እንተኾነ ወዶም ይኣቱ ኣለሙ ምስ ሰሞው ተጸናኒዖም
ደኽን ከዓ ይበሃል ይኸውን፤ ኣይፋለሞምን፤ እቱ ወረ እቱይ ንኣኣ
ምውን ሽሕኳ ሰብኣይ ብምኺኖም ናብ ሞት ከብጽሖም እንተዘይ
ክኣለ፤ ንኣኣምውን ብዙኅ ደኣ ኣስማሚውሎም ነበረ። እቱ ጋና ክህ
ሉን ከይህሉን ዘይምፍላጦም እቱ ማይ ኣሎ ክራማት ኣሎ ከምዝ
ብሉ ዓድና፤ መገዲ ቐላይ ድንገቱን መከራኡን ዘይፍለጥን ዘይውዳ
እን ከምኺኑ ምስማዖም ደኃር ከዓ ንወዶም ብድሓን እንተ ድኣ
ኣተወስ ሞት ኣዳኡ ከርድኡዎ ምስ ኮኑ ክንደይ ከምዝኃዝንን
ምሕሳቦም ብዙኅ ህውከት ኣእቲውሎም ነበረ ። ብልዒ እሞ መስ
ተ'ውን ኣበዮም፤ ድቃስ ተቐብጸም፤ ምስ ሰብ ምኻድን ምዝራብን
ሓረሙ ተጸልኦም፤ ጥራይ ኣብታ ገዛኣም ተጸቒጦም ምውዓል እሞ
ብኽያትን ምስቀርቋርን ጥራይ ኮነ ሥራሖም፤ ኣብቱ ገዛ እውን
ዘልዕሎምን ዝፋቕዮምን ኣይነበሮምን፤ እተን ጐረባብቶም እወ፤
ድሓን ሰባት ነበራ እሞ ሓድሓደ ጊዜ ክረድኣኣም ቢለን ይመጹ
አም "እንታይ ብልዕኹም እንጌራ ክንገብረልኩም ማይ ከነምጽኣል
ኩም,, ይብላአም ነበራ፤ እንተኾነ ሰብ ምስ ነፍሱ ምስ ተበኣሰ ኃያ
ል እዩሞ ንኣአም እዙ ነገር እዙይ መመሊሱ ድኣ ይኸብዶም ነበረ

እምበር ሓንቲ ዘጸናንዖም ነገር ኣይነበረን ። ብይናም ክገድፉኡም
ጥራይ ይደልዩ ነበሩ ። በይናም ከይናም ኃዘናም ክኾማስዑ ምው
ዓል ጥራይ ይፍተዎም ነበረ ። ዘይ ብሥጋኡም እዮም ኣብዙ ዓለም
ዝነበሩ እምበር ልቦምስ ኣብ ካልእ እዩ፤ ኣብ ሰበይቶምን ኣብ ወደ
ምን ጥራይ ብምሕሳብ ሃለዋቶም ኣይፈልጡን ፤ እቲ ዝነበሩዎ ስፍ
ራውን ኣይዝክሩን ነበሩ ። ልቢ እንተዘይረኣየን እንተዘይ ሰምዔን
ዶ ዓይኒን እዝንን ዝጠቅም ከይኑ ። ኣብ መንጎ እዙይ ዓስከር ይኸ
ናብ ባጽዕ ኣትዮም ዝብሃል ወረ ተሰምዔ ። እወ ዓስከር ኣብ ባጽዕ
ኣትዮም ነበሩ ። ክልተ ዓመት ድጎሬ ቀላይ ተሳጊሮም እቶም ግም
ባር ዝሃበም ቅሩባትስ እወ ዓዶም ክምለሱ ናብ ባጽዕ በጺሖም
ነበሩ ። እቲ ሽው ዝስምዖም ዝነበረ ሓሳባትንከ መን ክፈልጦ ይኽ
እል ። ወዮ ብናፍቆቱ ክሞቱ ቢሎም ዝነበሩ ዓዶም፤ እኂሆ ሎሚ
በጺሖምዎ፤ ወዮ ዘረባ መዓልቶምን ሕልሚ ለይቶምን ዝነበረ ኣበይ
ዝጊ ባዕሉ ዝሠርሖ ዓቢይ መንደቅ ዝመስል እምባታቶም ተሸለ
ፉ እንክረኣዮም ፤ ንብዓቶም ምዕጋት ሰኣኑ ። ልቦምን ቀልቦምን
እከ ጥራይ ኣብኡ እዩ ዝነበረ። መሬትካ ይትረፍ ይኣ ኣብ ጸገምን
ኣብ ጭንቅን ዘለዎ ዓዲፍከዮ ኼድካስ፤ ኣብ ጣዕምን ኣብ ጉትነትን
እካ እንተኾነ ኣይርሳዕን እዩ ። ኣብ ባጽዕ እቶም ንኣታቶም ዝመ
ስሉ ከደሮት ዝጎብሮም ጨርቂ ዝኽዳኖም ተሰከምቲ ምስ ረኣዩ
ኩሉ ሰብነቶም ተደናፊቑ ፤ ምስኡ ኾኣ እዙይ ዘይበሃል ታሕጓስ
ወሪሱዎም ስሒቕን ብኽያትን ብሓንሳእ ይሰዱዎ ነበሩ ። ኣብ ባጽዕ
ብዙኅ ሰቦም ዘይነበሩዎ ኾሎ ክንድዙይ ዝተለዓሉ ድኣ ኣብ ኣሥ
መራ ምስ ወጹ እንታይ ክኾውን እዩ ። ሕጊ ንርእዮ ።

ወዮም ሰቦም ዓስከር ይኣትዉ ይኣ ኣለዉ ምስ ሰምዑ ዝከኣሎን

ዘይከኣሎን ብእግሩን ብበቕሊንን፤ ቁልዓን ሰበይትን ኣረገውትን ኣጕባ
ዝን ካብ ኵሉ ዓዲ ኣብ ኣሥመራ ተኣኪቦም ነበሩ ። እንክበኣቶም
ገሊኦም ይዋኣት እዮም ሰቦም ክህልዉን ዘይኪህልዉን ወረ ዘይነበ
ሮም ብፍርሃትን ብተስፋን ልቦም ሓቑፎም ይጽበዩ ነበሩ ። ብፍ
ርሃት፤ ከመይሲ ሞይቱ ዝብል ወረ ኣይሰምዑን፤ ብተስፋ፤ ከመይ ብድ
ሓን ክኣትወሎም ይጽበዩ ነበሩ ። መቸም ኣብ ደቂ ዓዲ ባቡር
እትኣትወሉ ሰዓት ኣይፍለጥን እዮሞ፤ ዓሠርተ ጊዜ ናብቱ ምዕራፍ
ባቡር ተተመላሊሶም ክጥይቑ እንክትርእዮም እሞ፤ እቶም ኣብኡ
ዘለዉ ሰባት ሽሕ ጊዜ ብተለፍፍኖ "ብሩንዶ,, ክብሉ ዝውዕሉ ንወዮ
ኃዎም ወዲ ሓበሻ ገይትቶሙሉ ብሽርዓት ክጥምቱዎ እሞ ባቡር
ምኣስ ትኣቱ እንተበሉዎም እውን ሓደው ከይመለሱ ሱቕ ቢሎም
ሓደው ከዓ ዘይጠቅምን ዘጉዚን ዘረባ ተዛሪቦም ረጊጸሞም እንክ
ኃልፉ እንክትርኢ ክንደይ የኅዝን። ኤረ ብኡ ኣይኣክለሎምን፤ ሓድ
ሓደ ጊዜስ እባ ድኣ ማህረምቲ ኣለ፤ ኵርማጋ ኣለ፤ ምድፋእ ኣለ።

"ኣብየት ኣብየት መሓረኒ ገይታይ ፤ ነዓቕ ዓጽሙ ከይኑለይ
ዓቀይታይ,, ተብሂሉ ዝተደርፈ እዙይን ከምዙይ ዝመስልን ነገር ምስ
ተራእየ እዩ ። ባቡር ካብ ምጽዋዕ ንወዮም ዓስከር ጎዛ ናብ ኣሥ
መራ ኣውጸኣቶም። ሽብቱይ እቲ ንሳ ክትኣቱ ኣብ መዓርፎኣ ብዙኅ
ሰብ ተኣኪቡ ነበረ ። እቶም ምእታዋ ዘይፈለጡ ዝነበሩ እሞ ኣቁ
ሥራሖም ወይ ኣብ ገዛኡም ከለዉ ምስ ሰምዑ ዝብላዕን ዝስተን
ጎዞም ናባኣ ኣቢሎም ይዛባዘቡ ነበሩ ። ሽዑ እቲ ኵሉ ሓጹር
እታ ባቡር ተዓጽወ ፤ ዛብጥያታት ገይታይ ፡ ኃሙሽተ እመት ዝም
ንዋሕ ኵርማጋ ጠቕሊላ፤ ሽጉጣ ብጸጋም ዘው ኣቢላ፤ ከምዙ ናብ፤
በዓል ዝተዓጥቀ ሰብ ኾይኖም ኣብ ኣኣፉ ክትት ቢሎም ነበሩ ።

ሽቡ ናብአም አቢሉ ቅርብ ዝበለ ወዲ ሓበሻ አልዒልካ ምድርጋመ
እዩ እምበር ዘረባ የልቦን ፤ ከመይሲ ንአታቶም ንሱ እዩ ዕዮአም
ንሱ ትእዛዘም ። እሞ ንወዲ ሓበሻ ጥራይ እዮም እምበር በይና
ኑሳ ዝበለኡስ ወዲ ባሕሩስ አይድፈርን እዩ ። ወዲ ሓበሻ ድአ

ባቡር እናፋጸየት ደበኽ በለት፤ ወዮም ዓስከር መአረምያአም አወ
ጺአም ከንበልብሉ ዝመሩ ወየን ኣብኡ ዝነበራ ኣንስቲ ገለኤን
እልል ክብላ ገለኤንን ክበኽያ ዝመራ ። "ባቡር መጸት ትኪ ተኽ
ዲና ፤ ጓል እኖኻ ትበኪ ደኒና ፤ ጐበዝ ከደ ንንጌራ ሃደና" ። ቢለ
ጾረፋ ። ወዮ ሰብ ተለዓዒሉ ዕግርግር ምስ ኣብዝኔ ዛብጥያታት ብኽ
ርማጋ ዓይኒ አይብሉ ስኒ አይብሉ ተተኃኃዙዎ ። ድጎሪ ኃያሎ ጊዜ
ወዮም ዓስከር ወሪዶም ተሠሪየም ብሓደ ወገን ምስ መጹ፤ እቲ ሰብ
ናብአም ፍስስ በለ ፤ ሽዑ ዝረአየ ከምዙ ኣባጊዕ ወይ ኣጣል እንክ
ኣትዋ እሞ ውላውዲን ብምሉኣቶም ምስ ፈኖኻለን ወወዲን ከና
ድያ "ብዓዕ" "ሚዕ" እናበላ ናብዙይን ናብቱይን ዝዛበጣ ፤ ወደን
ንዘይኮነ እውን ሓደው ጐኒጸን ሓደው ወጊኤን ከምዘርጎኾኦ
እቶም ውላውዲ ሽዓ ኣደዲአም ከናድዩ እናነቀዉ ብወገኖም እዙ
ይ ዘይበሃል ጫውጫውን ሕልኽልኽን ከምዝኽውን ፤ ከምኡ ወዮም
ሕዝቢ ፤ እቶም ካብ በረኻ ዝኣትዉን እቶም ኣብ ዓዲ ዝጸንሑን
ብሓዳፋ ከምዙ ዅሉ በብሽዑካ እናተጸዋዕካ እዩ እምበር ወይ ንሱ
ወይ ንኣኡ ዝመስል ሓደ ምስ ትርኢ እውን ከይኽውለካ ክትጎዝ
ክትብል እናተጻረፍካን እናተባኽኻን እዩ እምበር ዝተገብረ ። እቶም
ዝተራኽቡ ኣብኡ ክሰዓዓሙ ተተኃኒዞም ከለዉ፤ ካልኦት እቲ ናይ
ፍቕሪ ምልክት ክገብሩ ኣይገድራዎምን ፤ ከምኡ ድኣ ሰበም ከናድዩ
ይጎነጹን ይጻፍዑን ነበሩ ።

ኃዋን ከዓ ከምዘየሎ ምስ ረኣየት ኣዕይንታ ንንብዓቕ ኣፋ ንኣው
ያት ከፈተቶ ። እቲ ትርኢት እቱይ ጸላኢና እኳ ኣይርኣዮ ። ብኃ
ዘን ተጸሲላ ከምዙ ኽብዱ ዝተቕርጸ ሰብ ክትልሎ ዝመረት "እን
ታይ እኳ ይብሉኒ እቶም ዓደይስ እንታይ እኳ ይብሉኒ ፤ ኃወይየ
ምሳኻ ተሰዲደስ ፤ በይነይ ከምለስ ፤ ኣበይ ወደቐ እንተበሉኒ ዘይ
ፈልጦ ፤ ኣበይክ ተቐብረ እንተበሉኒ ክቕበር ከይቕበር ዘይፈልጦ፤
እንታይ እኳ ይብሉኒ ። ዓደይ ገዲፈ መጺኤ ብዝኾኻ መጸናንዒ
ዘይነበረኒ ፤ ሎሚስ ናብቱ ዝኽዶ እኳ ጠፍኣኒ ፤ እንታይ ከምዝገ
ብር ንገረኒ" እናበለት በቱ ኽም ካራ ከይኑ ንልብኻ ዝኣትዎ ድም
ጺ ጓል ኣንስተይቲ እንክትበኪ ፤ ንሰብ ብብኽያት ክትውድእ ደለ
የት ። ሽዑስ እቶም ካብ እምኒ ዝጸንዕ ልቦም እኳ ምተለዓዓሉ ።
ናይ ሽዑ መዓልቲ በይኑ ኣይኮነን እዙ ትርኢት እዙይ ወትሩ ዓስ
ከር እንክኣትዉ ዝግበር ነገር እዩ ።

ድጎርቱ ጫውጫውን ብኽያትን ፤ ሰብ ነናብ ዓዱ ኽደ ። ኣበ
ትኳቦ ግን ክቕበሉዎ ኣይክኣሉን ፤ ከመይ ሓሚሞም ነበሩ ። ንሱ
ብኡ ብኡ ፀርመሶ ጠሊሙ ንዓዱ ኽደ ። ምስ ኣቦኡ ዝተሰዓዓሙ
ዎንከ፤ ኣብኡ ኽሎኻ ባዕልኻ ምሕሳቡ ይሓይሽ ፤ ከመይ ንፍቕሪ ክት
ጽሕፎ ቀለም የቢሉን ።

ኣደይከ፤ ኣደይ ናበይ ከይዳ ፤ በሎም ፤ ንሶም ከመኻንዩ
ዝመሩ "ናብዙይ ከይዳ ኣላ ጽባሕ ክትመጽእ እያ" ገለ
በሉዎ ። ልቡ እኳ ኣይዓረፈን ። ኣደይ እንተትህሉዶ ምእታወይ
እናሰምዔት ናብ ካልእ ከይዳ እናበለ እውን ልቡ ነጊሩዎ ክበኪ
ዝመረ ። ኣቦኡ ኽዓ ምስኡ ተተኃኒዞም ጭጭ በሉ ። ኣጻዕዲ
ዮም ሞተን ነገሩዎ ፤ ኣብቱ ኣጋ ዓዱ ክኣትወሉ ጊዜ ከምዝሞታ

ሰሚው እውን ኃዘኑ መስፈርቲ ዘይብሉ ኾነ ። መዓንጣ ኽብዱ እና
ተጅርጸ ድጎሪ ነዊሕ ቦኽዩን ኣስቈርቍሩን ከምዙይ በለ፤

ርጉቕ ሃገሮ ከይደ ፤ ምእንቲ ዘይዓደይ
ክልተ ዓመት ኣብኪየ ፤ ክቡራት ወለደይ
ካልእ ከይተርፈኒስ ፤ ቀቲለያ ነደይ
ገፈፍ ክብል መጺኤ ፤ እኔኹ ጥራይ ኢደይ
ይርገሙኒ ኩሎም ፤ ሰባተይ ኣዝማደይ ።

ኣይ መግቢ ስኢነ ፤ ኣይ ጠሊ ሃሪፈ
ኣይ ክዳን ዓሪቀ ዝባነይ ተገፊፈ
ጸው ቢለ ዓበድኩ ፤ መሬተይ ጊፈ
እኔኹ ተመለስኩ ፤ ብኽንቱ ሃፈፈ
ይርገመኒ ኹሉ ፤ ዝተዋህቦ ኣፈ ።
ሃብተ ጸጋ ፤ ኣምላክ ዘይከልኣኒ
ኣብዙ ኹሉስ ፤ እንታይ ሰደደኒ
ብኣይዶ ሞትኪ ፤ ኣደይ ምዓረኒ
ጠሊመኪ ፤ ሠይጣን ኣስሒቱኒ
መርገም ቃልኪ ፤ ኣሜን ይብጻሓኒ
ብዘይ ኣካል ፤ ብዘይ ዓይነ ስኒ
ባኺነ ኪተርፍ ፤ ከምዛ ግኒ
ካብኡ ዝዓቢ እኳ እሞ ፤ ምተገብኣኒ
መርገምክስ ኣይፋል ፤ ቶሎ ድኣ ይብጻሓኒ
ደጊም ይትረፍ ፤ ጥርቡሽን ትዕቂትን
ደጊም ይትረፈኒ ፤ ጣልያንን ህውከትን
እንካብ ዓደይ ወለደይ ፤ ዘበለኒ ብትን

ኣብ መወዳእታኡንከ እቱ ሰሰቡ ዝረኽበ ወወሰኑ ጒዙ ግልል
ምስ በለ ፤ እቱ ህውከት እናዘኃለ ኽደ። እናዘኃለ ኽደ ዶ? ኣበይ።
ወዮም ሰበም ዝስኣኑ እቶም ሰበም ሞይቶም ሰሚዖም እሞ ከይቀ
በጹ ጸኒሑም ባዕላቶም ምስቶም ብጾቶምን በጠሎኒኣምን ክደልዩ
ዎም እሞ ፤ ሻው ክቐብጹ ቢሎም መጺኡም ዝነበሩ ብኽያትን ኣው
ያትን ልቕሰን ዝመሩ ። ኃዘኖም እውን መጸናንዒ ዘይብሉ ኽነ
ከመይሲ ደቆምን ሰበምን ስኢኖም ፤ ንሱ ጥራይ እውን ኣይከነን
ሬሳታቶም እኳ ኣይረኽቡን ፤ ኣብ ዕመቕ ባሕሪ ዓሣ በሊውዎ ይኽ
ውን ፤ ወይ ኣብ ብረኻ ቐለብ ራውያታትን ፤ ጊደ ኣዝብእን ከይኑ
ይኽውን ፤ ዝብል ሓሳብ እናሓሰቡ እውን ጸላኢና ይርኣዮ ዝበኽ
ዩዎ ዝነበሩ ።

እዙ "ሰቲሞ,, ክውድኡ ጊዜ እሞ ፤ እቶም ዝተረፉ ኣትዮ
ምስ ሰብ ክቕበሎም ምስ ከደ ኣብ ዓይነይ ዝገጠመኒ ትርኢት ፤
እኳ ኣይርስዓንን ። ሓንቲ ኣምሓረተይቲ እያ ፤ ካብ ዓዳ ካብ ንየው
ምስ ሓደ ኃዋ ተሰዲዳ ናብ ኣሥመራ መጺኣ ፤ ክልቲኣም ጥራይ
ድኣ ይመስለኒ ካልእ ሰብ ኣይነበሮምን ። ደኃርንከ ወዮ ኃዋ ገዲ
ፉዋ ተዓስኪሩ ኣብ ትሩቡሊ ኣዕራብ ቀቲሎሞ ። ወረ ቀደም ድኣ
ሰሚዓ ይመስለኒ ። ኩሉ ነፍሳ ካብ እግራ ክሳብ ርእሳ ኃዘን ጥራይ
የልዕል ነበረ ፤ ጸጉሪ ርእሳ ሰዲዳቶ ፤ ኣዕይንታ ብብኽያት ኣንኰሊሉ
መዓጕርታ ብንብዓት ተተሊሙ ፤ ገጻ ብምምላጥ ማዲዩ ፤ ጨርቃም
ክዳውንቲ ተኽዲና ፤ ኣብ ርእስኡ ሓደ ኣረጊት መንጠሊና ናይ ኃዋ
ዝተረፉ ዋርሳ ገቢራ መጸት ። እታ በቡር እንክትኣቱ ቀስ ቢሳ
ጢኒን ትብል ነበረት ፤ ደኃር እቶም ዓስከር ምስ ወረዱ ፤ ኃዋ ብሽ
ሙ ክትጽውዖ ዝመረት ። ኩሉ ሰሰቡ ጒዙ ክኽይድ ምስ ነቐለ

ንየው ይበል፤ ጠበንጃን ጥይትን
ንዮ-በል ክታበት፤ ናይ ጣልያን ሽመትን ።

አብ ዓድኻ ምጽባይ፤ ንሞትን ሕይወትን ። — እናበ
ድጎሪ አልቂሱን በኽዮን ተመሊሱ ርፍቲያ ሃቡኒ ቢሉ ተረፈተ እ
አብ ዓዱ ተቐመጠ ። አቦኡ ድጎርቱይ ነዊኅ አይጸንሑን ። ካብ ኵ
ንከ ናይ አዲኡ ሞት ሥቓይ ከይኑዎ ነበረ ።

። ። ። ። ። ። ።

ጐበዝ ከደ ጋር ነፍሲ ከእቱ
አቦ በልዔን እንቐዓ ሽሚቱ
መልሓስና እምበር ሕሊናናስ ምይቱ ።

ብሓቂ ሕሊናናስ ሞይቱ እዩ ። አይ ስለ መንግሥትኻ ኽይ
እሞ ሞያን ክብረትን ኪተርፈካ ማዕረ ሰብ ተቈጸርካ አፍካ መሊ
ካ ሓሳበት ልብኻ ክትዛረቡ ። እንታይ ድኣ፤ ክትፈርሀን ወትሩ ሽቐ
ጥቕጥ ክትብልን፤ አብ ቅድሚ እዞም ፀዓዱ ከመ ኢምንት ተ
ጸርካ፤ ሽመት ተሸምካ አይትጎፈረሉ ቆቡዕ መሊስካ አይትኽ
ረሉ፤ ብዕድመ ሽምጊልካ ቅሩብ ዘይርጎርጉልካ፤ ከምዙ ካብ ካል
ፍጥረት እንስሳ ዝተፈጠርካ እምበር ከማታዶም ካብ አዳም ዝበ
በልካ ዘይመስሎም ።

ንሕና እንተኾነስ ካባታዶም ንገድድ፤ ከምዙ አማልኽቲ እ
በር ከም ካልእ ዘይንቈጽሮም፤ ከመይ ንሳቶም እንተወቐዑናን እ
ተዋረዱናን ብዙኅ ዘይስምዓና ። ወዮ ወዲ ሓበሻ ንናይ ብጻዩ ን
ንቲ ጸርፍን ንሓንቲ ማህረምትን ክንዶይ ነገርን ህውከትን፤ ካሕሳ
ሒነ ደምን ዝደልየሉ ዝነበረስ ሎሚ ጣልያን እንተዋረድዎን እ

ተዘበጡዎን ሱቕ ይብል፤ ኤረ ገለ አቶምስ ከም ናይ ፍቅሪ ይምሰ
ላቶም ። ሕሊናና ሞይቱ እንድዩ ። ጣልያን ደቅያት ከኣ ካልእ ኃሊ
ፋዎምስ ከምዙ ጽንጽያ ዝቀትሉ ብሠረገላአም እንክኸዱ አብ ፊት
መንገዶም ጸሊም እንተገጠሞም ሓንሳእ ደው ምበል ጸጊሙዎም
ንሰባት ረጋጊጸም ይኃልፉ ።

አብ ርእሲ እዙይ ከኣ ብጎልፊ ምድሪ ተበአሰና፤ እንተዘራእናዮ
ንሃጉን ነንበጣን ክነ ። "ዝዘራእናዮን እንተሓረረ፤ ዝተኸልናዮን
እንተተሰብረ፤ ዝወለድናዮን ባሕሪ እንተሰገረ፤ አንታ ንሕና እንታ
ይሞ ንግበረ„ ቢሉም ሓደ ጎፋር ሽማግለ አልቀሱ ። ናይ ናብራና
ነገር አየደቅስን፤ መመሊሱ እውን ንያትካን ሕሊናኻን የዕርብ ።
እዙ ኵሉ ረኺብናን፤ በዙ ዅሉ ተጠቒዕናን ከኣ ናብቱ ንኸዶ ስኢና
ኹሊልና ኹሊልና አብታ ዕስክርናን አብታ ሸቕሊ ከንና፤ ጣል
ያን ከኣ ከምዝደለየ ይገብረና አሎ፤ ከመይ ዝፈርሃልና ዘይቢሉ
ኸይኑ ። "ዋና ዘይቢሉ ዋና ዘይቢሉ፤ ዋና ዘይቢሉ ሓበሻየ ከምኡ
እንድኣሉ„ ሕሊናና ሞይቱ እዩ ። ግን ንኡ ዘልዕል ዘመን
የምጽአልና ።

ሓድ ሓደ ሥርዋጻት ።

እንካብ ማሕላ "ፓንቲዳ„ (ናይ በርሽ ድርሰት ።) ዝተጠቕሰ ሓድ ሓደ ቓላት ።

ቀደም ተማሒሉ ። ዝተማሕለ ነገር ኣይጥለምን ፤ ማሕ
ካብ ኩሉ ዝዓቢ ማእሰርቲ እዩ ፤ ኣቦይዝጊ እኳ ብርእሱ ይ
ሕል ፤ ሰብ ከኣ ብስም ኣቦይዝጊ ምስ ዝምሕል ዳርጋ ኣቦይዝጊ ይ
ስል ፤ ማሕላ ከኣ ኩሉ ከምዝፈልጦ ወይ ወንጌል ከይጠቃዕካ ወ
ስም ኣቦይዝጊ ከይጸዋዕካ ኣይግበርን ። ማሕላ ዝጠልም ከስ ባዕ
ኩነኔኡ ይኃሪ ። ከመይ ንኣምላኽ ይኽሕድ ፤ ንኣምላኽ ዝኽሕድ ከ
ካብኡ ክርኅቕ ግዲ እዩ ፤ ካብ ኣቦይዝጊ ዝረኃቀ ናብ ሲይጣን እ
በር ናብ ካልእ ኣይኣቱን ። ክልተ በይነን እየን መንገዲ ሰብ ።

ተኣኪቦም ፤ ካብ ደጉዓ ካብ ቄላ ካብ ኩሉ ስፍራ ። ካልኣ
ከኣ ልዑላትን ሽዩማትን (እምባ) ሓረስቶትን መግልገልትን (ቄ
ሓደ ከይኖም መሓሉ ። ካብ ኩሉ ዝበልጽ የማናይ እዩ ፤ እንክተ
ሕል ከስ ብየማናይካ ትትኃኃዝ ።

ኣብ ሓንቲ ሰዓበር ተጠሚሮም ። ማእሰርቲ ሓደ ይገ
ብማሕላ ተኣሲሮም ሓደ ከይኖም ጥሙራት እዮም ፤ ነዞ ማእሰር
እዙይ ከኣ ሓደ ዝርኢ ምልክት የድልዮ እዩ (ሰንደቅ ዕላማ) እ
ምልክት እዙይ ከኣ ናይቱ ድላዮም ገላጺ እዩ ድላዮም ከኣ ን

ክቐትሉ እዩ እምበር ። እዙ ጓና እዙይ ብደሙ ሰንደቕ ዓላማኣም ክቐብኣ እዩ ።

መበለት ኣብ ዝሓረረ ዑናኣ ። ኣየ ፤ ከምዙይ ዘደንግጽ ትር
ኢት የልቦን ፤ ኣብ ገዛኻ ኩሉ ጥሪትካ ኣሎካ ፤ እኽልኻ ገንዘብካ
ከዳንካ ፤ ገዛኻ ድጎሪ ሓረረ ኸስ ኩሉ ጠፊኡ እዩ ። ንኩሉ ጭንቂ
ገዛ እዩ ዝሰትሮ ፤ ገዛ ዘይብሉ ግን ኩሉ ሽጋሩ ይገሃድ ። ከም
ጥራዩ ዝወጸ ሰብ ይኸውን ። እታ ድኻ ማእምን ኣብቱ ዝሓረረ
ቤታ ሓመኵስቲ ለቢሳ ብዘይካ ኣውያት ክልተ ዓይና እናውሓ
ዦት መሪር ኃዘና ከተውጽእ እያ ። ከመይ ገበለ እዩ ። ተንሚኣ
"እንታይ ከይነ እየ ኣነስ ኣቦዶ የቢለይን ኃዊዶ የቢለይን ሰብኣይዶ
የቢለይን ወዲ ዶ የቢለይን ። እዞም ናብዙይ መጺኦም ዝዘምቱኒ
ዘለዉስ ዘይከማይ ኣንስቲ ዝወለዳኣም እዮም ፤ ኣነስ ኣየዕበኹን ዶ
ኣይወለድኩን ዶ„ ትብል ። ግርም እዩ ኣንስቲ ከምዙይ ቢለን ምስ
ዝለዓላ ። (ኣብ ሒነ ክነ ኣብ ውግእ ክነ ኣንስቲ ኣዦኻ እንቲብላ
ሰብኣይ መልሲ የቢሉን ።)

ወዲ መን ኢኻ ቢልካ ጠይቕካዮ ኣቦኡ ዘይነግረካ ሰብ ኣብ
ምድርኻ ርስቱ ከምዝኾነ ደቂሱሉ ዓይሙሉ ምርኣይ ወይ ኃዘን
ወይ ጓሂ ። ንሱስ ዓዲ ዶ የቢሉን ። ኣምላክ ሕያዋይ ኣቦ ንኩሉ
ዘዝኣክለሙ ሂቡዎ ፤ ናይ ካልእ ዝዝርፍ ርጉም እዩ ፣ ከመይ ኣቦይዝጊ
ንገሠርዖ ፈንጢሑ ንኣምላክ ይጸላእ ፤ ክዝርፎ ሱቕ ዝብል ግን
ካብኡ ሽሕ ጊዜ ይርገም ፤ ከመይሲ ሕይወትካ ንምንባር መናበሪ
የድሊ ፤ መናበሪኡ ዘጥፍእ ነብራኡ የጥፍእ ፣ ነብራኡ ዘጥፍእ ነፍሱ
ይቐትል ፤ ነፍስኻ ምቕታል ካብ ኩሉ ዝኸፍእ ኃጢኣት እዩ ፤
ምእንትዙይ ርጉም ትበሀል ። ኩሉ ሥርዓት ብኃይሊ ተቓወመሉ ።

ዝሀር ወዲቹ ፤ ካብ ሕጊ ዝጠራጠር ። "ፈራሀ አይሞተ ተ
አይሞተ ፤ ላንጋ ላንጋ ሞተ„ ይበሃል ። ቀደም ከም ሕራይ ም
ሉ ወዲኡዎ ደኃር ብግብሪ ምስ ኮነ ዝጠራጠር ማሕላኡ ከ
ርስ ዝደለ እዩ ፤ እዙይንከ ከዳሚ ማለት እዩ ።„ ዘይገብሩ ይናገሩ

ፈደሪከ ። ? ይምሰል ፤ ሰብ እዩ ከማኹም ። ጻዕዳ ቢልካ ንሰ
አይትፍርሃዮ ፤ ቁርበቱ ናይ ዝጸዕደወ ከማኻ ፍጡር እዩ ። ኢትፍር
ለሰብኡ ሶበ ይፀወዱ ፤ ወሶበ ያበዝኑ ጎይለ ቃሉ ።

ኣሽሓት እዮም ። . . . . ካባኻ ነይበዝኑ ፤ አደታትና ወላዳ
እየን ፤ ካብ ባዕዳን ነይሓምቃ ።

ቅልጽም ኣሎካ ፤ ካብ ናቶም እኳ ይነጥፍ ።

ዝተበደልካ ዝመሰልካ ሎሚ ተዘክሮ ። ምዝካር ምርሳዕ ዙ
ጽቡቕ እዩ በለ ሓደ ግሪክ ። እቲ ምንታይ ጸርፊን ክትርስዕ ፤ ጸ
ቕ ነገርን ክትዝክር ። እዙይ ጽቡቕ ባህሊ ፤ ሕጊ ግን ስብእ
ኬሥርሕ ዚደሊ ምዝካር እዩ ። ንዝደለዩዋ ነጻነት አይትኣብዮ
ጽጉም እዩ መገዳ ፤ ብርቱዕ እዩ ዓቕባ ፤ ኣብ ላዕሊ ምስ ደየ
ግን ጥዑም እዩ ኣየራ ፤ ወልወላ ዘራእታ ማያ ሰማያ ። ዓቕብ ከ
ኣብ እግሩ በጥ ቢሉ ንዝዓይም ዘይውጻእ ነገር እዩ ፤ ምርሃ
የድሊ እምበር ድላይ አይኣክልን ።

ዓይን ቤዛ ዓይን ፤ ስን ቤዛ ስን ። ናይ ጐይታና ትእዛዝ ወ
ክፍጸም ዝከኣል አይኮነን ። ፍቕሪ ወንጌል እዙይ እንተዘይፈቕደ
እኳ ፤ ርትዒ ይፈቕደልካ እዩ ።

ድ ር ሳ ን ዓ ደ ቦ ።

ኣምላክ ዝኃረያ ዓለማት ክፈጥር
ኢትዮጵያ ተሰምየት ብዘይካ ጥርጥር
መንግሥቲ ሰብ ካብዙይ ናብዙይ እንክነጥር
ኣግዓዚት ኣይበለትን ፤ ናብ ገለ ቅብጥርጥር ።
ኣብ መጽሓፍ ፍጥረት ፤ ቀዲማ ተሰምየት
ኢትዮጵያ ተብሂላ ፤ ካብ ካልእ ተፈልየት
ጊዮን ከቢቡዋ ፤ ብጎልፌ ተለልየት
ካብ ዘመን ናብ ዘመን ወሲኻ ተወርየት ።
ናብ ርእሲ ካልእ ሰብ ፤ ግፍዒ ዝዓጠቕ ፤
ናብ ዘይዓዶም ከይዶም ፤ ድኻ ዘንጠቕጠቕ
ካብ ዝነበሩዎ ግርማ ፤ ናብ ታሕቲ ወደቕ
ኣግዓዚት ግን ቆመት ፤ ወትሩ ብጽቡቕ ።
ዘይናታ ነይደለየት ፤ ካልእ ኣይገንሠት ፤
ንምድሪ እማታ ፡ ደፊራ ኣይጠሓሰት
ብመገዲ ዓመጽ ፤ ዘይናታ ኣይኰለሰት
ምእንትዚ ነበረት ፡ እኳ ከይተገሠት ።
ሮማዊ ፕትሮንዮስ ፡ ምሳኡ ፈተነ
ከም ካልእ መሲሉዎ ፤ ብገርሂ እትግነ
ንግብጺ ጥሒሱ ፤ መጸ እናዛወነ
ኣብ መወዳእታ ግን ፤ በቕዳ ተበተነ ።
ግብጻውያን ብዓቕሞም ፤ ኣልቦ ዝነሓሱ ፤
ብኖብያ ኣቢሎም ፤ ክሳብ ገዳርፉ

ሐሰቡ ኪኣትውዎ ፤ ንሰሚናይ አፉ
ኢትዮጵያዊ ረኣዮም ፤ አውደቐም ጠሊፉ
ሓሳበም አብ ባዳ ፤ ምስ ነፍሶም ገደፉ ።
ትርሑ ተላዕለ ፤ ብሰንኪ ባሕርነጋሚ ፤
ብኽድዓት ይሁዳ ፤ ንዓዱ አግሓሚ
ናብ ምጽዋዕ መጸሞ ፤ ኪውዕል ኬምሲ
ክብ ንጉሥ መለክ ሰገድ ፤ ረኽበ መላሲ ።
ምስሪ መጹ ፤ ዓጢቆም ሰራሩ
ብአጽዋር ኤውሮጳ ፤ ኣጊዶም አጕረሩ
አይጠቐሞምን ደኣ ፤ አብ መረብ ተሳዕሩ
ተዋሪዶም ከዱ ፤ እናንደኃርኃሩ ።
ብቐዳማይ ህዳም ፤ ስለ ዝኃፈሩ
እንደገና መጹ ፤ ደልዲሎም ብሡሩ
ወዲ ንጉሦም ኂዘም ዕርድታት ሰፈሩ ፣
በዝብዝ እንኪመጸም ፤ ሃደሙ በረሩ ፤
አብዝኖአም ግና ፤ አብ ሓመስ ተቐብሩ ።
ጣልያን ከኣ መጸ ፤ ብዓቢይ እምነቱ
መድፍው አጽዋሩ ፣ ስሒቡ ጐተቱ
ጌና ዘየሰንበዱዎ ፤ ተዳዕሊ ዝሞቱ
ናብ ደጉዓ'ሞ መጸ ፤ ሰሊፉ ኵናቱ
ዓድዋ ተቐበለቶ ፤ ኅልቂት ናይ ሕይወቱ ።
ኣላትኒ ሃገር ፤ ንዚኣ ትመስል
ብወቕዒ ጸላኢ ፤ እኳ ዘይትቐስል
ብኃይሊ አጽዋራ ፤ ጠጢቕ እተብስል

ንነፋሚአ ዝበለ ፣ እኳ ዘይተሰልስል ።

* * *

ዓቢይ እምባ ሰሚን ፤ ይነውኖም ነርእስታ
ተከዘን አባይን ፤ ዓበይቲ መስኖታታ
በሕረ-ጸና ብሩር ፤ ዕንቋ ሽልማታ
ባሕረ-አፍሪቃ ምሉእ ፤ ዕጣቕ ደረታ ።

አብ ጐልጐል አብ ጨረር ፤ አብ ጎቦ አብ ሕሉማት
አባኺ ዚርክብ ፤ ናይ ኪለው ለምለማት
ኢትዮጵያ ዓደየ ፤ ናይ ዓለም ሽልማት
ንስኺ ዕጫየ ፤ ክብ ኵሎም ዓለማት ።

ምስዙ ኵሉ ተፈጥሮይ ግና ፤
በጽዋር ወዲ ጓና አነ ተቐጥቂጠ
እቲ ዓቢይ ግርማኺ ፤ አነ ተቐንጢጠ
ካባኺ ተፈልየ ፤ ሽም'ውን ለዊጠ
እናበር አለሓኹ ፤ ፈሪሄ አንቀጥቂጠ ።

ብናይ አምላኽ ሕጊ ፤ ዘይግደፍ ሥርዓትይ
ካባኺ ተፈልየ ፤ ዓበይ ወላዲተይ
ትርእዩ እሞ'ሎኺ ፤ ብኽያተይ ንብዓተይ
ናባኺ ክምለስ ከም ቀደም ፍጥረተይ ።
ንስኺ እተዕቑብኒ ፤ አብ ኵሉ ጸገመይ
ንስኺ ጽንዓተይ ፤ አብ ኵሉ ሕማመይ
ኪፍለ'ሞ አይክእልን ፤ 'ቱ ደምኪ ክብ ደመይ
አበይዝኺ ይፍለዮ ፣ ን'ቱ ለዋጥ ሽመይ ።

ካባኺ ተፈልየ ፤ ማዕዶኺ ሰፈረ
ልበይ ኪደልየኪ ፤ ብፍቕሪ ሓረረ
ብሥጋ እንተሰኣንኩ ፤ ናባኺ ሰጊረ
ሕሊናይስ ወትሩ ፤ ናባኺ ይውርወረ ።
ወግሔ ጸብሔ ስምኪ ፤ እንተ ዘይጸዊዔ
ብዚከኣለኺ ፤ እንተዘይ ኣልሚዔ
ንኣኺ ዓባይ ኣደይ ፤ እንተድኣ ረሲዔ
ይርገመኒ ኵሉ ፤ እዙ ነገር ዝሰምዔ ።
ኦ ኣምላኽ ብባሕርይኻ ፤ ግፍዒ ዘይትፈቱ
ንዝተዓመጸ ሰብ ፤ ንስኻ ድጎነቱ
ርኂቑ ንዘሎ ፤ ካብ ሕዑር ወላዲቱ
ምለስ በይዘኻ ፥ ናብ ቀደም ሥርዓቱ ።

ካ ብ ት ራ ጀ ዲ ቴ ም ድ ሮ ስ ።

ኮ ሮ ስ ፩ያ ።

ኦ ሥላሴ ቅድስት ንዓለም እትገዝኡ
በብዝግብኦ እውን ንሃገራት እትሠርዑ
ብሓንቲ መስታኽም ንዓለም እተጽንዑ
ብልኡኽ ኪሩቤል ንቓልኩም እተስምዑ
እግዚኦ መሓሩና በገዞትኩም ንዑ ።
ርድኡና ስምዑና በገዞትኩም ምጹና
እንካብ ጓና ኣድጎንዋ ንዝ ጠብያና
ዘኽበረትኩም ወትሩ እንካብ ጥንቲ ምኂና
ኣይተሰልጥኑውን ኣብየት እንካብ ዘይወገና
እምብርምብርንኪ ብፃዕዳ ብጓና
ክትግዘእ ክትርገጽ እዛ ኣግዚኣት ሃገርና ።

ወ ተ ሃ ደ ራ ት ።

ምኞታል ምሥጋር በይኑ ደስ ኣየበሎን
ንኞድሚት ድኣ ጠሓሰ ከም ንፋስን ኣውሎን ።
ሞት ጥራሕ የናዲ ነበረ ሞት ጀጋኑ
ምእንቲ ዓደቦኣም ነፍሶም ዚምንኑ ።
ኪሓልፍ እንከሎ ከም ሓደ ሃልሃልታ
ከም ሓደ ፈረስ ዝሰምዔ ናይ ውግእ እምብልታ ።
የማነ ጸጋም ሰሊዑ እንከውድቆም
ኵሎም ጠመቱሉ ኣዕይንቶም ኣድቂቆም ።
ኵላቶም ጠበንጣኦም ናባኡ ተኽሉሉ
ኵላቶም ተመነዩ ንኣኡ ክቑትሉ
ኵላቶም ጠያይቲ ከማይ ኣፍሰሱሉ
ንብሪየ ወደቑ ፤ ኣብሪል ኢትዮጵያ ቢሉ ።

ኮ ሮ ስ ፪ይ ።

ብብዙኅ ኣገባብራ እዩ ወዲ ሰብ ዚውረ
ወይ ክኽውን የድልዮ ጸላእቱ ዝሰበረ
ምሥራቅ ምዕራብ ሰሜን ደቡብ እናዘረ
ብዙኃት እንተመለኽ ኣእላፋት ሃገረ ።

ወይ ብጽቡቕ ምኽሪ ዓዱ እንተ አሰልጠነ
ወይ ምእንቲ ታሪኹ እንተ አብ መጽሓፍ ማህመነ
ናይ ኮኾብ ናይ ወርኂ ዙረት እናመዘነ
ንሰብ እንተምሃረውን ፍላስፋ አከዋነ
ወይ ብሓዳፉ አብ ደብሪ እንተድኣ መነነ ፤
ብንስሓኡ ብጸሎቱ ንዓዱ እንተድኃነ
ናብ እግዚአብሔር ናብ ማርያም ክንዲ ተማኅጸነ ።
ከምዙይ ዝመሰለ ግን ዕጹብ አገባብራ
ንቀደም ዘዋረደካ ይቕረ አባህላ
ንኡ ዘበቅዕ ምስጋና የቢሉን አብዙ ዓለም ክላ ።

(ቴዎድሮስ ንበይኑ ።)

እኄኹ ኽስ ሕዱስ ፤ ንበይነይ ተረፍኩ
እንኩ ደጊምስ ፤ ሥራሔይ ፈጺመ
ምእንቲ ዓደይ ቢለ ፤ ብዝኽእሎ ደኺመ
ብዙ ነገር እዙይውን ፤ ሕሊናይ አዕረፍኩ ።
ሊባኖስ ወደይሲ ፤ አበይ ኮን ትህሉ
ድሓን ኩን ወደይ ፤ አብ ዘሎኻዮ አሊኻ
አቦይዝጊ ባዕሉ ፤ የጽልልካ ብኃይሉ
ዝሓይሸ ዕጫ የሃብካ ፤ እንካብ ናይ አቦኻ ።
እኄኹልኪ ሃገረየ ፤ ብዙኅ ደኺመልኪ
ኢትዮጵያ አደየ ፤ ብዙኅ ጽዒረልኪ
ብቐደም ዝገበርኩዎ ፤ እንተድኣ አኅዘንኩኺ
መወዳእታ ይቕረታይ ፤ ይልምን ንኣኺ (ይስዓማ)

አብ ውግእ ኽመውት ፤ ምእንታኺ ደልየ
ብደመይ ሓጺበኪ ፤ ክኽሕስ በደለይ
ንአቦይዝጊውን ፤ ክንደይ ሳዕ ጸልየ
ብኹለንትናይ ፤ ዝከአለኒ ኃይለይ ፤
አቦይዝጊ ነዙይ ፤ ዘይብቑዕ ርእዩኒ
ንጸሎተይ ምስማዕ ፤ ቀኒሕ ማለት አብዩኒ ።
እኄኹ ሕዱ ደጊም ፤ አ ኢትዮጵያ አደይ
ኩለንትናይ ናትኪ እየ ፤ ንኣኺ እወሃብ
እንተሞትኩውን ፤ አብዙ መሬት ዓደይ
ልበይውን ይብለኒ አሎ ፤ ንሕይወትካ ሃብ-ሃብ
ንኣኺ ደስ አብል ፤ ንርእሰይ አዓርፍ
አዕጽምተይ ተቐቢሩ ፤ አብ ሚደቦይ ይተርፍ ።
ቀደም ዘሰፈኹዎ ፤ ኩሉ ነገራተይ
ምስኡ መወዳእታ ፤ ፍቕረይ ተቐበሊ ኩሉ
በጺሑ እዩ ደጊም ፤ ዕረፍቲ ሕይወተይ
ምእንቲ ነጻነትኪ ፤ ሕይወተይ ዝህበሉ ።
ሰላም እብለኪ ፤ ዘለዓለም ኢትዮጵያ
ንቕሩብ ጊዜ አዕይንተይ ፤ ንኣኺ ኽርእያ
ከም አዕይንቲ ቈልዓ ፤ ንአዲኡ ዝደልያ
ቀበሕባሕ ይብላ አለዋ ፤ ናብ ዝኾነ ዙርያ ።
ድኃን ኩኒ ዓደየ ፤ ኢትዮጵያ ክብርቲ
ብኹሉ ዝኽበረት ፤ አብ ዓለም ስብሕቲ
ወትሩ ዝዓምበት ፤ እኳ ዘይዕርቕቲ
ንሰ ንበይና ፣ አብ ዓለማት ሓንቲ ፤

ቅጭ ቢላ ዝነበረት ፤ እንካብ ዘለዓለም ጥንቲ
አብ እግሪ ወዲ ጓና ፤ እኳ ዘይትሕቲ
ሰላም ንኣኺ አ ኢትዮጵያ ቅድስቲ ።
ድኃን ኩኒ ፤ ንአይ ዘክርኒ
ንኣኺ ኽድጎን ፤ ዝተንሣእኩ
ምኽሪ ግብጻዊ ፤ እኳ እንተሰወረኒ
መወዳእታ ሥርዓተይ ፤ እኳ ዘይረሣዕኩ ።
አ ኹሉ ዝከኣለካ ፤ አብ ሰማይ እትነብር
ብሓደ ወስታኻውን ፤ ንዓለም እትገብር
እግዚኣብሔር አምላኽ ፤ ዘለዓለማዊ
መዝመርያ ወይ ደኃር ፤ ዘይቢልካ ጥንታዊ ፤
ንሃገረይ አባኻ ፤ አማጎጽና አሎኹ
አምላኽ አበታተይ ፣ ቢላ ንትሰምየካ
አብ ኢድካ አቑሚጠውን ፤ ጎድሪ እህበካ አሎኹ
ብምሸት ብምጉሓት ፤ እተኽብር ንስምካ ።
አነ ገብርኻ ፤ እቱ ትሑት ባርያኻ
ካብ መገዲ ሓቂ እኳ ፤ ቐደም እንተተአለኽ
ሕገር እሰናዶ ፤ እመጽእ ናባኻ
ክንዲ ሃገረይውን ፤ መሥዋዕቲ አቕርብ አሎኹ ፤
ኩሉ ቑጥዓታትካ ፤ ናብ ርእሰይ አጎልፎ
ምእንቲ ዓደይ ቢሉ ፤ ኩለንትናኡ ንዝውፎ
ንቴዎድሮስ ገብርኻ ፤ ብሰላም አዕርፎ ።
ንስኺንከ አ ሽጉጠይ ፤ መወዳእታ ብጸይተይ
አብ ጸገመይ እትረድኒ ፤ አ ርኅርኅቲ ኃውተይ

እንካብ ባርነት እተድኅንኒ ፤ እምንቲ ሓጋዚተይ
ንዒ ቕረቢ ውዲ ፤ ንዒ እንካብ ቅናተይ
መወዳእታ ጊዜ ፤ ኽጸቕጣኺ አጻብዕተይ ።
አ አምላኽይ አብ ኢድካ ንነፍሰይ አማጎጽና
ብዓቢይ ምሕረትካ ፤ በዕልኻ አድኅና
ባዕላ እትመጽእ ዘላ ፤ ተኹኒና ፤ ትሓታ
ትእመን እውን አላ ፤ ናይ ቀደም ስሕተታ
በዙ መሥዋዕቲ እዙይ ፤ ትልምነካ ይቕረታ ።
ንስኺ ኽዓ ሃገረየ ፤ አባኺ ዝተወለድኩ
ንአቦይዝጊ ምፍታው ፤ ንምኽባሩ ዝለመድኩ
መወዳእታ እስትንፋሰይ ፤ ንስኺ ተቐበሊ
ተቐቢልኪውን ፤ ንአዕጽምተይ አንቢሪ . . .
እንተ ንስኻንከ ፤ አ ጓና ጸላኢ
ክንድዙይ ጫውጫው እትብል ፤ ከም ሓደ ሳዕሳዒ
ርኤ ፤ ኢትዮጵያዊ ንጉሥ ፤ እንድኅሪ ስሒቱ
ርኤ ፤ ከመይ ቢሉ ኽምዝጸንሓካ ብስብእነት . . . ሞይቱ ።

(እዙይ ምስ በለ መጋረዣ ብኡ ብኡ ይዝርጋሕ ።)